# መእተዊ፡-

ብመሰረት ሓፈሻዊ ትምህርትን ስልጠናን ፖሊሲ ሃገርና ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይ ሳይክል ክወሃቡ ካብ ዝግበኦም ዓይነት ትምህርትታት ሓደ ኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን እዩ፡፡ እዚ መፅሓፍ 3ይ ክፍሊ ኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን መምርሒ ንመምህር ብፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዳይሬክቶሬት ምድላው ስርዓት ትምህርቲ ተመሓይሹ ዝፀደቐ መርሃ ግብሪ መሰረት ብምግባር ዝተዳለወ እዩ። እዚ ትምህርቲ ናብ ተግባር ዘድሀበ ኪነ-ጥበባዊ ትምህርቲ ብምዃኑ ምስ ተግባር ኣወሃሂድካ ንምቕራብ ተፈቲኑ ኣሎ። ዓይነታት ትምህርቲ ሙዚቃ፣ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ከምዝደለኻዮ ብወነንካ መሪፅካ ዝዋደዱ ዘይኾኑስ ብዘለዎም ሓበራዊ ባህርን ምቅርራብን ዝዋሃሃዱ እዮም።

ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ ዘለዉ ተምሃሮ ብኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን ትምህርቲ ኣቢሎም ዝረኽብዎ ትምህርቲ ከባቢኦም ክስተውዕሉ፣ ንጥዕነኦም ካብ ዝፃባእ ነገራት ክሕልዉ፣ ባህላዊ መግለፅታቶም ተረዲኦም ክንከባኸቡ ከምኡ'ዉን ተግባራት ክፍልታት ሰውነቶም ክፈልዩ ይሕግዞም።

ነዚ መፅሓፍ ንምስትምሃር ብኣጠቓላሊ ኣብ ዓመት 136 ክፍለ ግዘ ተመዲብሉ ኣሎ። እቲ ትምህርቲ ብኣብዝሓ ተግባራዊ ትምህርቲ ብምዃኑ ከም ኩነታት ትሕዝቶ ስፍሓትን ዕምቆትን ሕድሕድ ምዕራፍ፣ ዓብይ ርእስን ንኡስ ርእስን፤ እኹል ክፍለ ግዘ ተመዲቡ ኣሎ።

እዚ መፅሓፍ ኣርባዕተ ምዕራፋት ኣለዎ። ንሳቶም እዉን፡-

- ምዕራፍ ሓደ፡- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት፤
- ምዕራፍ ክልተ፡- ባህልን ሓድግን፤
- ምዕራፍ ሰለስተ፡- ጥንቓቐን ድሕንነት፤
- ምዕራፍ ኣርባዕተ፡- ተግባር ክፍልታት ሰውነትን እዮም።

ኣብ ሕድ ሕድ ምዕራፍ መእተዊ፣ ካብቲ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፣ ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዝን፣ ኣግባብ ኣመሃህራን ዝተኻተቱ እንትኾኑ ኣብ ሕድ ሕድ ርእሲ እቲ ምዕራፍ ድማ ንኡስ ርእሲ፣ ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፣ ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዝን፣ መነቓቕሒ፣ ሓበሬታ ንመምህር፣ ኣገባብ ኣመሃህራን ኣገባብ ገምጋም፣ ኣብ መወዳእታ እቲ ምዕራፍ ድማ መጠቓለሊ ምዕራፍን ሕቶታትን ተኻቲቶም እዮም።

ስለዚ መምህር ኣብ ሕድ ሕድ ምዕራፋትን ንኡስ ርእስታትን ዘለው ቁምነገራት ኣቐዲምካ ብምርዳእን ብምምላእን ናይ ባዕሉ ፈጠራ ብምውሳኽን ግልፅን ጭቡጥን ገይሩ ከምህር ትፅቢት ይግበር፡፡ ብፍላይ ድማ ዝተሓበሩ መምሃሪ ሓገዛት ብቐሊሉ ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡን ምስ ከባቢ ጭቡጥ ዝኾነ ናውቲ ኣጠዓዒምካ ብምምሕያሽ ምጥቃም ኣገዳሲ እዩ፡፡

ኣብ ሓደ ርእሲ ትምህርቲ ክወሃሃዱ ዝኽእሉ ትምህርቲ ኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን ብምውህሃድ፣ ብኽፋል ክወሃሃዱ ዝኽእሉ ብኽፋል ብምውህሃድ ከምኡ'ውን ክወሃሃዱ ዘይኽእሉ ከም ባህሪኦም ንምቕራብ ተፈቲኑ ኣሎ፡፡

## ሓፈሻዊ ዕላማታት ትምህርቲ ኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን 3ይ ክፍሊ፡-

### ተምሃሮ እዚ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ብምግንዛብ ኣድላይ ክንክን ይገብሩ፤ ኣብ ጥቕሚ የውዕሉ፤
- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑ ብሂር ብሂረሰባት ይግንዘቡ፤ ኣፀዋውተኦም ይፈልጡ፤

- ኣብ ፀወታታት ብምስታፍ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣውን ስነ-ልቦናውን ዕብየት የርእዩ፤
- ባህልን፣ ሓድግታትን ብምግንዛብ፣ ኣድላይ ሓለዋ ይገብሩ፤
- ዕርየት ውልቀን ከባብን ብምፍላጥን ብምሕላውን ናይ ባዕሎምን ሕብረተሰብን ጥዕና ይሕልዉ፤
- ምክልኻል ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስን ድሕንነት መንገዲ ትራፊክን ይትግብሩ፤
- ኣብ መዝሙር፣ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ተግባራት ምንቅስቓሳት ወዘተ ብምስታፍ መሰረታዊ ክእለታት የዕብዩ፤
- ኣብ ስራሕቲ ውልቀ፣ ዕምዲን ጉጅለን ብምስታፍ ልምዲ ዕቡቕ ስነ-ምግባር፣ ዓርሰ እምነት፣ ምስ ካልኦት ተሓባቢሮም ምስራሕን ሕጊ ምኽባርን የዕብዩ።

## ዝርዝር ዕላማታት፦

ተምሃሮ ሕድ ሕድ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ክፈልጥዎም፣ ክግንዝብዎም ወይ ክትግብርዎም ትፅቢት ዝግበር ነገር ዘመልኽት እዩ። በዚ መሰረት ኣብ ሕድሕደ ንኡስ ርእሲ ትፅቢት ዝግበረሎም ደረጃ ብቕዓት ተገሊፆም ኣለዉ፡፡

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

ትምህርቲ ግልፅን ጭቡጥን ንምግባር ብሕድ ሕድ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ዘድልዩ መሳርሕታት ወይ እታወታትን መምሃሪ ሓገዛትን የጠቓልል።

## መነቓቕሒ፦

ኣብ ሕድ ሕድ መዓልቲ ምስቲ ዕለታዊ ትምህርቲ ተኣሳሲሮም ዝቐርቡ መነቓቕሒ ሓገዝቲ ተግባራት ወይ መራሕቲ ተግባራት፣ ናብ ቀንዲ ትምህርቲ ዝወስዱ ተግባራትን ፍልጠታትን እዮም። መነቓቕሒ ምንቅስቓሳት፣ ፍልጠት፣ ልምድን ተሞክሮን መሰረት ዝገበሩን ንተምሃሮ ከም መነቓቕሒ /ከም መልዓሊ/ ዝዳለዉ ትሕዝቶታት እዮም።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ብመምህር ብዛዕባ ዝቐርብ ትሕዝቶ ትምህርቲ እኹል መብራህርሂ ዝወሃበሉን ሓፂር ክልስ ሓሳብ እቲ ትምህርቲ ዝመሓላለፈሉን ኽፋል እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

ኣገባብ ኣመሃህራ እዚ መፅሓፍ ኣብዝሓ ክፋል ዝሓዘ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ሕድሕድ ርእሲ ካብ ዝፈልጥዎም ናብ ዘይፈልጥዎም ፍልጠት፣ ክእለትን ኣመለኻኽታን፣ ዝወስዱ ተግባራት ምንቅስቓስ ዝፍፀመሉ ከይዲ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጭቡጥ ፀገማት ህይወት በብደረጅኡ መፍትሒ ንምሃብ ወይ ምድላይ ክእለት ከዕብዩ ዝሕግዝ ከይዲ ምስትምሃር ዝካየደሉ ክፋል እዩ።

## ኣገባብ ገምጋም፦

ተምሃሮ ሕድ ሕድ ዓብዪ ርእሲን ንኡስ ርእሲን ትምህርቲ ምስተምሃሩ ክጭብጥዎም ተባሂሎም ዝተቐመጡ ዕላማታት ወይ ኣዕጋቢ ብርኪ ክእለትን ግንዛበን ብትኽክል ዝተጨበጡ ምዃኖም ዝረጋገፀሉ ክፋል እዩ። ነዚ'ውን ብዝተፈላለዩ ቴክኒካዊ ኣገባብ ገምጋማት ንኣብነት ምልከታ፣ ብቃልን ፅሑፍን ሕቶታት፣ ብፕሮጀክት ስራሕ ወዘተ ዝመሳሰሉ መሳርሕታት ክትትልን ገምጋምን ብምጥቃም እዩ።

# ምዕራፍ ሓደ

# ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት

## ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ሓፈሻዊ ክፍለ ግዘ፦ 41

## መእተዊ፦

ወድሰብ ብተፈጥሮ ምስ ከባቢ ዝጠበቐ ርክብ ኣለዎ። ከባቢ ህይወት ዘለዎምን ህይወት ዘይብሎምን ነገራት ዝነብርሉ እዩ። ተምሃሮ ኣብ 1ይ ክፍሊ ኣብ ከባቢና ዝብል ምዕራፍ ኣብ ገዛ ዝርከቡ ህይወት ዘለዎም ነገራት ኣብ 2ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ጎረባብቲ ዝርከቡ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝብሉ ተማሂሮም ነይሮም።

ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ ድማ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ብዝበለፀ ፍልጠቶም ዘዕብዩሉ እዩ። ከባቢ ተምሃሮ ብዙሕ ቁምነገራት ዝረኽብሉን ዝግንዘብሉን እዩ።

ኣብዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ኣብ ጣብያኦም ዝርከቡ ተግባራት ሰብ ሙያ ከምኡ'ዉን ጥቕሚ ተኽልታት ዕባቐ መዝሙርን ምስ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ምዝማሮም፣ ኣምሲሎም ምስርሖምን፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብምምሃር ፍልጠቶም፣ ክዕለቶምን ኣመለኻኽቶኦምን የዕብዩሉ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

## ካብዚ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፦

### ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦

- ዝተፈላለዩ ሙያታት ንዓድን ንህዝብን ጠቐምቲ ምዃኖም ተገንዚቦም ንሙያ ዘድሊ ግቡእ ክብሪ ይህቡ፤
- ስራሕቲ ሰብሙያ ተገንዚቦም ስራሕቲ ሰብ ሙያ ኣምሲሎም ይሰርሑን፣ መዝሙራት ይዝምሩን፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝረከቡ ተኽልታት ሕብሪ፣ ቅርፂ፣ መጠን፣ ረብሓኦም፣ ወዘተ ተገንዚቦም ግቡእ ጥንቃቐን ክንክንን ይገብሩ፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝረከቡ ነገራት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ቀለልቲ መሳርሒታት ብምድላው ከባቢኦም ኣብ ጥቕሚ ናይ ምውዓል ልምዲ ብተግባር የርእዩ፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ዘለዎም ግንዛበ ብንድፌ /ብስእሊ/ ልኽያ ሕብርን ንምግላፅ ዘኽእል መሰረታዊ ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ሓገዝቲ መፅሓፍትን ፖስተራትን
- ምስ እቲ ርእሲ ዝራኸቡ ግጥምታት
- መዝሙራት
- ወግዒ፤ ድራማ
- ቃለ-መሕትት
- ስእልታት
- ቴፕን ካሴትን
- ኣስተምህሮ ዝህቡ ሰብ ሙያ
- ብመዝሙር ዝተዳለዉ ምንቅስቃሳት
- ዝተፈላለዩ ተኽልታት
- ዝተፈላለዩ ሕብርታት
- ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓመድ
- ገመዳት፤ ክንቲት ደርሆ
- ሓምሓም
- ካብ ቆርቆሮ ዝተሰርሐ መኽደን ዘለዎ ኣረጊት ኣቕሓ
- ፊትሊ ጫማ
- ጣውላታትን ቀጠንቲ ዕንፀይትን

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

ብመምህር ዝቖርብ ርእሲ ትምህርቲ ግልፅን ጭቡጥን ንምግባር ዝተፈላለዩ ኣገባብ ኣመሃህራ ብምጥቃም ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ምግባር የድሊ። በዚ መሰረት ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ዝስዕቡ ኣብነታት ኣገባባት /ሜላታት/ ኣመሃህራ ምጥቃም ይካኣል፦

- ምይይጥ
- ሕቶን መልስን
- ኣምሰሊካ ምስራሕ
- ግጥሚ
- ዕዮ ገዛን ክፍልን
- ሰረኻ ምርኣይ፣ ወዘተ እዮም።

# 1.1. ኣብ ጣብያ ዝርከቡ ሰብሙያ

ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 10

## 1.1.1. ተግባራት ሰብሙያ

ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ኣብ ጣብዮኦም ዝርከቡ ሰብሙያ ይዝርዝሩ፡፤
- እንታይነትን ኣድላይነትን ሰብሙያ ይገልፁ፤
- ካብ 5-7 ዝኾኑ ኣቑሑ ውፅኢት ሰብሙያ ይዝርዝሩ፤
- ንሰብ ሙያ ክብሪ ይሀቡ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- እንታይነትን ኣድላይነትን ማዕርነት ሰብሙያ ዝገልፁ ሓገዝቲ መፃሕፍቲ፣
- ስእልታትን ፖስተራትን፣
- ተግባራት ሰብሙያ ዝገልፁ ግጥምን ዜማን፣
- መረዳእታ /ዳታ/፡፡

## መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ኣብ ጉጅለታት ብምውዳብ ውፅኢት ስራሕ ሰብሙያ ዝኾኑ ንኣብነት ቀዳማይ ጉጅለ ውፅኢት ስራሕ ሃናፂ፣ ካልኣይ ጉጅለ ውፅኢት ስራሕ ኣላሚ፣ ሳልሳይ ጉጅለ ውፅኢት ስራሕ ሰራሒ ሸክላ ወዘተ ክዝርዝሩ ምግባር፡፡ ብምቕፃል ውፅኢት ስራሕ እዞም ሰብ ሙያ ካብ ምንታይ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑን ዝህብዎ ጥቕምን ክገልፁ ምግባር፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ፍልጠትን ክእለትን ውልቀ ተፈጥሮ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ መጋየፅታት ኣቁሑ ገዛ ፣ ዓለባታት ከም ኩታን ጋቢን፣ መንድቕ ገዛ፣ ማሕረሻ፣ ስራሕቲ ሸኽላ ንኣብነት ከም ዕትሮ፣ ሻሻት፡ ሞጎጎ፣ ፃሕሊ፣ ወዘተ

ዝሰርሖ ሰብሙ·ያ ይባሃሉ። ስለዚ ሃናፂ፣ ነዳፂ፣ ኣላሚ፣ ሰራሒ ሸኽላ፣ ወዘተ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ሰብሙ·ያ እዮም።

ሰብሙ·ያ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቀለልቲ ኣቁሑ ብምጥቃም ኣብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ዝዉዕሉ ኣቁሑ ዘፍርዩ ኣካል ሕብረተሰብ እዮም። እዞም ሰብሙ·ያ ህብረተሰብ ኣብ ዕለታዊ መነባብርኡ ዝጥቀመሎም ናዉቲ ዘፍርዩን ንባዕሎም እቶት፣ ንቤተሰቦምን ንሕብረተሰብን ዝህብዎ ግልጋሎት ዝልዓለ እዩ።

ሰብሙ·ያ ዝተፈላለዩ ነገራት ንፍርያት ዝጥቀምዎም ቀለልቲ ኣቁሑን ሜላ ምፍራይን፣ ዘፍርይዎ ፍርያትን ወዘተ. ዝተፈላለየ እኳ እንተኾነ ኩሎም ኣብቲ ሕብረተሰብ ተደለይቲ ስለ ዝኾኑ ሓደ ካብቲ ሓደ ኣናኢስካ ዝረእዩ ኣይኮኑን። ሰብሙ·ያ ማዕረ ምኾኖምን ሓዲኡ ዝለዓለ እቲ ኻልእ ዝተሓተ ዘይምኾኖም ኹሎም ኣብቲ ሕብረተሰብ ማዕረ ክብሪ ከምዘለዎም ተምሃሮ ክግንዘቡን ከኽብርዎምን ይግባእ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ስድራ ቤቶም ሓዊሶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ኣብ ምንታይ ማዕልታዊ ስራሕ ከምዝተዋፈሩ ክዝርዝሩ ዕዮ ክፍሊ ምሃብ፣
- ተምሃሮ ዝዘርዘርዎም መዓልታዊ ስራሕ ንክፍሊ ተምሃሮ ሓደ ብሓደ ከቕርቡ ምግባርን ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ሙ·ያታት ብሓደ ምምዳብ፣
- ናይ እዞም ሰባት ስራሕ ንሕብረተሰብ ዝህቦ ረብሓ ብጉጅለ ክመያየጡ ምግባርን ብጉጅለ ተመያይጦም ዝበፅሕዎ ሓሳብ ንክፍሊ ተምሃሮ ሓደ ብሓደ ከቕርቡ ምግባርን፣
- እንታይነትን ኣድላይነትን ሰብሙ·ያ ብባዕሎም ኣገላልፃ ክገልፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ፣
- ዝተዋሃበ ዕዮ ገዛ ምእራም፣
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምክፍፋልን ዝተፈላለዩ ሰብሙ·ያ ብምዉሳድን ሰብሙ·ያ ብዘፍረይዎ ፍርያትን ዝህብዎ ግልጋሎትን ሓደሙ·ያ ምስ ካልእ ብምንፅፃር ይበልፅ ወይ ድማ ኣይበልፅን ከምኡ'ዉን ሰብሙ·ያ ዘለዎም ፍልልይ፣ ርክብን ማዕርነትን መሰረት ገይሮም ክመያየጡ ኩነታት ምምችቻውን ክመያየጡን ክካትዑን ምግባርን፣
- ክትዕ ተምሃሮ ብምድማዕ እቲ ትምህርቲ ከምዝስዕብ ምጥንኻር፡፡

ሓደ ጉጅለ ምስቲ ካልእ ጉጅለ ብዝሓሸ ኹነታት ተኸራኺሩ ዘብል እቲ ጉጅለ ስርዓት ምይይጥ ሓልዩን መእመኒ ነጥቢ ኣቕሪቡን እንተተረኺቡ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ዝተውሃቦ ርእሰ ጉዳይ እኹል መእመኒ ነጥቢ ዘቕረበ ጉጅለ ኣብቲ ክትዕ ዝስዓረ ይኸዉን። ከምኡ'ዉን ሓደ ብዓልሙ·ያ ምስ ካልእ ብዓልሙ·ያ እንትነፃፀር ዝህቦ ግልጋሎት ዝተፈለየ ዋላ'ኳ እንተኾነ ኽልቲኦም ሰብሙ·ያ ካብቲ ዝዋሃብ ግልጋሎት ብሓዲኡ ኾነ ብኻልእ መንገዲ ተጠቃምን ከም ሙ·ያ ስለዝደጋገፉን ሓዲኡ ብዓልሙ·ያ ካብቲ ካልእ ብዓልሙ·ያ ኣይበልፅን ወይ ድማ ኣይንእስን፡፡ ስለዚ ኹሎም ሰብሙ·ያ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎም ተቐባልነት ማዕረ እዩ ብምባል እቲ ትምህርቲ ምጥቕላል የድሊ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ ጣብያኦም ዝርከቡ ሰብሙ·ያ ምዝርዛር ምኽኣሎም ንምርግጋፅ ዕዮ ገዛ ብምሃብን ብምእራምን ምርግጋፅ፣
- እንታይነትን ኣድላይነትን ሰብሙ·ያ ምግላፅ ምኽኣሎም ንምፍላጥ ብሕቶ ምርግጋፅ፣
- ኣብ ዝተወሃቦም ዕዮ ገዛ ዘቐመጥዎ ኣገላልፃን ንምግላፅ ብዝገበርዎ ተሳትፎን ምርግጋፅ።

## 1.1.2 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ብዛዕባ ሰብሙያ ዝተዳለው መዝሙራት ግጥምን ዜማን ዘኪሮም ምስ ምንቅስቓስ ይዝምሩ፤
- ሰብሙያ ንሕብረተሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት ይዝርዝሩ፤
- ሰብሙያ ንሕብረተሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት የድንቁ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ረብሓ ሰብሙያን ዝህብዎ ግልጋሎትን ዝገልፁ መዝሙራት፤ሲዲን ቴፕ ሪከርደርን፡፡

### መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ብዛዕባ ሰብሙያ ዝተዘመረ መዝሙር ዘኪሮም ምስ ምንቅስቓስ ክዝምሩ ምግባር፤

### መዝሙር፡- ሙያና

ሙያ ክቡር እዩ ንኹሉ ወድሰብ
ዕብየትን ምዕባለን ብልምዓት ይርከብ
ንዋፈር ናብ ሙያ ብስምዒት ፍቕሪ
ብቕልጡፍ ክንዕወት ታሪኽ ክነዓሪ፡፡/2/
ንዋፈር ጠንኪርና ብመንፈስ ሓድነት
ናብራና ቐኒዑ ክንረክብ ማዕርነት
ክምዕብል ሙያና ክፍታሕ ፀገምና
ኣንጊህና ንበገስ ኣይነብኩር ስራሕና፡፡ /2/

### ሓበሬታ ንመምህር፦

- ብዛዕባ ተግባራት ሰብሙያ ዝገልፁ ፅሑፋት ብምእላሽ ከምመበገሲ ነዚ ትምህርቲ ምጥቃም የድሊ።
- ንድፍን ልኽያ ሕብርን መሰረታዊ መግለፂ ስነ-ጥበብ ብምኻኖም ኣብ ስራሕቲ ስእሊ ክፍለጡ ዘለዎም ጥበባት እዮም። ንድፊ ብሕንፃፃት ኣቢልካ ዝተዳለው ምስሊ ዝሰርሕሉ እዩ። ንድፊ ካብ ነጥቢ ጀሚሩ ሕንፃፃት ብዝተፈላለዩ ኣንፈትን መጠንን እናሰመሩ ብምትሕሓዝ ዝተፈላለዩ ነገራት ምስራሕ እዩ። ንድፊ ብባዕሉ ጥራሕ ሓደ ናይ ስእሊ መግለፅ መንገዲ እዩ። ብኣጠቓላሊ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ርክብ ዘለዎም መግለፂ ስነ-ጥበብ እዮም።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ኣብ ተግባር፤ ኣድላይነትን ማዕርነትን ሰብ ሙያ ዝተመስረቱ ግጥምታት ምድላዉን ነቲ ግጥሚ ተምሃሮ ብሓባር ብምኽን ዜማ ብምዉፃእን ብምዕናዕን ክዝምሩ ምግባር፤



ስእሊ.1.1 ንድፊ ጠረጴዛ



ስእሊ. 1.2 ንድፊ ገዛ

- ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ብመሰረት ዝርኣይዎን ዝርድእዎን ውፅኢት ስራሕ ብዓልሙያ ሓፂነ መፂንን ጣውላን ዝኾኑ ንድፊ ጠረጴዛን ወንበርን ኣዳሊዮም ክመፁ ፕሮጀክት ስራሕ ምሃብ፣
- መምህር ብተምሃሮ ዝተሰርሑ ንድፍታት ዕዮ ጉጅለ እናዘሩ ብምርኣይ ንድፊ ካብ ቀሊል ናብ ክቢድ (ካብ ዓብይ ናብ ንዕሽተይ ኣካላት) ክሰርሑ ሓሳብ ምሃብን ሓገዝ ምግባርን፣
- ኣሰራርሓ ንድፊ ብኣግባቡ እንተኽኢሎም ቀፂሉ ብዛዕባ ልኽያ ሕብሪ ዝፈልጥዎ ክገልፁ ዕድል ምሃብ፣
- ቅድም ክብል ዝተማሃርዎ ብምዝካር ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ከመይ ምስራሕ ከምዝከኣልን ርክብ ዘለዎም ምኽኑን  ክገልፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ ካብ ዝሃብዎ መልሲ ብምብጋስ ቅድም ኢሎም ዘዳለውዎ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብምዝኽኻር ኣሰራርሑ ኣብ ታሕቲ ብዘሎ ስእሊ ኣገባብ ምኽኑ ብምርኣይ ልኽያ ሕብሪ እንትኸውን ድማ  ምድማቕ ከምዘለዎምሰ ምግንዛብ፣



ስእሊ.1.3 ውፅኢት ስራሕቲ ሰብሙያ

- ኣብ ጣብዮኦም ዝርከቡ ውፅኢት ስራሕ ዝኾኑ ምስሊ ብንድፊ  ክሰርሑ ምግባር፣ ክሰርሑ እንተለዉ ቅድም ክብል ብዝተረድእዎን  ብዝሰርሕዎን ኣነዳድፋ መሰረት ክኸዉን ከምዘለዎ ምግንዛብ፣
- ንድፊ ዝተፈላለዩ ናውቲ ክሰርሑ ብምግባር እናተኸታተልካ ሓገዝ ምግባር፣ እቲ ዝጀመርዎ ነገር ምትብባዕን ሓገዝ ምግባርን።
- ዝሓሹ ስራሕቲ ኩሎም ተምሃሮ ክርእይዎ ብምግባር ዝበለፀ ዕቡቕ ስራሕ ምስራሕ ክኽእሉ ብዉልቀም  ክለማመዱ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፣
- ብውልቅን ብጉጅለን ብምኽን ካብ 2-3 ዝኾኑ ውፅኢት ስራሕ ሰብ ሙያ ብንድፍን

ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባርን ነዚ ስራሕ ዘድልዩ ናውቲ፦

- ✓ ንንድፍን ልኽያ ሕብሪን ዘድልዩ መሳርሒታት ከም እርሳስ፣ ሕብሪ፣ መደምሰስ፣ ብሩሽ ወዘተ ምጥቃም፡፡
- ብሰብ ሙያ ካብ ዝስርሑ ኣቑሑ ዝሰርሕዎም ንድፍታት ኣቐዲሞም ኣድሚቖም ከይስእልዎም ትኽክል ምኳኖም ምስ ኣረጋገፁ ጥራሕ ምድማቕ ከምዘለዎም ክርድኡ ምግባር፡፡

*መነቓቕሒ፦*

ምስሊ ኣዲኦም ወይ ናይ ኣብኦም ብባዕሎም ሜላ ኣሰራርሓ ንድፊ ነዲፎም ሕብሪ ንክለኽዩ ምግባር። ናይ ኣዲኦም ማእገር ፅብብ ዝበለን ኣብ መቐመጢ ከባቢ ድማ ስፍሕ ዝበለ ምኾኑ ከምኡ'ዉን ናይ ኣቦኦም ኣብ ማእገር ከባቢ ስፍሕ ዝበለን ኣብ መቐመጢ ከባቢ ድማ ፅብብ ዝበለ ክኸዉን ከምዘለዎ ምርዳእ።

*ኣገባብ ገምጋም፦*

- ብዛዕባ እንታይነትን ጥቕምን ንድፊ ዝተምሃርዎ ብምዝካር ክገልፁ ምሕታት፤
- ብጉጅለ ኮይኖም ኣሰራርሓ ንድፊ ተመያይጦም ብተወከልቶም ኣቢሎም ከቕርቡ ምግባር፤
- ካብ ዘቕረብዎ ገለፃ ጥቕሚ ንድፊ ብምብጋስ ብፍላይ ብዛዕባ ርብሕኡ ዝቐረበ ሓሳብ ብኣግባቡ ብምጥንኻር ግንዛበ ከዕብዩ ኣጠናኺርካ ክርድኡ ምግባር፤
- ተምሃሮ ብዛዕባ ሰብሙያ ዝግባእ ግንዛበ ስለ ዝረኸቡ ውፅኢት ስራሕ ሰብ ሙያ ክዝርዝሩ ምግባር። ንሕብረተሰብ ዝህብዎ ጥቕሚ ክገልፁ ምግባር።

## 1.1.3 ወግዒ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ብዛዕባ ሰብሙያ ስራሕን ማዕርነትን ብወግኢ ይገልፁ፤
- ክእለት ዘረባ የዕብዩ፤

*ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦*

- ብዛዕባ ወግዒ ዝገልፁ መፃሕፍቲ፤
- ብወግዒ ዝግለፁ ኣባሃህላታት፤

*መነቓቕሒ፦*

ብዛዕባ ሰብሙያ ዝተዳለወ መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፤

*ሓበሬታ ንመምህር፦*

ወግኢ ማለት ክልተን ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት ሓደ ርእሲ ጉዳይ ኣልዒሎም ዝገብርዎ ልውውጥ ሓሳብ እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ኣድላይነትን ማዕርነትን ሰብሙ.ያ ዝገልፁ መዝሙራትን ግጥምታትን ዜማታትን ዘኪሮም ክዝምሩ ምግባር፤
- ኣርባዕተ ተምሃሮ ብምምራፅ ቀጺሉ ዘሎ ናይ ፅሑፍ ወግዒ መሰረት ብምግባር ክፃወቱ ኩነታት ምምችቻዉ፤

## ወግዒ፦

ፀሓይ፣ ዳዊት፣ መሓመድን ትብለፅን ሓቢሮም እናዉጉዑ እንተለው፦

ፀሓይ፦ ኣቦይ ሃናዒ እዩ ፡፡ ስለዝኾነ ወንበር፣ ጠረጴዛን፣ መደርደሪ መፅሓፍን ዝመሳሰሉን ይሰርሕ።


ዳዊት፦ ናትኪ ኣቦ ሃናዒ እዩ፤ ናተይ ኣቦ ድማ ንወድሰብ ብጣዕሚ ኣድላይ ዝኾነ ክዳን ከም ነፀላ፣ ኩታ፣ ጋቢ፣ ዙርያን ዝመሳሰሉ ዝሰርሕ ኣላሚ እዩ፡፡ ስለዚ ካብ ሃናዒ ይበልፅ።

ፀሓይ፦ ካብ ኣላሚ ይበልፅ እዩ ትብል? ንስኻ ትነብር እኮ ኣቦይ ብዝሰርሖ ገዛ እዩ፡፡ ኣቦይ ዝሰርሖ ጠረዛዴ ፤ ዓራትን ወንበር ድማ ትጥቀም፡፡


ዳዊት፦ ኣቦይ ዓለባታት እንተዘይሰሪሑ ኣቦኺ እንታይ ተኸዲኑ ክሰርሕ ነይሩ፤ ስለዝኾነ ምህላው ኣላሚ ግድን እዩ።

መሓመድ፦ ኣብዚ ጉዳይ ክልቴኹም እንተዘይተፃላእኹም እዩ ዝሕይሽ፡፡ ካብ ናይ ክልቴኹም ወለዲ ሰብ ሙ.ያ ካልኦት ሰብ ሙ.ያ እውን ኣለዉ እዮም፡፡ ሕድሕድ ሰብሙ.ያ ሓዲኡ ብሓዲኡ ዘፍርዮ ፍርያት ከም እትዋወት ይጥቀሙ እዮም፡፡ ስለዚ ሓዲኡ ንሓዲኡ ኣድላይን ጠቓምን እዩ።

ትብለፅ፦እወ መሓመድ ከምዝበሎ ዝተፈላለዩ ሰብሙ.ያ ኣለው፡፡ ንኣብነት፦ ኢ.ደ-ጥበብ (ሰራሒ መጋየፅታት)፣ ሰራሒ ሽክላ፣ ሰራሒ ቡንባ ወዘተ ምጥቃስ ይካኣል። እዞም ሰብሙ.ያ ብቐጥታ ኾነ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ሓዲኡ ንሓዲኡ ይጠቕሙ እዮም። ናይ ሓዲኡ በዓል ሙ.ያ ፍርያት ንቲኻልእ ብዓል ሙ.ያ ይጠቅም፤










*ስእሊ 1.4 ዝተፈላለዩ ሰብሙ.ያታት*

- ተምሃሮ ኣብ ጉጅለታት ተወዲቦም ካብ 2-3 ዝኾኑ ውፅኢት ስራሕ ሰብ ሙ.ያ ብንድፊ ብዝመሰሎም መልክዕ ሰሪሖም ከቕርቡ ዕዮ ገዛ ምሃብ፤
- ሕድ ሕድ ጉጅለ ዝሰርሕዎ ስራሕትን ኣሰራርሖን ንናይ ክፍሊ ተምሃሮ ከቕርቡ ምግባር፤

- ዝሐሸ ስራሕ ምምራፅን ዝሐሸ ስራሕ ዝሰርሑ ጉጅለ ብኸመይ ከምዝሰርሑ ልምዶም ንኻልኦት ጉጅለ ከካፍሉን ምግባር፤
- ብመሰረት ዝተረኸበ ልምድን ተሞኩሮን ውፅኢት ስራሕ ናይ ካልኦት ሰብ ሙያታት ንድፊ ብምንጻፍን ንቲ ንድፊ ብሕብርታት ብምምልኻፅን ንውድድር ከቕርቡ ምግባር፡፡



ስእሊ.1.5 ንድፊ ልኽያ ዓለባታት



ስእሊ 1.6 ዓለባታት ብሕብሪ

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብዛዕባ ሰብሙያ ዝገልፁ መዝሙራት ምስ ምንቅስቃስ ምዝማር ምኽኣሎም ብምልከታን ብምድማፅን ምርግጋፅ፤
- ካልኦት ብዛዕባ እንታይነት፤ ኣድላይነትን ተግባራትን ሰብሙያ ዝገልፁ ብካሴት ዝተቀድሑ መዝሙራት ምድላዉን እቶም መዝሙራት ብምድማፅ ክዝምሩ ምግባር።
- ቅድም ኢሎም ዝቐረቡ መዝሙራት ምንቅስቃሳት ብምዉሳኽ ከም ፍጥነት እቲ መዝሙሩ እናዘመሩ ምንቅስቃሳት ክሰርሑ ምግባር።
- ብዝሓሸ መንገዲ ዝስርሑ ወይ ድማ ኣምሲልካ ዝስርሑ ስራሕቲ መሪፆም ከርእዩ ብምግባር ንዝሐሸ ስራሕቲ ክለዓዓሉ ኩነታት ምምችቻው፤
- ውፅኢት ስራሕቲ ካልኦት ሰብሙያ ዝኾኑ መሪፆም፣ ንድፊ ነዲፎምን ብሕብሪ ለኽዮምን ክመፁ ብምግባር ክእለት ንድፊን ልኽያ ሕብሪን ከዕብዩ ዕዮ ገዛ ብምሃብ እቲ ዝሰርሕዎ በቲ ዝድለ ኣገባብ ምዃኑ ምዕዛ።
- ምስሊ ውፅኢት ስራሕ ሰብ ሙያ ብንድፍን ልኽያ ሕብሪ ሰሪሖም ከርእዩ ምኽኣሎም ርኢኻ ምርግጋፅ፤
- ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ዘለዎም ርክብ ምግላፅ ምኽኣሎም ብፅሑፍ ሕቶታት ምርግጋፅ፡፡

# 1.2 ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ተኽልታት

### ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 11

## 1.2.1 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ተኽልታት ብሕብሮም፣ ብዝህብዎ ጥቕሚ ይፈልዩ፤
- ተኽልታት ከመይ ምሕብሓብ ከምዘለዎም የረድኡ፤
- ጥቕምን ምክንኻንን ተኽልታት ዝምልከቱ መዝሙራት፣ ግጥምታትን ዜማታትን ብምዝካር ብሓባር ይዝምሩ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ብዛዕባ ጥቕምን ፅባቐን ተኽልታት ዝገልፁ ደገፍቲ መፃሕፍቲ፤
- ምስ እዚ ርእሲ ትምህርቲ ርክብ ዘለዎም ስእልታት፤
- ቴፕ ሪከርደርን ሲዲን፡፡

## መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ካብ ክፍሎም ወፃኢ ኮይኖም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተኽልታት ክሪኡ ምግባር፤
- ተኽልታት ብሓይሊ ንፋስ ዝንቀሳቀሱ ወይ ዘይንቀሳቐሱ ምዄኖም ምሕታት፣ ዝንቀሳቐሱ እንተኾይኖም ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ሽምጢ ንሽምጢ፤ ኢድ ንኢድ ወዘተ ብምትሕሓዝ ከም ተኽልታት ካብ ፀጋም ናብ የማን ወዘተ ክንቀሳቀሱ ምግባር፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ኣብ ከባቢኦም ዝተፈላለዩ ኣግራባት ኣለዉ፡፡ ንኣብነት ፅጌረዳ፣ ቀላሚጦስ፣ ዓውሒ፣ ኣውሊዕ፣ ዓጋም፣ ሳግላ፣ ጥቁር በርበረ፣ ሽባኻ፣ ወዘተ ክህልው ይኽእሉ።

ተኽልታት ዝተፈላለየ ጥቕሚ ኣለዎም፣ ካብ ተኽልታት ብዙሓት ዝተፈላለዩ ነገራት ይስርሑ። ተኽልታት መንበሪ እንስሳት ዘገዳም እዮም። ተኽልታት ንከባቢና ፅባቐ ተፈጥሮ ዝህቡ እዮም፡፡ ስለዚ ኣግራባት መስሕብ ቱሪስት ኮይኖም የገልግሉ። ተምሃሮ ተኽልታት ዘለዎን ዘይብሉን ከባቢ ኣወዳዲሮም ፍልልዮም ክገልፁን ጥቕሚ ተኽልታት ኀሊሁ ክወፅእን ምግባር ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ተኽልታት ብበዝሒ ናብ ዝርከብሉ ከባቢ ብምውሳድ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ተኽልታት ከስተውዕሉ ምግባር፤
- ናይቶም ተኽልታት ዓይነት፣ በዝሒ፣ ቅርፂ ቀፅሎም፣ ሕብሮም ወዘተ ዝምልከቱ ሕቶታት ብምልዓል ክፈልዩን ክነፃፅሩን ግዘ ምሃብ፤
- ኣድላይነትን ጥቕምን ተኽልታት ብመሰረት ዝተረድእዎ ግጥምታት ኣዳልዮምን ዜማ ደሪሶምን መዝሙር ኣዳልዮም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ፣
- ሕድ ሕድ ተምሃሮ ዝፈተንዎ መዝሙር ብምድናኽ ብውልቀ ዝሰርሕዎ ስራሕቲ ናብ ጉጅለ ብምምፃእን በብጉጅልኦ ብምውዳብ ግጥምታት ኣዳልዮምን ዜማ ደሪሶምን መዝሙር ኣዳልዮም በብጉጅሎሎ ከቕርቡ እኹል ግዘ ምሃብ፣
- ጉጅለታት ብዘቕረብኦ መሰረት ዝሐሹ ስራሕቲ ብምምራፅ ኩሎም ናይ ክፍሊ ተምሃሮ ክለማመዱ እኹል ግዘ ምሃብ፣
- ተምሃሮ ብውልቀ ኾነ ብጉጅለ ዘቕርብዎ ስራሕቲ ብምድናቕ ቀፂሉ ድማ ንዝቐረበ ግጥሚ ዜማ ብሓበራ ብምውፃእ ክዝምሩ ምግባር፡፡እዙይ ድማ ብመጀመርታ ኣዝማች ድሕሪኡ ግጥምታት ሓደ ብሓደ ብምልምማድ ይኸውን።

## መዝሙር፡- ተፈጥሮ ከባቢ

ፍጥረታት ከባቢና ክነብሩ ብህይወት
ምግቦም ይእልሹ ይረኽቡ ካብ እፅዋት
ፀቢቑ ክዓቢ ፍረ ክህብ ተኽሊ
ካብ ወገን ወድሰብ ክንክን የድሊ፡፡

ተፈጥሮ ከባቢና ብዕምቆት እንተሪእና
ቅዉም ነገር ንረክብ ፍልጠት ዝኾነና
ኩሉ እንተርኢና እንስሳትን ተኽልን
ሓደ ብዘይ ሓደ ክነብር ኣይኽእልን፡፡ /2/

- ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ብብቕዓት ምዝማር እንተኽኢሎም ብድሕሪኡ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ክዝምሩ ምግባር። ኩነታት ምንቅስቃሶም ድማ ቦትኦም ሒዞም ምኻድ፣ ምስጓም፣ ምጉያይ ወዘተ ይኸውን፤
- ብዛዕባ ተኽልታት ብካሴት ዝተዳለወ መዝሙር ምድማፅን መዝሙራት ምስ ምንቅስቓስ ክዝምሩን ምግባር፤
- ቀንዲ ቀንዲ መለክዕታት መዝሙር ክገልፁ ምግባር፤
- ካብ ክፍሊ ወፂኦም ኣብ ሜዳ ዝረኣይዎም ተኽልታት ኣብ ወረቐት ንድፊ ክሰርሑ ምግባር፤
- ኣምሲሎም ዝነደፍዎም ቆፅልታት ስእሊ ናይቶም ተኽልታት ዝተፈላለዩ ሕብርታት ብምልኻይ ከፀብቐ ሓገዝ ምግባር፤ ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ ንድፊ ቆፅልን ሕብሪ ዝተለኸየ ቆፅልን ከም ኣብነት ዝውሰደ እዩ፡፡


ስእሊ.1.7 ንድፊ ቆፅሊ


ስእሊ.1.8 ሕብሪ ዝተለኸየ ንድፊ ቆፅሊ

- እዚ ትምህርቲ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ንድፊ ተኽልታት ብምድላው ብሕብሪ ንምልኻይ ዝሓሸ ስራሕ ሒዞም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብን ምእራምን፤

## ኣገባብ ገምጋም፡-

ብዛዕባ ተኽልታት ዝገልፁ መዝሙራት ምስ ምንቅስቓሶም ምዝማር ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

## 1.2.2 ምንቅስቓስ ተኽልታት ኣምሲሎም ምስራሕ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ምንቅስቓስ ተኽልታት ኣምሲሎም ይሰርሑ፤
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሕኡ ይገልፁ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ፎቶ ግራፋት፣ ስእልታት፣ ፖስተራት፣
- ንንድፍን ልኽያ ሕብሪን ዘድልዩ መሳርሕታት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ካብ ክፍሊ ብምውፃእ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ተኽልታት ብንድፊ ኣምሲሎም ክሰርሑ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ኣምሲሎም ምስራሕ ማለት ሓደ ዝተወሃበ ነገር እናርኣዩ ኣብ ወረቐት ምንጻፍ እዩ፡፡ንኣብነት ስእሊ፣ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ ወዘተ እናረኣዩ ኣምሲሎም ምስራሕ ወይ ድማ ምግልባጥ ማለት እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብሪ ቅድም ኢሉ ስለዝተምሃሩ ዝተወሰነ ግንዛበ ረኺቦም እዮም። ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ድማ ብዛዕባ ኣምሲልካ ምስራሕ ይማሃሩ፤ ስለዚ ካብ ልምድን ፍልጠትን ተምሃሮ ብምብጋስ እንታይነት ኣምሲልካ ምስራሕን ምስ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ዘለዎ ርክብን ኣፈላላይን ምሕታት፤
- ተምሃሮ ዝሃብዎ ሓሳብ ብምውሳድ ብዛዕባ እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ፣ ኣምሲልካ ምስራሕን ኣጠናኺርካ ምግላፅ፤
- ብምቕፃል ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተኽልታት ክዝርዝሩ ምግባር፤
- ካብቶም ዝተዘርዘሩ ተኽልታት ንገሊኦም ብናይ ባዕሎም ሜላ ኣሰራርሓ ንድፊ ነዲፎም ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፤
- ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብዝግባእ ምግላፅን ምስራሕን እንተኺኢሎም ቀፂሉ ኣምሲሎም ክሰርሑ ምግባር፣ እዚ ንምስራሕ ፈለማ ተምሃሮ ፎቶግራፍ፣ ስእልታት ወይ ድማ ፖስተራት ተኽልታት ክህልዎም ይግባእ።
- በዚ መሰረት ተምሃሮ ናይ ተኽልታት ፖስተራትን፣ ስእልታትን ወዘተ እናረኣዩ ኣምሲሎም ንድፊ ክሰርሑ ምግባር፤
- ቀፂሉ ኣብ ዝነደፍዎ ስእሊ ብርሃንን ፅላለትን ዘለዎ ክሰርሑ ምግባር፤
- እቲ ንድፊ ብሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፤
- ስራሕቶም እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ምትብባዕን ብዝተገለፀ ኣሰራርሓ መሰረት ክሰርሑ ሓገዝ ምግባርን፤
- ካብ ስራሕቲ ተምሃሮ ዝሓሸ ስራሕቲ ብምምራፅ ኣብ ትሕቲ ፅቡቕ ዝኾኑ ስራሕቲ ብዝብል ርእሲ ኩሎም ኣብ ዝሩእይዎ ቦታ ብምስቃል ንዝበለፀ ስራሕ ክልዓሉ ብምግባር ብተኽልታት ዝፀበቐ ቀፅሪ ዘርኢይ ፖስተር ብምድላው ልፅል ክብል ብዝተገለፀ ኣሰራርሓ ቅደም ሰዓብ መሰረት ብጉጅለ ሰሪሖም ክመፁ ኩነታት ምምችቻው፤
- ሰሪሖም ዘምፅእዎም ስራሕቲ ምርኣይን ዝሐሸ ምኻኑ ብምርግጋፅ ዘተባብዕ ሓሳብ ምሃብ፤
- ተኽልታት ብሓይሊ ንፋስ ካብ የማን ወይ ድማ ካብ ፀጋም ናብ የማን ከምኡ'ዉን ካብ ቅድሚት ናብ ድሕሪትን ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚትን ይንቀሳቐሱ። እዚ ምንቅስቓስ ተኽልታት ብባዕሎም ሜላ ኣሰራርሓ ኣምሲሎም ክሰርሑ ተምሃሮ ምትብባዕ።
- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ብምውሳድ ፈለማ ክልተ ንክልተ፣ ሰለስተ ንሰለስተ፣ ወዘተ ብምግባር ሽምጢ ንሽምጢ ተታሒዞም ተኽልታት ብንፋስ ሓይሊ ከምዝንቀሳቀሱ ኩሉ ንሳቶምዉን ካብ ፀጋም ናብ የማን፣ ካብ የማን ናብ ፀጋም፣ ካብ ቅድሚት ናብ ድሕሪት፣ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ክንቀሳቀሱ ምግባር፤
- ናይ ተምሃሮ ቁፅሪ ብምውሳኽ ክሳድ ንክሳድ ተተሓሒዞም ኣብ ላዕሊ ብዝተገለፀ ምንቅስቓስ ንክሰርሑ ምግባር፤ ከምኡውን ብምልዓልን ኮፍ ብምባልን፤ ብምንብርካኽን ክሰርሑ ምግባር፡፡

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣምሲልካ ምስራሕ ምንቅስቓስ ክገልፁ ምግባር፣
- ምንቅስቓስ ተኽልታት ኣምሲሎም ክሰርሑ ዕዮ ገዛ ብምሃብ ምስርሖም ድማ ብምእራም ምርግጋፅ፣
- ኣሰራርሓ ቅደም ሰዓብ ኣምሲልካ ምስራሕ ክገልፁ ምሕታት፣
- ምንቅስቓስ ተኽልታት ኣምሲሎም ምፅዋቶም ብምልከታ ምርግጋ፡፡

## 1.2.3 ንድፍን ልኽያ ሕብርን፡-

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ተኽልታት ብረብሓኦም፣ ብሕብሮምን ብቕርፆም ይፈልዩ፣
- ካብ 2-3 ዝኾኑ ቆፅልታት ተኽልታት ንድፊ ነዲፎም ብሕብሪ ይለኽይዎም፣
- ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝሓሸ የድንቑ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ንንድፍን ልኽያ ሕብሪን ዘድልዩ መሳርሕታት (እርሳስ፣ ሕብሪ፣ ብሩሽ ወዘተ)፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ተኽልታት ብበዝሒ ናብ ዝርከብሉ ወሲድካ ክሪኡ ብምግባር ሕድሕድ ተምሃራይ ናይ ሓዲኡ ተኽሊ ቆፅሊ ንድፊ ነዲፎም ናይቲ ቆፅሊ ሕብሪ መሰረት ብምግባር ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኣብ ትሕቲ 1.2 ን 1.3 ዘለዉ ንኡስ ርእስታት ብዛዕባ እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝተገለፁ ሓበሬታታት ምጥቃም የድሊ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ብተኽልታት ኣብ ዝማዕረገ ከባቢ ዑደት ከካይዱ ብምግባር ኣብ ዘካየድዎ ዑደት ዝርኣይዎም ተኽልታት ኣብ ወረቐት ክነድፉ ምግባር፣
- ኣምሲሎም ዝነደፍዎም ስእሊ ተኽልታት ዝተፈላለዩ ሕብርታት ብምልኻይ ቆፅልታቶም ከፀብቑ ሓገዝ ምሃብ፣
- ስእሊ ምስሊ ቆፅሊ ብንድፊ ምግላፅ ብደንቢ ምኽኣሎም ምስተረጋገፀ ድሕሪኡ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፣
- ረብሓ ምፅባቕ ከባቢ መሰረት ብምግባር ከባቢኦም ብተኽልታት እናፀበቑ ብዓርሰ ዓቕሚ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ ኣብ ዘካየድዎ ዑደት ዝተፈላለዩ ሕብርታትን ቅርፂ ዘለዎም ዕንበባታትን ሪኦም እዮም። በዚ መሰረት ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ መሰረት ብምግባር ዕንበባ ነዲፎም ሕብሪ ክለኽዩ ይገበር፡፡



ስእሊ 1.9 ምስሊ ንድፊ ዕንበባ

ኣሰራርሕኡ ብዝምልከት ቀፂሉ ዘሎ ቅደም ሰዓብ ይኸውን፦

- ✓ ብቐዳምነት ብክቢ መልክዕ ዕንበባ ምቕማጥ፤
- ✓ ናይቲ ዕንበባ ጉንድን ቆፅልን ብምንፃፍ ስራሕቶም ምዝዛም ከምዝኽእሉ ምግንዛብ፤
- ✓ ብዝተገለፀ መሰረት ነዲፎም ምስ ወድኡ ብልኽያ ሕብሪ ከመላኽዑ ምንጋር፤
- ✓ ልኽያ ሕብሪ ከከም ዓይነት እቲ ዕንበባ  ቀይሕ፣ ብጫ፣ ኣራንሺን ወዘተ ክኸውን ከምዝኽእልን ቆፅሊ- ሓምለዋይ፣ ጉንዲ ድማ - ቡናዊ፣ ክኸውን ከምዘለዎ ምርዳእ፤
- ✓ ዝመረፅዎ ልኽያ ምስ ሓቃዊ ኣቀራርባ ብዝተገናዘበ መልክዑ ምስርሖም ምርግጋፅ፡፡



ስእሊ1.10 ብልኽያ ሕብሪ ዝተሰኣለ ምስሊ ዕንበባ

- ከባቢኦም ብተኽልታት ምፅባቕን ምሕላውን ከምኡውን ቆፅሊ ዘለዎ ወቕቲ ተጠቒሞም ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ብምግባር ግንዛበኦምን ክእለቶምን ከማዕብሉ ምግባር፤
- ንድፊ ምኽኣሎም ብምርግጋፅ ኣብ መወዳእታ ብሕብሪ  ከፀብቑ ምግባር፤
- ኣብ ምንፃፍ ኣብ መፅሓፍ ብዘሎ ስእሊ ጥራሕ ከይዕገቱ ነፃ ኾይኖም ናይ ምስራሕ ዕድል ምሃብ፤
- ብደረጅኦም ዝሰርሕዎ ምድናቕን ምትብባዕን፤
- እንተንኢሱ ወይ እንተወሲኹ እዙይ ከምዚ እንተገበርኩምዎ፣ ብኸምዙይ እንተስተኻኺልኩምዎ ወዘተ ብምባል ሃናፂ ሪኢቶን መአረምታን ምሃብ፤
- እቲ ትምህርቲ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተኽልታት ንድፊ ብምድላው ሕብሪ ብምቕባእ ዝሓሸ ስራሕ ሒዞም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብን ምእራምን፤
- ስእሊ ተኽልታት ኣብ ወረቐት ብምንፃፍ ብኮላ ኣብ ልዕሊ ቆፅልታትን ዕንፀይትን ብምጥባቕ ክሰርሑ ምግባር፤
- ተምሃሮ ብዝሰርሑዎም ስራሕቲ ክወዳደሩ ምግባርን ዝሓሹ ስራሕቲ ክመርፁ ብምግባር ካብዞም ስራሕቲ ኣምሲሎም ሰሪሖም ክመፁ ምግባር፤

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ተኽልታት ብሕብሮም፣ ብቕርፃምን ብረብሓኦምን ምፍላይ ምኽኣሎም  ብቃል ወይ ብፅሑፍ ሕቶ ምርግጋፅ፤
- ናይ ተኽልታት ንድፊ ነዲፎም ሕብሪ ምልካይ ምኽኣሎም ንምርግጋፅ ዕዮ ክፍሊ ወይ ዕዮ ገዛ ብምሃብ ነዚ ዕዮ ድማ ግብረ መልሲ ብምሃብ ምርግጋፅ፤

# 1.3 ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ብምጥቃም መሳርሕታት ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ምድላው

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 20

## 1.3.1 ኣደላልዋ ቀለበት

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ቀለበት ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ ይዝርዝሩ፤
- ኣሰራርሓ ቀለበት ይገልፁ፤
- ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ዝውዕሉ ቀለበታት የዳልዉ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- በትሪ ቀላሚጦስ፣
- ኮንዲት፣
- ቀጢን ገመድ፣
- ሽቦ፣ ወዘተ።

### መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ናብ ክፍሊ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ብምውሳድ ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ መሳርሕታት ናውትን መምሃሪ ሓገዛትን ክርእዩ ምግባር፤
- ሕድሕድ መሳርሕታት መምሃሪ ሓገዛት ንምድላው ዝጥቀምሉ ቀለልቲ ናውቲ ክዝርዝሩ ምግባር፤

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካል ንመምሃር ወሳንን ኣድላይን መምሃሪ መሳርሒታት ምምላእ እዩ። እዞም መምሃሪ መሳርሒታት ኣብ ከባቢኦም ብቐሊሉ ካብ ዝርከቡ ቀለልቲ ኣቑሑ ዕድመ፣ ኣካላው ዕብየት ተምሃሮ፣ ትሕዝቶታት ትምህርትን መሰረት ብምግባር ምድላው ይከኣል። ተምሃሮ ብቐዳምነት ዝሰርሕዎም መሳርሒታት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ፣ ንምንታይ ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ፣ ሕድ ሕድ መሳርሕታት ኣሰራርሕኦም፣ ንምስራሕ ዘድልዩ ቀለልቲ ናውትታትን ካብ ምንታይ ከም ዝርከቡ ብቐዳምነት ክፈልጡ ኣለዎም። ቀለልቲ ናውቲ ብተምሃሮ ኣብ ከባቢ ብቀሊሉ ዝርከቡ ካብ ዝወዳደቑ ብዙሕ ወፃኢ ዘየውፅኡ ነገራት ዝዳለዉ ክኾኑ ኣለዎም። ዝስርሑ መሳርሒታት ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ዕላማታት ካብ ምዕዋት ብተወሳኺ መሰረታዊ ክእለታትን ፍልጠትን ተምሃሮ የዕብዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ናውቲ ብምጥቃም እንታይ እንታይ ኣቑሑ ምስራሕ ከምዝከኣል ካብ ዘለዎም ልምድታት ክገልፁ ዕድል ምሃብ፤
- ኣብ 2ይ ክፍሊ ዝሰርሕዎም መሳርሒታት መምሃሪ ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ኣካል ጥንካረ ብምዝካር

ካብዚ ንታሕቲ ተገሊፆም ዘለዉ ኣሰራርሓ መሰረት ብምግባር ዝተፈላለዩ መጠን ዘለዎም ቀለበታት ምስራሕ፤


- ዝህቦ ግሊጋሎት
  - መሰረታዊ ክእለት ምድርባይ ንምዕባይ፤
  - ክእለት ዓሊምካ ምድርባይ ንምምሕያሽ፤
  - መሰረታዊ ክእለት ጅምናስቲክ ምዕባይ፡፡
- ዓቐናት፡-
  - ክቢ ቅርፂ ዘለዎም ነገራት፣
  - ካብ 56-68 ሳ.ሜ ወይ ካብዚ ንላዕሊ ዙሪያ ዘለዎም ነገራት፣

## ሀ. ኣድለይቲ ናውቲ፡-

- ዝተፈላለዩ በትሪ ቀላሚጦስ፣
- ኮንዲት፣
- ቀጢን ገመድ፣
- ሽቦ /ስልኪ/፣ ወዘተ፡፡

## ለ. ኣሰራርሓ፡-

- ኣናእሽተይ ቀለበታት ንምስራሕ ካብ 56-68 ሳ.ሜ ንውሓት ዘለዎም ኮንዲት ወይ በትሪ፤
- ዓበይቲ ቀለበታት ንምስራሕ ካብ 2.05-2.55 ሜትር ንውሓት ዘለዎም ኮንዲት ወይ በትሪ፤
- ብባህሪኦም ክዕፀፉ ከለዉ ዘይስበሩ በትሪታት ወይ ኮንዲት ብምጥቃም ቅርፂ ክቢ ክህቡ ብምግባር ክልቲኡ ጫፍ ኣራኺብካ ምድራብን ብጅማት ኣስጢምካ ምእሳር። ንኣታሕዛ ምችው ንምግባር ዝተራኸቡሉ ቦታ ብጨርቂ ብደንቢ ጌርኻ ምጥምጣም፤
- ቀለበታት ብኮንዲት ንምድላው ንውሓቶም ካብቲ ኮንዲት ንእሽተይ ንውሕ ዝበለ ስልኪ ምእታው፣
- እቲ ስልኪ ጫፍን ንጫፍ ብምርኻብ ክቢ ምስራሕ፤ ኣብዚ እዉን ጫፍ እቶም ኮንዲዩታት ክገጣጠሙ ኣለዎም፣ ጫፍ እቶም ሽቦ ምእሳርን ከይፍትሑን ጉድኣት ከየብፅሑን ዝተገጣጠሙሉ ቦታ ብፕላስተር ምጥምጣም።



ስእሊ 1.11 ኣሰራርሓ ቀለበት

## ሐ. ኣጠቓቕማ፡-

እዞም ዝስዕቡ ክእለት ምስራሕ ምዕባይ እዮም፡፡

- ናብ ጠጠው ዝበሉ ምልክታት ደርቢኻ ምእታው፤
- ናብ ላዕሊ ደርቢኻ ምቐላብን፤
- ኣብ ሽምጢ ክባቢ ጌርካ ብሽምጥኻ ምሽክርካር፤
- ካብ ሓዲኡ ክቢ ናብ ካልእ ክቢ ምዝላል፤
- ዝተፈላለዩ ቀለበታት ንድፊ ነዲፎም ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ንዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝውዕሉ ቀለበታት ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፤
- ኣሰራርሓ ቀለበታት ቅደም ሰዓብ ምግላፅ ምኽኣሎም ብፅሑፍ ሕቶ ምርግጋፅ፤
- ቀለበታት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ምንቅስቓስ ምስራሕ ምኽኣሎም ብምልክታ ምርግጋፅ፡፡

# 1.3.2 ኣደላልዋ ሕብሪ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ቅደም ስዓብ ኣደላልዋ ሕብሪ  ይገልፁ፤
- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ቀለልቲ ናውቲ ተጠቒሞም ሕብርታት ይሰርሑ፤
- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ሕብሪ ንምድላው ዝጠቕሙ ነገራት ይከናኸኑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ሱር መቕሞቆን ዕርድን፤
- ፈሓም፣ ፀለሎ፤
- ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ሓመዳት፤
- ዕንበባ፤
- መሳርሒ ኣቑሑ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ከም ፀሊም ሰሌዳ፣ ሕብሪ መንደቕ ዝማሃርሉ ክፍሊ ፣ ዩኒፎርም ተምሃሮን ካልኦት ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ኣቑሑ ብምርኣይ ሕብሮም ክዝርዝሩ ምግባር፡፡

ብመሰረት ሪኦም ዝዘርዘርዎም ሕብርታት ጉጅለታት ሰይሞም ኣብ  ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ዘለዉ ተኽልታት ሱር፣ ቆፅልታት፣ ሓመድ ወዘተ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ሕብሪ ከዳልው እኹል ግዘ ምሃብን ነዚ ትምህርቲ ብዝበለፀ ከዳልዉ ይገበር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

መሳርሕታት ምምሃር ምስትምሃር ብዘይወፃኢ ወይ ብንእሽተይ ወፃኢ ብቐሊሉ ካብ ከባቢ ዝርከቡ ቀለልቲ ናውቲ ምድላውን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕውት ብዝኾነ መንገዲ ንምክያድን ትምህርቲ ብዝግባእ ንምሃብን ዕላማ እቲ ትምህርቲ ናብቲ ዝድለ ንምብፃሕን የኽእል። ሕብርታት ብቐሊሉ ካብ ከባቢ ዝርከቡ ቀለልቲ ነገራት ንኣብነት ካብ  ሱር መቕሞቆ፤ ዕንበባ፤ ሓመድ፣ ወዘተ ብምድላው ንቲ ዝድለ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኤስቴቲክስን ጥንካረ ኣካልን  ምውዓል ይከኣል።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ዝተፈላለዩ ሕብርታት ካብ ምንታይ ካብ ምንታይን ከመይን ከምዝዳለዉ ክዝርዝሩ ንተምሃሮ ዕድል ምሃብ።
- ሕብርታት ካብ ኣግራባት፣ ሓመድ፣  ከውሒ ወዘተ ምስራሕ ከምዝከኣል ምግላፅ፤
- ሕብርታት ንምስራሕ ዘድልዩ ነገራት፦

- ሱር መቕሞቆን ዕርዲን፤ ንብጫ ሕብሪ፣
- ፈሓም፣ ፀለሎ፣ ክርዳድ ስገም፣ ንፀሊም ሕብሪ፣
- ብጫ ሓመድ፣ ቡናዊ ሓመድ፣ ንብጫን ቡናዊ ሕብሪ፣
- ዝተፈላለዩ ዕንበባታት ንዝተፈላለዩ ሕብርታት፣ ምስራሕ ከምዝጠቕሙ ምርዳእ፡፡

- ብምቕፃል ልዕል ክብል ዝተገልፁ ኣሰራርሓ ሕብርታት ብምርዳእ ብውልቀ ኾነ ብጉጅለ ኣደላልዋ ዝተፈላለዩ ሕብርታትን ምድላው ከምዝከኣልን ምግላፅ፡፡

ልዕል ክብል ዝተዘርዘሩ ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ፡-

- ዓሚቕ ሽሓነን ማይን፣
- ናይ ሻሂ ብርጭቆን ማንካን፣
- ድስቲ፣
- መውቀጢ፣
- ብልቃጥ፣
- ሽኮር፣ ወዘተ ምኻኖም ምሕባር።

## ኣደላልዋ፡-

ካብ ቆፅላ መፅልን ፍረምረን ዝዳለዉ ሕብርታት፡-

- ቆፅልን ፍረምረን ብዓይነቶም ኣኪብካ ብፅሩይ መውቐጢ (ኣቕሓ) ምውቃጥ፣
- እዚ ዝተወቐጠ ቆፅልን ፍረምረን ኣብ ዓሚቕ ሽሓነ ገይርካ ንእሽተይ ማይ ወሲካ ምሕሳይ፤
- ብርጭቆ ቆፅሊን ርብዒ ብርጭቆ ማይን ምጥቃም፤
- ክልተ ማንካ ሽኮር ብምውሳኽ ክሓቕቕ ምግባር፡፡

ካብ ሓመድ ሕብሪ ምድላው፡-

- ሓመድ በብዓይነቶም ብምንፋይ ኣፅሪኻ ምውቃጥ ወይ ድማ ምጥሓን፤
- እቲ ዝደቐቐን ወይ ድማ ዝላሓመ ሓመድ ማይ ወሲኽካ ብምፍላሕ ምሕባር፣ ክውሃሃዱ ብምግባር ኣብ ልዕሊኡ ሽኳር ምውሳኽ እናሕበርካ ክፈልሕ ምግባር፤
- ካብኡ ኣብ ዝሑል ቦታ ንዝተወሰነ ሰዓት ምቕማጥ፤
- ሕብርታት ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ምድላው ይከኣል፤ እዚ ብኣብነት ዝቐረበ ኮይኑ ካልኦት ሕብርታት ምድላው ይከኣል። መምህር ነዚኦም መበገሲ ብምግባር ካልኦት ሕብርታት ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ምድላው ከምዝከኣል ንተምሃሮ ምግንዛብ የድሊ፤
- ተምሃሮ ብዝረኣይዎን ብዝተረድእዎን መሰረት ካብ ሓመድ፣ ካብ ቆፅላመፅሊ፣ ካብ ፍረምረ ወዘተ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ብውልቆም ሰሪሖም ክመፁ ምግባር፤
- ብውልቆም ዝሰርሑዎ ሕብሪ ካብ ምንታይ ካብ ምንታይ ከምዝሰርሑዎ፣ ቅደም ስዓብ ኣሰራርሓኡ ወዘተ ክገልፁ ምግባር፤
- ብውልቆም ዝሰርሑዎ ሕብሪ ዝሓሸ ሕብሪ ንክሰርሑን ብዛዕባ ኣደላልዋ ሕብርታት ዝሓሸ ግንዛበ ክህልዎም ብጉጅለ ክሰርሑ ምግባር፤
- ብጉጅለ ዝሰርሑዎ ብመተሓባበሪ ጉጅለ ኣቢሎም ብዛዕባ ቅደም ስዓብ ኣሰራርሓ ሕብሪን ዝተጠቐሙሉ ቀለልቲ ናውትን ክገልፁ ብምግባር ኣብ መንጎ ጉጅለታት ዕድል ውድድር ምፍጣር፡፡

### ኣገባብ ገምጋም፦

- ካብ ዝተፈላለዩ ቀለልቲ ናውቲ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ምድላው ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፣
- ናይ ኣደላልዋ ሕብሪ ምግላፅ ምኽኣሎም ብፅሑፍ ሕቶ ምርግጋፅ፡፡

## 1.3.3 ኣደላልዋ ብሩሽ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ብሩሽ ይገልፁ፣
- ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ብሩሽ የዳልዉ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ኣናእሽተይ ዕንፀይቲ (በትሪ)፣
- ጭራ ፈረስ ወይ ጭራ ብዕራይ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ናብ ደገ ብምውፃእ ክንዲ መመወፅ ስኒ ዝኾውን ዕንፀይቲ ክቆርፁ ብምግባር እዚ ዕንፀይቲ ንግልጋሎት ቡርሽ ብዝውዕል ኩነታት ምምችቻው።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ኣብ 1.3.1 ን 1.3.2 ዝተገለፀ ትሕዝቶ ሓበሬታ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምጥቓም የድልይ። ምስዚ ንኡስ ርእሲ ፍልልዮም ኣደላልዋን ዝህብዎ ጥቕምን እቶም ዝዳለው መሳርሕታት እዩ፡፡

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

ቡሩሽ ንምድላው ዘድልዩ ቀለልቲ ናውቲ ዝስዕቡ እዮም።

- ቀጠንቲ ዕንፀይቲ
- ጭራ ፈረስ
- ሽቦ ወይ ጠንካራ ፈትሊ
- መጣበቒ

ብዝስዕብ ኣገባብ ድማ ምድላው ይካኣል።

- ፈለማ ቁመቱ 20 ሳ.ሜ ዝኾነ ዕንፀይቲ ምድላው፣
- ንውሓቶም 3 ሳ.ሜ.ዝኾነ ጭራ ፈረስ ምድላው፣
- ጫፍ እቲ ዕንፀይቲ ክቀጥን ብምግባር ብመጣበቒ ብምጥባቕ እቶም ዝተዳለዉ ጭራታት ከይበዝሑ ኣብ ዙርያ እቲ ጫፍ ዕንፀይቲ ብምጥባቕ ምእሳርን እስካብ ዝደርቅ ድማ ምፅባይ፡፡ ብድሕሪኡ እዚ ዝተዳለወ ብሩሽ ንልኽያ ምጥቃም ይካኣል፣
- ብካልእ መንገዲ ንመመወፅ ዘገልግሉ ሉስሉስ ርሑስ ቀጢን ዕንፀይቲ ንቡሩሽ ምድላው ይከኣል። እዚ'ዉን ዕንፀይቲ ብ20 ሳ.ሜትር ቆሪፅኻ ምድላውን ኣብ ብ3ሳ.ሜ ዝኾን ጫፍ እቲ ዕንፀይቲ ብምቕጥቃጥ ወይ ሓፂብካ ብምሕያኽ ንልኽያ ሕብሪ ምጥቃም ይከኣል።

ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብሩሽ ንምድላው ዘድልዩ ቀለልቲ መሳርሕታት ምዝርዛር ምኽኣሎም ብቃል ሕቶ ምርግጋፅ።
- ብሩሽ ምድላው ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፤

## 1.3.4 ኣሰራርሓ ማራካሽ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ማራካሽ ይገልፁ፤
- ካብ ዝተፈላለዩ ማቴርያላት ማራካሽ ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ሓምሓም፣
- ቀጢን ዕንፀይቲ፣
- ፀፀራት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

ተምሃሮ ብጉጅለ ብምምዳብ እቲ ሓደ ጉጅለ ብባህላዊ ፀወታታት ቆልዑ ተዳልዩም ክመፁ እቲ ካልኣይ ጉጅለ ድማ ኣብ ውሽጦም ፀፀራት ዝሓዙን ዝተኸደኑን ኣናእሽተይ ታኒካታት ከም መሳርሒ ውቅዒት ክጥቀምሎም ሒዞም ክመፁ ምግባር፡፡በዚ መሰረት እቲ ሓደ ጉጅለ ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑ እንትፃወት እቲ ኻልኣይ ጉጅለ ድማ ካብ ገዝኦም ሒዘምዎ ዝመፁ መሳርሒ ውቅዒት እናተሰነዩ ክፃወቱ ምግባር፡፡

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

ማራካሽ ካብ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ሓደ እዩ፡፡ ማራካሽ ንቖልዑ ብቐሊሉ ስምዒት ዝህብ መሳርሒ ሙዚቃ እዩ፡፡ ውቅዒት ሙዚቃ ማራካሽ ብምጥቃም ምንቅስቓስ ሙዚቃ ምስናይ ይከኣል እዩ፡፡ ማራካሽ ኣብ ከባቢ ብቐሊሉ ካብ ዝርከብ ሓምሓም ምስራሕ ይከኣል፡፡

ስለዚ ተምሃሮ ማራካሽ ብምስራሕ ኣብ ክፍሊ ዝተማሃርዎ ምንቅስቓስ ብውቅዒት ማራካሽ እናተሰነዩ ክንቀሳቐሱ ካብ ምግባር ብተወሳኺ ክእለት ምህዞ /ፈጠራ/ የማዕብሉ፡፡

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ብምዝካር ክዝርዝሩ ምግባር፤
- ዝዘርዘርዎም መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ካብ እንታይ ከምዝተሰርሑን ኣገባብ ኣሰራርሐኦምን ክገልፁ ምግባር፤
- ስራሕቲ ተምሃሮ ብምድናቕ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ዝወዳደቑ ማቴርያላት መሳርሐታት ውቅዒት ሙዚቃ ምስራሕ ከምዝከኣል ምግላፅ፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝተሰርሑ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ሞዴል ማራካሽ ምርኣይ፤
- ተምሃሮ ብዛዕባ ዝተዓዘብዎ ኣሰራርሓ መሳርሒ ሙዚቃ ብጉጅለ ክመያየጡ ምግባር፤
- ኣብ እዋን እቲ ምይይጥ ዝተረኸበ ሓሳብ ኣብ ክፍሊ ከቕርቡ ምሕጋዝ፤
- ድሕሪ እቲ ምይይጥ ተምሃሮ ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ መሳርሒ ሙዚቃ ማራካሽ ከምዝስዕብ

ምርዳእ፤

- ማራካሽ ንቑልዑ ብቐሊሉ ስምዒት ዝህብ ውቅዒት መሳርሒ ሙዚቃ ምዃኑ ምግላፅ፤
- በቲ ዝረኣይዎ ሞዴል ማራካሽ መሰረት ብምግባር ብጉጅለ ተወዲቦም ክሰርሑ ሓገዝ ምግባር፤
- ፈለማ ማራካሽ ንምስራሕ ዘድልዩ ማቴርያላት ምድላው፡፡ ንሳቶም እውን፦

ውሽጡ ጥርሑ ዝኾነ ክቢ ሓምሓም፤

- 14 ሳ.ሜ. ንውሓት ዘለዎ ቅጥን ዝበለ ዕንፀይቲ፤
- ደቀቕቲ ፀፀራት፤

ኣሰራርሕኡ ምግላፅ፤

- እቲ ሓምሓም ብምብሳዕ ኣብ ውሽጡ ዘለዉ ፍረታት ምውፃእ፤
- ኣብቲ ዝተበስዐ /ዝነኾለ/ ሓምሓም ብዙሓት ፀፀራት ምእታው፤
- በቲ ዝተበስዐ ኸባቢ እቲ ዝተዳለወ ዕንፀይቲ ብምእታው ንኸይንቀሳቐስ ብኮላ ምጥባቕ፤

ኣፀዋውትኡ ምርኣይ፤

- በቲ ዕንፀይቲ ብምትሓዝ ከምቲ ናይቲ ዜማ ውቅዒት ሻሕሻሕ ብምባል ክፃወቱ ምግባር፤
- እቲ መሳርሒ ቅድሚ ምድላዎም ብዛዕባ ክንክን ተኸልታት ዝተምሃርዎ መዝሙር ብማራካሽ ውቅዒት ሙዚቃ ብምስናይ ናይቲ መሳርሒ ኣጠቓቕማ ብምርኣይ ክዝምሩ ዕድል ምሃብ፤
- ኣደላልዋ ውቅዒት መሳርሒ ሙዚቃ ማራካሽ መሰረት ብምግባር ካልኦት መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ ማለት ሞዴል ከበሮ ፣ ታምቡርን ወዘተ. ብጉጅለ ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ /ፕሮጀክት/ ስራሕ ምሃብ፤

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

ተምሃሮ እዞም መሳርሕታት ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ኣቐዲምካ ክፍለጥ ይግባእ፡፡ ዝተዓሸጉ፣ ዝተቐበሩ ወይ ድማ ዝተበከሉ ቦታታትን ኣቑሑን ከይትንክፉን ኣብ እዋን ስራሕ ብበላሕቲ ነገራት ጉድኣት ከይበፅሖም ጥንቃቐ ክገብሩን ምግንዛብ የድሊ፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ማቴርያላት ንምምሃር ምስትምሃር ዝኸውን ምስረሖም ምርኣይን ፕሮጀክት ስራሕ ብምሃብን ምርግጋፅ፤
- ሕድ ሕድ ኣሰራርሓ መሳርሒ ምግላፅ ምኽኣሎም ንምርግጋፅ ብቃል ወይ ድማ ብፅሑፍ ምርግጋፅ፤
- ብኣሰራርሓ መሳርሒን ኣጠቓቕማን ሕጉሳት ምዃኖም ብሕቶ ምርግጋፅ፡፡

# 1.3.5 ኣሰራርሓ ክራር

ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 3

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ክራር ኣብ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ካብ ምንታይ ካብ ምንታይ ነገራት ከምዝስራሕ ይዝርዝሩ፤
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ክራር ይገልፁ፤
- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ናውቲ ተጠቒሞም ክራር ይሰርሑ፤
- ዝሰርሕዎ ክራር ተጠቒሞም ይፃወቱ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዝተፈላለየ መጠንን ቕርፅን ዘለዎም ዕንፀይቲ፤
- ዓሚ'ቕ ሽሓነ፣ ኮምፔርሳቶ፣
- ቆርበት በጊዕ ወይ ድማ ቆርበት ጤል፣
- ጅማት መስፈይ ጫማ፣ ኘላስቲክ ፈትሊ፣ ወዘተ፤

## መነቓ'ቕሒ፡-

ተምሃሮ ፈለማ ንንድፍን ቕብኣን ዘድልዩ ማቴርያላት ከዳልዉ ምግባር፡፡ ካብኡ ንድፊ ክራር ብምስራሕ ሕብሪ ክለኽዩ ምግባር፡፡ ቀፂሉ መሳርሒ ሙዚቃ ክራር ከዳለዉ ምግባር፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፡-


ክራር ጥንታዊ ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ እዩ፡፡ ክራር ሙዚቃ ንምስናይ ዘገልግል መሳርሒ ሙዚቃ እዩ፡፡ ኣብዚ ክፍሊ ዘለዉ ተምሃሮ ብዕድመኦም ብቐሊሉ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ዝወዳደቑ ማቴርያላት ክሰርሑ ምግባር ረብሕኡ ዝዓበየ እዩ፡፡ ኣብ እዋን ስራሕ ተምሃሮ ናይ ምህዞ ክእለቶም ከማዕብሉ ብተወሳኺ ትምህርቲ ስነ ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ተግባራዊ ንምግባር ይሕግዞም፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝፈልጥዎም ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፤
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምምዳብ ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ ክራር ንምስራሕ ዘድልዩ ማቴርያላት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑን ኣሰራርሓን ክመያየጡ ምግባር፤
- ኣብ እዋን ምይይጥ ዝተረኸበ ሓሳብ ኣብ ክፍሊ ብመራሕቲ ጉጅለ ኣቢሎም ክቕርቡ ምግባር፤
- ሞዴል መሳርሒ ሙዚቃ ክራር ክሪኡ ምግባር፤
- ክራር ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ማቴርያላ ምስራሕ ከምዝከኣልን ግልጋለቱ ብ'ቕደም ሰዓብ ምግላፅን፡፡

## ክፍልታት ክራርን ኣሰራርሐኦምን፡-

- ቀዋሚ ዓንድታት፦ ክልተ ብየማንን ፀጋምን ጠጠው ዝብሉ ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሑ ዓምድታት፤
- ዓሚ'ቕ ሽሓነ፦ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሑ ዓምድታት ተሸካሚ፤
- መቓነይ፦ ንቶም ፈትልታት ወጢሩ ብምሓዝ ብምጥባ'ቕን ብምልሕላሕን ዝድለ ድምፂ ንምርካብ ዘ'ኽእል፣
- ብርኩማ፦ ካብ ፀፊሕ ዕንፀይቲ ዝተሰርሐ ነቶም ፈትልታት ገቲሩ ንምሓዝ ዝሕግዝ፡፡
- ሳፁን፦ ሽሓነ ብኮምፔርሳቶ ተ'ኸዲኑ ብቆርበት በጊዕ ወይ ጤል ዝተሸፈነ እዩ፡፡
- ሽዱ'ሽተ ፈትልታት መስፈይ ጫማ ወይ ፕላስቲክ ፈትልታት ድምፂ ንምርካብ ዘ'ኽእሉ እዮም፡፡



ስእሊ 1.12 ናውቲ መስርሒ ክራር

- ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይኖም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ መሳርሒ ናውቲ ክራር ብምግጥጣም ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእሊ ሞዴል ክራር ክሰርሑ ምትብባዕ፣



ስእሊ 1.13 ሞዴል ክራር

- ጉጅለ ስራሕ ተምሃሮ እናተዓዘቡ ኣድላይ ሙያዊ ሓገዝ ምግባር፣
- ጉጅለታት ስራሕተን ምስ ሰርሓ ክራር ንምስራሕ ዝተጠቐምሉ ናውቲ፣ ከይዲ ኣሰራርሕኡን ክገልፁ ኩነታት ምምችቻው፣
- ሕድ ሕድ ጉጅለ ብዝሰርሖ ክራር እናተሰነየ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ወይ ድማ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ብዛዕባ ሰብሙያን ተኽልታትን ዝተምሃርዎ መዝሙር ክዝምሩ ምግባር፣

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ክራር ኣብ ከባቢ ብዝርከቡ ማቴርያላት ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፣
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራሓ ክራር ምግላፅ ምኽኣሎም ብቓል ሕቶ ምርግጋፅ፣

# 1.3.6 ንድፍን ልኸያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- እንታይነት ንድፍን ልኸያ ሕብሪን ይገልፁ፣
- ካብ 2-3 ዝኾኑ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን መምሃሪ መሳርሕታት ንድፌ ነዲፎም ሕብሪ ይለኽዩ፣
- ስራሕቲ ንድፌን ልኸያ ሕብሪን የድንቑ፣

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- እርሳስ
- ሕብሪ
- ብሩሽ ወዘተ

## መነቓቕሒ፦

ካብ መምሃሪ መሳርሕታት ቀሊል ዝኾነ ኩዕሶ ብጉጅለ ኮይኖም ክነድፉን ሕብሪ ክለኽዩን ዕዮ ምሃብ፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ብዛዕባ እንታይነት ንድፍን ልኸያ ሕብሪን ኣብ ንኡሰ ርእሲ 1.1.2 ን 1.1.3 ን ዘለዉ ሓበሬታ ምጥቃም የድሊ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ቅድም ክብል ዝተምሃርዎ ብምዝካር ክገልፁ ምሕታት፤
- ሜላ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ብጉጅለ ተመያይጦም ብተወከልቲ ኣቢሎም ከቕርቡ ምግባር፤
- ካብ ዝቐረበ መልሲ ጉጅለታት ብምብጋስ ዝተጠናኸረ ግንዛበ ክርኽቡ ዘኽእል ገለፃ ምግባር፤
- ብምቕፃል ቅድም ክብል ካብ ዝሰርሕዎ መምሃሪ መሳርሒ ዝተመረፀ ስራሕቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ንድፊ ንክነድፉ ምግባር፡፡ ንድፊ ክጅምሩ እንከለዉ ኣህስስ ኣቢልኻ ወይ ድማ ከየድመቑ ክኾን ከምዘለዎ፣ ብምቕፃል እቲ ምስሊ ትኽክል ምኳኑ ምስ ኣረጋገፁ ናይ ምድማቕ ስራሕ ዝስራሕ ምኳኑ ምግላፅ፣ ንኣብነት እዚ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ምርኣይ ይካኣል፡፡
- ብምቕፃል ክእለት ንድፊ ብምምሕያሽ ስሓባይ ምስሊ ንድፊ ክሰርሑ ኣድላይ ድጋፍ ምግባር፤
- ዝሰርሕዎ እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ኣብ ላዕሊ ዝተመላኸተ መሰረት ብምግባር ንድፍን ካብ ቀሊል ናብ ከቢድ /ካብ ዓብዪ ኣካል ናብ ንእሽተይ ኣካል/ ክሰርሑ ሓሳብ ምሃብን ሓገዝ ምግባርን፤
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ ካልኦት መምሃሪ መሳርሕታት ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ብሓባር ክሰርሑ ምግባር፡፡ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ስምዒት ውድድር ንምፍጣር ተምሃሮ ካብ ዝሰርሕዎም ንድንፊ ብምምራፅ ብኣብነት ምቕማጥ፤
- ብዛዕባ ኣሰራርሓ ንድፊ ብግቡእ ምስኽኣሉ ብዛዕባ ልኽያ ሕብሪ ዝፈልጥዎ ክገልፁ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ካብ ዝሀብዎ መልሲ ብምልዓል ንድፊን ልኽያ ሕብሪን ከመይ ምስራሕ ከምዝከኣል ቅድም ኢሎም ዝተምሃርዎም ብምዝኽኻር ከምኡውን ንድፊን ልኽያ ሕብርን ርክብ ዘለዎም ምኳኑ ኣጠናኺርካ ምግላፅ፤
- ዝተመሓየሹ ስራሕቲ መሪፅካ ክርእዩ ብምግባር ንዝበለፀ ስራሕ ክልዓዓሉ ኩነታት ምምችቻው፤
- በዚ መሰረት ካልኦት ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ትምህርቲ መምሃሪ መሳርሒ ንድፊ ነዲፎም ሕብሪ ለኺዮም ከምፅኡ ስራሕቲ ፕሮጀክት ብምሃብ ክእለቶም ከዕብዩ ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብሪን ክገልፁ ምሕታት፤
- ምስሊ ቀለበት፣ ማራካሽን ካልኦት መምሃሪ መሳርሕታት ትምህርቲ ጥንካረ ኣካል ብንድፊ ልኽያ ሕብሪ ሰሪሖም ምርኣዮምን ብምልከታ ምርግጋፅ፤

## መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

ከባቢና ህይወት ዘለዎምን ህይወት ዘይብሎምን ነገራት ዝርከብዎ እዩ፡፡ ህይወት ዘለዎም ነገራት እንስሳትን ተኽልታትን ካልኦትን ዘጠቓልል እንትኾን ህይወት ዘይብሎም ድማ ኣብ ገዛናን ኣብ ከባቢናን ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ እዮም፡፡

ሰብሙያ ተፈጥሮኣዊ ፍልጠቶምን ክእለቶምን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ቀለልቲ ኣቑሑ ወይ ድማ ውፅኢታት ፋብሪካ ብምጥቃም ንሕብርተሰብ ዘገልግሉ ኣቑሑ ወይ ድማ መሳርሕታት ዘፍርዩ ሰባት እዮም፡፡

ኣብ ካበቢና ዝርከቡ ተኽልታት ዝተፈላለዩ ረብሓ ኣለዎም፡፡ እዚ ኣብነት ዕሬትን ዕባቐን ከባቢ ንምሕላው፣ ምጉሕጓሕ ሓመድ ንምክልኻል፣ ምግቢ ወዘተ ይጠቕሙ፡፡ ተኽልታት ንወድሰብ ብዝህብዎ ረብሓ ክሕለውን ክንክን ክግበረሎምን ይግባእ፡፡

ንትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ዘገልግሉ መሳርሕታት ማለት ከምቀለበት ፣ብሩሽ፣ ሕብርታት፣ ማራካሽን ክራርን ኣብ ካበቢ ብዝርከቡ ነገራት ብምስራሕ ምጥቃም ይከኣል፡፡ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ቐለልቲ ናውቲ ኣብ ስራሕ ምውዓል ፍልጠትን ክእለትን ተምሃሮ የዕብዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት እዚ ምዕራፍ፦

ሀ. ዝስዕቡ ሕቶታት ሓቂ ወይ ጌጋ ብምባል መልሱ፡፡

1. ተኽልታት ንምግቢ ጥራሕ የገልግሉ፡፡
2. ዝተፈላለዩ ሰብ ሙያ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ እንተፍረዩ እውን ንሕብረተሰብ ዝህብዎ ጥቕሚ ማዕረ እዩ፡፡
3. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ቀለልቲ ናውቲ ብምጥቃም መምሃሪ መሳርሕታት ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ምስራሕ ይከኣል፡፡

ለ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብተግባር ሰሪሕኹም ኣርእዩ?

1. ኣብ ከባቢኹም ዝረከቡ ሰብ ሙያ ንሓዲኦም መሪፅኩም ብዛዕባ ስራሕቶም ግጥሚ ፅሓፉ፡፡
2. ሰብሙያ ካብ ዝሰርሕዎም ኣቑሑ ገዛ ሓዲኦም ብምምራፅ ብንድፍን ልኽያ ሕብሪን ኣርእይ፡፡
3. ብጉጅለ ብምክፍፋል ብዛዕባ ሰብ ሙያ ወይ ድማ ብዛዕባ ተኽልታት ግጥሚ ብምድላው ዜማ ብምውፃእን ብምንቅስቓሳት ዝተሰነየ መዝሙር ዘምር፡፡
4. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ዝወዳደቑ ናውቲ ብምጥቃም በብውልቀኹም መምሃሪ መሳርሒ ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ኣዳልዉ፡፡

ሀ.መልሲ ንሕቶታት ሓቂ/ጌጋ

1. ጌጋ 2. ሓቂ 3.ሓቂ

ለ. መልሲ ንሕቶታት ብተግባር ኣርእዩ

1. ዝፃሓፍዎ ግጥሚ ክረኣዩ ምግባር፤
2. ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝሰርሕዎ ክረኣዩ ምግባር፤
3. ግጥምን ዜማን ምድላዎምን ምዝማሮምን ብምርኣይ ምርግጋፅ፤
4. በብውልቆም ዘዳለውዎ መሳርሒ ብምርኣይ፤

# ምዕራፍ ክልተ

# ባህልን ሓድግን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 24

## መእተዊ፡-

ባህልን ሓድግን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ሜላ ኣነባብራ፣ ብርኪ ዕብየትን ስልጣነን ተወራራሲ ዝኾነ ኣመፃዕኣ መግለፅታት እዮም። እዚ ድማ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ሕብረተሰብ ኣነባብራ፣ ኣከዳድና፣ መግለፂ ሓጎስን ሓዘንን ኮይኑ ንሓንቲ ሃገር መግለፂ ባህልን ፀጋታትን እዮም።

ስለዚ ንባህልን ሓድግን ሕብረተሰብ ክንክንን ሓለዋን ምግባር የድሊ። ተምሃሮ ኣብዚ ምዕራፍ እንታይነት ባህልን ሓድግን ብዝግባእ ተገንዚቦምን ፈሊጦምን ብንድፍን ልኽያ ሕብርን፣ ብመልክዕ መዝሙር፣ ስእሊ፣ ተዋስኦ፣ ኣምሲልካ ምስራሕን ምንቅስቓስን ኣቢሎም ክብሪ ባህልን ሓድግን ክግንዘቡን ፍልጠት ብምጭባጥ፣ ክሕብሕቡን ክሕልዉን ምግባር ትኹረት ዝወሃቦ ጉዳይ እዩ።

## ካብዚ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፦

### ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦

- እንታይነት ረብሓን ባህልን ሓድግን ይግንዘቡ፤
- ባህሎምን ሓድጎምን ይሕልዉ፤
- ረብሓ ባህሎምን ሓድጎምን ተረዲኦም ይሕብሕቡ፤
- ንባህልን ሓድግን ክብሪ ይህቡ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ጠቐምቲ ማቴሪያላት ባህልን ሓድግን፣
- ፖስተራትን ፎቶግራፍትን ባህልን ሓድግን፣
- እርሳስ፣ ከለራት፣ ሕብርታት፣ ብሩሽ፣ ወዘተ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ትምህርታዊ ጉዕዞ፣ /ዑደት/፣
- ገለፃ ውሽጢ ክፍሊ፣
- ፕሮጀክት ስራሕ ብጉጅለን ውልቀን፣
- ምይይጥ፣
- ብመልክዕ መዝሙር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ገለፃ፤ ዕዮ ጉጅለ
- ሕቶን መልስን፤ ዕዮ ክፍሊ
- ዕዮ ገዛ፤ ትዕዝብቲ/ምልከታ፣ ወዘተ፡፡

# 2.1 ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት

ዝተመደበ ክፍለ ግዝ፦ 6

## 2.1.1 ንድፍን ልኸያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዝ፦ 6

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ካብ 1-2 ዝኾኑ ባህላዊ ፀወታታት ይዝርዝሩ፤
- ዝተፈላለዩ ፀወታታት ብሕብረት ናይ ምፅዋት ረብሕኡ ይገልፁ፤
- ምስ ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ዝኸዱ ምንቅስቓሳትን ጎይላታትን ምስ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ሙዚቃ ብምውዳድ ይሰርሑ፣
- ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት የድንቑ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ምስ ርእስታት ትምህርቲ ዝተኣሳሰሩ ስእልታት፣ ፎቶግራፋትን ፖስተራትን፣
- ባህላዊ ኣልባሳትን መጋየፅታትን፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ፣
- ንንድፍን ልኸያ ሕብርን ዘገልግሉ መሳርሕታት።

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ብሓባር ዝፈልጥዎም ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ክፃወቱ ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ /ዝፅወቱ/ ባህላዊ ፀወታታት ብዝርዝር ክፈልዩ፣ ክፈልጡ፣ ክከናኸኑ ኢሉ'ውን ፅባቕኡ ብንድፊ ሕብሪ ክለኽዩ፣ ቅርፃ ቅርፅን ብመልክዕ መዝሙርን ተጠቒሞም ክገልፁ ኣብ ምግባር ዘተኮረ ይኸውን።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ክዝርዝሩ ምሕታት፤
- ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ዝፈልጥዎ ክገልፁ ዕድል ምሃብ፤
- ሓሳብ ተምሃሮ ብምጥቕላል እኹል ግንዛበ ክረኽቡ ምግባር፤ ንኣብነት፦ "ቁልፅነት" ዝብል መዝሙር ክዝምሩ ምግባር።
- ካልኦት ተወሰኽቲ ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ዝገልፁ ካብ ካልኦት ሰባት ብምሕታት ንቶም ፀወታታት ኣድለይቲ ዝበሃሉ ኣልባሳትን ናውትን ሒዞም ክመፁን ዕዮ ገዛ ምሃብ።
- ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝፃወተኦም ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ወይኣን ንክፍሊ ተምሃሮ /ንደቂ ክፍለን/ ክርእያ ምግባር።
- ደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ዝፃወትዎም ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት እናተፃወቱ ንክፍሊ ተምሃሮ ብተግባር ክርእዩ ምግባር።

- ፈተነን ፃዕርን ተምሃሮ ብምድናቕ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ካብ ዝፃወቱዎም ፀወታታት እዞም ዝስዕቡ ወፂኦም ክፃወቱ /ብተግባር/ ክርእዩ ምግባር።
- ብፍላይ ኣብ እዋን በዓላት ህፃናት ዘዚምዎምን ዝፃወቱዎምን ዝተፈላለዩ ባህላዊ ፀወታታት ኣለው። ካብዚኣቶም ውሽጢ ፀወታ ሆየ.... ሆየ ሓደ እዩ። እዚ ፀወታ ብዝበለፀ ዝፃወቱዎ ኣብ በዓል መስቀል ኮይኑ ኣብ ዘመን መለወጥን በዓል መስቀልን እንትፃወትዎ ይረአ። ከከም ኩነታት ከባቢኡ ዉሱን ዝኾነ ፍልልይ ኣደራድራ ዜማን ግጥምን ዋላ እኳ እንተሃለወ ብትሕዝቶኦም ግና ተመሳሰልቲ እዮም።

| ፀወታ ሓደ፦ | ፀወታ ክልተ፦ ኣሕምብዛ ኣስቲና ላሎ |
|---|---|
| ግጥምን ዜማን ሆያ.. ሆዬ<br><br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ሆያ … ዝበልና … ሆዬ!<br>ዓመት ይድገመና ሆዬ<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ሆየ … ዘይበሉ … ሆዬ!<br>ዓመት ይማህለሉ።<br><br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ኣየኹም ቆልዑ፣<br>ምሸላ ባሕርና ጮልቂዑ<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br>ኣየኹን ኣንስቲ ሆዬ<br>ፃዕዳ ጣፍ ለወስቲ ሆዬ<br>ሆያ … ሆዬ … ሆዬ!<br><br>መስቀል ገዳየ<br>ብርሃን ገዳየ<br>ዓዅ ዓዅኻይ<br>ቑንጪ ውፃእ ትኳን ውፃእ<br>ሕማቅ ውፃእ ፅቡቕ ምፃእ<br>ፀልማት ውፃእ ብርሃን ምፃእ | ፀወታ እሕምብዛ መብዛሕትኡ ግዘ ኣብ እዋን ኣሸንዳ ደቂ ኣንስትዮ “አሰቲሂና ላሎይ” እናደረፉ ኣፍ ልበንን ሰለፈንን ብኢደን ብምውቃዕ እናዘለላ ዝፃወትኦ እዩ። ንኣብነት፦<br>እስቲሂና ላሎይ ላሎየ(2)<br>እስቲሂና ጓል ኣቦይ ቀሺ ኣባዲ<br>እስቲሂና መጎጎ ኣንዲድኪ ዕበዲ<br>እስቲሂና ላሎይ… ላሎየ<br>እስቲሂና ጓል ኣቦይ ቀሺ ግርማየ<br>እስቲሂና መጎጎ ኣንዲዳ ንማይየ<br>እስቲሂና ላሎይ.. ላሎየ<br>እስቲሂና ኺሓላና.. እስቲሂና ጣስማና<br>እስቲሂና እንተብልናየን …<br>እስቲሂና ኣቢየናና<br>እስቲሂና በዓል ኣድጊ<br>እስቲሂና ከይወስደና።<br>እስቲሂና በዓል ፈረስ<br>እስቲሂና ክወስደና፡፡<br><br>ፀወታ ሰለስተ፦ (ዝኾነ ፀወታ ባዓልኹም ወስኹሉ) |

- እዞም ባህላዊ ዜማ ንተምሃሮ ሓዱሽ ስለዘይኮኑ ከከም ከባቢኦም እናዛመዱ ዘኪሮም ክፃወትዎም ምግባር።
- መምህር ነቶም ዝተዳለዉ ግጥምታት ብምክፍፋል ተምሃሮ ከፅንዕዎ ምግባር።
- ዜማ እቶም ግጥምታት ካብ መንጎ ተምሃሮ መሪፅካ ንክፃወቱ ዕድል ብምሃብ ሓቢሮም ብጣቕዒት፣ ብከበሮ፣ ብበትሪ ረምታን ምንቅስቓስ ኣካላትን ብምውዳድ ክፃወቱ ምግባር።
- ኣብ መወዳእታ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተምሃሮ ባህላዊ ፀወታታት ብሓባር ክፃወቱ ምግባር።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ምዝርዛር ምኽኣሎም ብምድማፅ ምርግጋፅ፤
- ባህላዊ ፀወታታት ህፃናት ምዕዋቶም ብምድማፅን ብምልከታን ምርግጋፅ፤

# 2.2 ባህላዊ ፀወታታት መርዓ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 6

## 2.2.1 ባህላዊ ፀወታታት መርዓ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ኣፅጋቢ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ክልተ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነት ባህላዊ ፀወታታት ይዝርዝሩ፤
- ካብ 1-2 ዝኾኑ ባህላዊ ፀወታታትን ደርፍታትን መርዓ ግጥምን ዜማታትን ፈልዮም ብሓባር ይፃወቱ፤
- ብዛዕባ ባህላዊ ፀወታታት መርዓ ዝተረድእዎ ብንድፍን ብሕብርን ሰሪሖም የርእዩ፤
- ካብቶም ፀወታታት ዝረኸብዎም ረብሓታት ክልተ ዝኾኑ ይገልፁ፤
- ባህላዊ ፀወታታት መርዓ የድንቑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ቴፕ ሪከርደር፣ ሲዲ፣ ፖስተር፣ ፎቶግራፋት፣ ከበሮ፣ ፀናፅል፤
- ቪድዮ፣ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ፣ እርሳስ፣ መደምሰስ፣ ወረቐት፤
- ዝተፈላለዩ ሕብሪ ዘለዎም ብሩሽ፣ ስእልታት፣ ሞዴላት፤
- ኮላ፣ ሮጉድ ወረቐት፣ መቐስ፣ ካተር፣ ወዘተ፤

### መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ባህላዊ ትልሂት፣ ሳዕስዒታትን ደርፍታትን ክፃወቱ ኣቐዲምካ ብሲዲ /ዲቪዲ/ ክሰምዑ ምግባር።
- ዝተፈላለዩ ባህላዊ ትልሂት ሳዕስዒታትን ደርፍታትን ዝገልፁ ፎቶግራፋትን ፖስተራትን ክሪኡ ይግበሩ።
- ኣብቲ ከባቢ በዚ ሙያ ፍሉጣት ዝኾኑ ኪነ ጥበባውያን ናብ ቤት ትምህርቲ ዓዲምካ ብተግባር ከርእዩዎም ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

- ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዝፈልጥዎም ባህላዊ ፀወታታትን ጭፈራታትን መርዓ ብተግባር ዝተደገፈ ፀወታ እንትሰርሒ ጉድኣት /ሓደጋ/ ከብፅሖ ዝኽእሉ ነገራት ብምሕባር ቅድም ክብል ተምሃሮ ዝነበሮም ግንዛበ ብምንፅፃር ሕቶ ይሕተትዎም፤
- ካብ ፅብረቓ ተምሃሮ ብምብጋስ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተሰነዩ ባህላዊ ፀወታታትን ተልሂትን ብተግባር እንትሰርሒ ብምኽንያት ጉድለት ጥንቃቐ ክበፅሖ ዝኽእሉ ሓደጋታት ብምርዳእ ነቲ ሰዓት ዝተውሃበ /ዝተመደበ/ ርእሲ ብምጥንኻር የጠቓልሉ፡፡

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

እዚ ዝስዕብ ፅሑፍ ባህላዊ ፀወታታትን ግጥምታትን መርዓ እናተነበበ በብዓንቀፁ ካብ ዝተቐመጡ ቁምነገራት እንታይ ከምዝተገንዘቡ ወይ እንታይ ከምዝተረድኡ መምህር ሕቶ እናቕረቡ ተምሃሮ ድማ እናመለሱ ብዛዕባ ከይዲ መርዓ ግንዛበ ክሕዙ ይገበር፡፡

## ባህላዊ ፀወታታትን ግጥምታትን መርዓ

እዋን መርዓ ቅድሚ ምብፅሑ ምድላዋት እናተገበሩ ፀኒሖም ኩሉ ዘድሊ ነገር ይቀራረብ። ሰባት'ዉን ይዕደሙ። ስለዚ ኣብ ገለ ገሊኡ እቲ መርዓ ሳልስቲ ክተርፎ ከሎ ኣብ ገለገሊኡ ከባቢ'ዉን ኣብ ድሮኡ ዳስ ይስራሕ።

ኣብ ድሮ እቲ መርዓ ኣብ እንዳጓል ይኹን ኣብ እንዳ ወዲ ጓይላ ይጉየል። ጓይላ እንትጉየል ወነ መናእሰይን ዓበይትን ዘለዓዕሉ ደርፍታት እናተደረፈ ሲስ እናተብሃለ እዩ ዝሕደር።

ኣብ ዕለቱ ድማ መርዓዊ መብሩኽ ዝበሃል ፃዕዳ ክዳን ተኸዲኑ ኣብ ርእሲኡ ነፀላ ድርብ ኣቢሉ ፃዕዳ ሻሽ ኣብ ርእሱ ይኣስር። ዘንጊ ብረት /በትሪ ብሓደ ጫፍ መትሓዚ ዕንክሊል ዘላታ/ ይሕትዝ። ኣዕርኽቱ ድማ እንተውሓዱ ሰለስተ እንተበዝሐ ሓሙሽተ ይኾኑ። እቶም ኣዕርኽቲ ፃዕዳ ክዳን ብዘይነፀላ ተኸዲኖም ኣብ ርእሶም መልክዕ ባንዴራ ኢትዮጵያ ዘለዎ ቁራፅ ጨርቂ ይጥምጥሙ። ኣብ ክሳዶም ዝብጦታትን መስቐልን ዘለዎም ክልተ ወይ ሰለስተ ማዕተባት ይገብሩ። ገሊኡ ዓበይቲ ኮይኑ ናብ ክሳዶም ምስ ኣተወ ብኽልቲኡ ማእገሮም ኣቢሉ ብኽልቲኡ ኩርናየም ዘው ዝብል እዩ። ገሊኡ ድማ ናብ ክሳዶም ምስ ኣተወ ኣብ ኣፍ ልቦም ዘው ዝብል እዩ።

ኣዕርኽቲ መርዓዊ ከምዚ ኢሎም ምድላዋቶም ምስ ወድኡ /ምስ ዛዘሙ/ ካብ እንዳጓል መርዓት ከምፅኡ ንእንዳ ጓል ንቕሎ ይኸውን። ኣዕሩኽ መርዓዊ ወራዲ መርዓ ኣኽቲሎም መርዓት ከምፅኡ ንእንዳ ጓል ቅድሚ ምብጋሶም "ኣያይ ንኡስየ ውፈር'ሞ ደሓን ተመለስየ" ዝብል እናተደረፈ መሰነይታ ይግበረሎም።

- ኣብ ዕለት እቲ መርዓ መርዓዊ ዝኸደኖ ክዳን ኣብ ርእሱ ዝገብሮ ኣብ ኢዱ ዝሕዞ ነገር እንታይ እዩ?
- ወራዲ መርዓ ቅድሚ ናብ እንዳጓል ምውፋሮም ኣብ እንዳወዲ ንመሰነይታ እቲ መርዓዊ ዝድረፍ ደርፊ ድረፉ?

ኣዕርኽቲ እናተሰራሰሩ እቶም ዝተረፉ ኣባላት ወራዲ መርዓ ሁራ እናስምዑ ናብ እንዳ ጓል ጉዕዞ ይግበር። ኣብቲ ጥቃ እንዳ ጓል ከበፅሑ ከለዉ ካብቲ ናይ እንዳ ጓል ዳስ ዝወፁ መናእሰይ ኣዋልድን ኣወዳትን /ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን/ ትፅብይ ፀኒሖም።

"ኣያይ ስጋኻ ስጋኻ
ትፅብይ ውዒለ ንዓኻ
ኣያየ ንበረይለየ…
ዕሰልየ… ሆ ዕሰልየ ዕሰልየ
ዕሰልየ… ሆ ኣብ ሜዳ ዕሰል፡፡
ኣቦኻ ምሰል…"

ብዝብሉ ደርፍታት ይቕበልዎም። ዓርኪ መርዓውን ካልኦት ኣባላት እቲ ወራዲ መርዓን ድማ እናተልሃዩ፣ ከበሮ እናወቕዑ እናዘለሉ ፀወታ ይጅምሩ። እቶም ተቐበልቲ'ዉን ምስኣቶም ተሓዊሶም ንዝተወሰነ ግዘ ፀወታ ይቕፅሉ። ኣብዚ እዋን'ዚ መርዓዊ እንተዘይተላህዩ እቶም ተቐበልቲ ነቲ መርዓዊ ብደርፊ "ኣያይ እዛ ንቡረይባየ… እናበሉ ንኽለህ ይገብሩዎ። ኣዕርኽቲ ዕቡቕ ገይሮም እንተዘይተላህዮምን ሳዕሲያምን ድማ "ኣዕሩኽቲ'ዶ ኣድልይዎምየ ኀመዲያ ወዲእዎምየ" እናበሉ ይፀርፍዎም። ምፅራፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ዳስ ቀልጢፎም ኣትዮም ከይዓርፉን ከይበልዑን'ዉን የደናጉይዎም። ስለዚ እንዳወዲ እዚኣ ስለዝፈርሑ ገና ካብ መጀመሪኡ መርዓዊ'ዉን ካብ ዝተሓፀየሉ ግዘ ጀሚሩ ትልሂትን ሳዕሲዒትን፣ ከበሮ ምውቃዕ ክለምድ ብዙሕ ፃዕሪ እዩ እናገበረ ዝፀንሕ። ኣዕርኽቲ'ዉን ተመሳሳሊ ከምኡ እንተዘይገይሮም ድማርኩ ዝምረፁ ኣይኮኑን። እቶም ካልኦት ኣባላት እቲ ወራድ መርዓ'ዉን ካብ ዝተሓፀየሉ ግዘ ጀሚሩ ትልሂትን ሳዕሲዒትን፣ ከበሮ ምውቃዕ ክለምዱ ብዙሕ ፃዕሪ እዩ እናገበረ ዝፀንሕ።

- ወራዲ መርዓ ናብ እንዳጓል ምሰበፅሑ ካብ እንዳጓል ዝወፁ መናእሰይ እንታይ ዝብል ደርፊ እናደረፉ ይቕበልዎም?
- መርዓዊ ምስ ኣዕርኽቱ ናብ እንዳጓል ምስበፅሑ ፅቡቕ ገይሮም እንተዘይተላሂዮም ዝድረፈሎም ደርፊ ድረፉ ?

እቶም ካልኦት ኣባላት እቲ ወራዲ መርዓ'ዉን እንተኾኑ ባህልን ወግዕን ናይቲ ከባቢ ዝፈልጡ ክኾኑ ኣለዎም። ገሊኦም ድማ ሁራን ኣውሎን ዝኽእሉ ክኾኑ ኣለዎም። ምኽንያቱ እቶም ሁራ ዝኽእሉ እቲ ወራዲ መርዓ ምስበልዐ ምስሰተየ ነቲ ፅቡቕ ብልፅን መስተን ናእዳ ከቕርቡ፣ እቶም ባህልን ወግዕን ናይቲ ከባቢ ዝፈልጡ ድማ ዋሕስ እንትቑፀርን ቃል- ኪዳን እንትእቶን ጌጋ እንተሃልዩ ስነ-ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ እቲ ጌጋ ክእረም ክገብሩ እዩ። እዚ ኹሉ ምስተገበረ እንዳጓል ነቶም ኣባላት እቲ ወራዲ መርዓ ናብ ዳስ እተዉ ይብልዎም። ኣብ ዳስ ኣትዮም'ዉን ፀወታ ምፅዋት ይቕፅሉ። ቁሩብ ምስተፃወቱ ኣብቲ ዳስ ብወገን የማን ኣብ ዝተዳለወሎም ቦታ ክዓርፉ ይግበር። ይብላዕ ይስተ ድሕሪኡ ብወገን እንዳጓልን እንዳወድን ክግበር ዝግበኦ ስነ-ስርዓት ምስተኻየደን ቃል ኪዳን ምስተኣሰረን መርዓቶም ሒዞም ይብገሱ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ እቲ ወራዲ መርዓ ተሲኡ ካብ ዳስ ይወፅእ መርዓዉን መርዓትን ብዓፅሩክቶም እናተሰነዩ ካብ ዳስ ይወፁ።

መርዓት ብፃዕዳ ሻሽ ገፃን ርእሳን ተሸፊና ፃዕዳ ክዳን ተኸዲና ኣብ ርእሲኡ ካባ ደሪባ እያ ካብ ዳስ ትወፅእ። ፀሓይ ከይወቕዓ ድማ ሓደ ካብቶም ኣዕርኹታ ዝኾነ በኹሪ ዓርኪ ፅላል የፅልለላ። ካብ ዳስ ውፅእ ምስ በለት ብዙሕ ኣይትፀንሕን ናብ በቕሊ ትድይብ። በኹሪ ዓርኪ ድማ ምስኣ ናብታ በቕሊ ይስቀል'ሞ ተጎራቢቱ ከይትወድቕ ደጊፉ ይሕዛ። ፅላል'ዉን የፅልለላ። በኹሪ ዓርኪ ማለት ነታ መርዓት ይኹን ነቲ መርዓዊ ቀንዲ ዓርኪ ማለት እዩ። ጉዕዞ ምስጀመሩ እቶም እንዳጓል ከፉንውዎም ከለዉ፦

> "ጓል ጎይታኻ እያ ጓል ንጉስ'የ
> ኣብልዓያ ጮማ ኣስትያ ሜስየ።

ዝብል ደርፊ እናደረፉ የፋንውዎም መፋነውቲ ናብቲ ናይ እንዳጓል ዳስ ተመሊሶም ክኣትዉ እንተለዉ፦

> "ማርያም ኢላ ጓል ማሪያም ኢላ
> ትመለስኽን ወዳ ሓዚላ። ዝብል ደርፊ እናደረፉ ናብ ዳስ ይኣትዉ።

- ቦኽሪ ዓርኪ እንታይ እዩ?
- እንዳጓል ንመርዓት እንተፋንዋኣ ዝደርፍኦ ድርፊ ድረፉ?

## ኣገባብ ገምጋም፦

ባህላዊ ፀወታ መርዓ ምንቅስቓሳት፣ ኣልባሳትን መሳርሕታት ሙዚቃን ብንድፊ፣ ልኽያ ተጠቒሞም ክገልፁ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 2.2.2 ብንድፊ ኣምሲልካ ምስራሕ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ብዛዕባ ባህላዊ ፀወታታት መርዓ ዝተረድኡዎ ብንድፊን ቅብኣ ሕብሪን ይሰርሑ፤
- ዝረኣዩዎን ዝተዓዘብዎን ብንድፊ ኣምሲሎም ይሰርሑ፤
- ከባቢኦም ብምድናቕ ብንድፊን ቅብኣን ኣምሲሎም ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጠቐምቲ ናውቲ፣
- መሳርሕታት መስርሒ ንድፊ/እርሳስ፣ ላጲስ፣ ሕብሪ፣ ከለር፣ መቕረፂ እርሳስ፣
- ማይ ሕብሪ፣ ብሩሽ፣ ክራዩን /ከምቾክ ዝመስል ንመስኣሊ ዘገልግል/፣ ከለር፣ እርሳስ፣
- ፕላስተር፣
- መትሓዚ ወረቐት ክሊፕ፣
- ፖስተራት፣
- ፎቶግራፋት፣
- ስእልታት፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

- ኣብ ከባቢኦም ዝርእዩዎም ዝተፈላለዩ ናውቲ ብምዕዛብ ብንድፊ ኣምሲሎም ክሰርሑ ምግባር።
- ካብ ፖስተራት፣ ስእልታት፣ ፎቶግራፋት ብንድፊ ኮፒ ኣምሲሎም ክሰርሑ ምግባር።
- ብልኺያ ሕብሪ ንድፊ ንክሰርሑ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ንድፊ ሕንፃዕ ተጠቒምካ ሓደ ነገር ትገልፀሉ እዩ። ብመልክዕ ንድፊ ዝተሰርሑ ነገራት እንሪኦምን ትርጉም እንህቦምን ከከም ክእለት ምልከታናን ኣብ ሕንፃፃት መፅናዕቲ ብዘለና ልምድን ተሞክሮን ኮይኑ፤ ኩሉ እንሪኦ ኣብ ወረቐት፣ ኣብ ሸራ፣ ንንድፊ /ስእሊ/ ምችው ኣብ ዝኾነ ቦታ ኩሉ ብንድፊ ኣምሲልና ምስራሕ ንኽእል።

ኣብዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ከከም ምስሊ ናይ ምስኣል ክእለቶም ዝሪኡዎም ብንድፊ ኣምሲሎም ምስራሕ ይኽእሉ። ንኣብነት ምንቅስቓስ ሰባት፣ ኣቀማምጣ ገዛውቲ፣ ኅቦታት፣ ተኽልታት፣ ምንቅስቓስ እንስሳት ብንድፊ ኣምሲሎም የቐምጡ። እዚ ማለት ድማ ብናይ ውልቆም ኣመለኻኽታን ትዕዝብትን ኣምሲሎም ዝሰርሑ እምበር ከም ዘሎ እቲ ዝረኣዩዎ ስእሊ ቀዲሕኻ ምስራሕ ትፅቢት ከምዘይግበር ምርዳእ የድሊ። ብመሰረት ዝሰርሕዎ ንድፊ ዝስማማዕ ሕብሪ ክለኽዩዎ ኢሉ'ዉን ብምንቅስቓስን መዝሙርን ክገልፁን ነፃ ኮይኖም ክፃወቱን ምግባር ቀንዲ ተግባር እዚ ርእሲ እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝሪኡዎም ዝተፈላለዩ ናውቲ፣ ብንድፊ ኣምሲሎም ሰሪሖም ክመፁ ምግባር፤
- ብተወሳኺ ብልኺያ ሕብሪ ሰሪሖም ክመፁ ምትብባዕ፤
- ተምሃሮ ሰሪሖም ዘምፅኡዎም ዝሐሸ ወይ ብሉፅ ዝኾነ ብመሰረት ረቛሓ ብሓባር ክመርፁ ምግባር፤
- ዝበለፀ ወይ ዝሐሸ ዝተሰርሐ ምስ መረፁ ኣብ ዝረኣይ ቦታ ክቕመጥ ብምግባር ተምሃሮ ኣድናቆቶም ክገልፁ ምግባር፤

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ብንድፊ ኣምሲሎም ምስራሕ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ኣብ ሞንጎ ንድፍን ልኺያ ሕብርን ዘሎ ፅባቐ ተገነዚቦም ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 2.3 ባህላዊ ፀወታ ክብረ በዓላት

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 6

## 2.3.1 ኣብ ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታት

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ካብ 1 ክሳብ 2 ዝኾኑ ኣብ ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ዓይነታት ባህላዊ ፀወታታት ይዝርዝሩ፤
- ካብ 1-2 ዝኾኑ ባህላዊ ፀወታታት ክብረ በዓላት ይፃወቱ፤
- ኣብ ግዘ ክብረ በዓላት ዝኽደኑ ኣልባሳት ይገልፁ፤
- ኣብ እዋን ክብረ በዓላት እንጥቀመሎም ኣልባሳት ብተግባር ተኸዲኖም የርእዩ፤
- ኣብ እዋን ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታት የድንቑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዝተፈላለዩ ስእልታት፣
- ፖስተራት፣
- ፎቶግራፋት፣
- ዝተፈላለዩ ኣልባሳት ብሄር ብሄረሰባት፣
- ከበሮ፣ በትሪ ረምታ፣
- ፀናፅል፣
- መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ፣ወዘተ።

### መነቓቕሒ፦

- ርእሲ ዕለታዊ ትምህርቲ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝስራሕ ንተምሃሮ ኣቓዲምካ መብርሂ ምሃብ።
- ዝተፈላለዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ተጠቒምካ ኣብ እዋን ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታትን ዓይነቶምን ብምዝርዛር ክፃወቱዎ ምግባር።
- ኣብ እዋን በዓላት ዝፅወቱ ባህላዊ ፀወታታት ብሄር ብሄረሰባት ዘለዉ ቅዲ ኣከዳድና ተኸቲሎም ተኸዲኖም ክመፁ መምርሒን መተባብዕን ብምሃብ ተግባራዊ ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

- ኣብ ክብረ በዓላት ዝፍፀሙ ባህላዊ ፀወታታት ጥንቃቐ ክግበረሎም ዝግብኡ ምኳኖም ብምሕባር ተምሃሮ ዘለዎም ተሞክሮን ድሌት ምፅዋትን ብምግንዛብ ሒዞምዎም ዝመፁ ተሞክሮታትን ግንዛበን መሰረት ጌርካ ክዝርዝርዎምን ክፈልዩዎምን ምግባር። ኣብ ሕድ ሕድ ዘሎ ተመሳሳልነትን ፍልልይን ክዛረቡ፣ ብተግባር ሰሪሖም ከርእዩ፣ ብደርፍን መዝሙርን ከቕርቡ፣ ብንድፌ ክገልፁ፣ ብልኽያ ሕብሪ ከመላኽዑን ስምዒቶም ክገልፁን፣ ወዘተ ትኹረት ምሃብ ትፅቢት ይግበር።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ኣብ ግዘ ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታትን ዓይነቶምን ክዝርዝሩ ሕቶ ምቕራብ፤
- መዓዝ፣ ኣበይን ብኸመይን ከምዝፅወቱ ክገልፁ ምግባር፤
- ኣብ እዋን ፀወታ ዝኽደኑ ኣልባሳት ሕብሮም፣ ወዘተ ክመያየጡ ምግባር፤
- ተምሃሮ ዝመረፅዎም ባህላዊ ፀወታታት ክብረ በዓላት ምስ ውቅዒት ሙዚቃ ኣዋዲዶም ብጉጅለን ብፅምድን ክፃወቱ ምግባር፤
- ክብረ በዓላት ዝገልፁ ፀወታታት ብሲዲ ወይ ኦዲዮ ቪዥዋል ኣደጊፍካ ከዳምፅዎን ክሪኡዎን ብምግባር ሜላን ኣገባብን እቲ ፀወታ እንታይ ከምዝመስል ክገልፁ ምግባር፤
- ተምሃሮ ነፃ ኮይኖም ዝመረፅዎም ባህላዊ ፀወታታት ብመልክዕ ምሉእ ፀወታ (ኣገባብ ኣፀዋውታን ኣከዳድናን) ዝተኸተለ ክገልፁን ዝቐርብሎም ሕቶታት ምላሽ ክህቡን ምግባ፤
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ ነፃ ኮይኖም ብመልክዕ ተግባራዊ ምንቅስቓስ (ብተልሂት፣ ጓይላ፣ ድምፂ ብምውፃእ፣ ኣልባሳት ብምድላው) ክፃወቱን ረብሕኡ ክግንዘቡን ክኽተልዎን ምግባር፤
- ባህላዊ መሳርሒታት ሙዚቃ፣ ኣብ ክብረ በዓላት ዝዝውተሩ ኣከዳድናን ምንቅስቓስን ዝገልፁ ምስልታት ብመልክዕ ንድፊ፣ ሕብሪ ተጠቒሞም ክሰርሑ ምግባር።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ባህላዊ ፀወታታት ክብረ በዓላት ብተግባር ምፅዋቶም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ዜማ፣ መዝሙራትን ደርፍታትን ክብረ በዓላት ብመልክዕ ምንቅስቓስ ምኳኖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ባህላዊ ፀወታታት ምዝርዛር ምኽኣሎም ብመልክዕ ሕቶ ምርግጋፅ።
- በቶም ዝተፃወቱዎም ባህላዊ ፀወታታት ክብረ በዓላት ምዕጋቦምን ምሕጓሶምን ብምልከታ፣ ብሕቶን መልስን ምርግጋፅ ።

## 2.3.2 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ፀወታታት፣ ምንቅስቓሳትን ባህላዊ ኣልባሳትን ብንድፊ ሰሪሖም የርእዩ፤
- ፀወታታት፣ ምንቅስቓሳትን ባህላዊ ኣልባሳትን ብሕብሪ ለኽዮም ሰሪሖም የርእዩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ፖስተራት፣
- ስእልታት፣
- ፎቶግራፋት፣
- እርሳስ፣
- መደምሰስ
- ወረቐት፣ ወዘተ።

### መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ቅድም ክብል ካብ ዝተረድኡዎምን ዘለዎም ግንዛበን ብምብጋስ ባህላዊ ፀወታታት በዓላት ብንድፊ ሰሪሖም ክመፁ ምትብባዕ፡፡ ኣብ መወዳእታ ንፁር ዝኾነ መምርሒ ምሃብ።

- ዝተሰርሑ ንድፍታት ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ተጠቒሞም ብልኸያ ሕብሪ ኣዳልዮም ክመፁ ምግባር። መምህር ኣቐዲሞም ቅድም ክብል ካብ ዝተሰርሑ ምስልታትን ፎቶግራፋትን የርእዩዎም።
- ተምሃሮ ብዛዕባ ዝሰርሕዎም ንድፍታትን ሕብርታትን ፅባቐኦም ኣመልኪቱ ዝፈጠረሎም ስምዒት ኣድናቆቶም ክገልፁ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

- ተምሃሮ ኣብ እዋን በዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ኣልባሳት ሕብርታት፣ ዲዛይናት፣ ትኹረት ጌይሮም ዝሰርሕዎ ብንድፊ፣ ልኸያ ሕብሪን ምግላፅ ከምዝግባእ ምቹዊ ኩነታት ምፍጣር ካብ መምህር ትፅቢት ይግበር።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ኣብ እዋን ባዓላት ዝዝውተሩ ባህላዊ ፀወታታት ብናይ ዓርሶም ሜላ ኣገላልፃ ብመልክዕ ንድፊ፣ ልኸያ ሕብሪን ካልኦት ተመሳሰልቲ ቅድታትን ክሰርሕዎም ዘለዎምን ዝስምዖምን ዝምልከት ሓሳብን ርኢቶን ክህቡ ምትብባዕ።
- ባህላዊ ፀወታታት ባዓላት ብመልክዕ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ምምልኻዕ ዘለዎ ረብሓ ክገልፁ ንጥፈት ጉጅለ ዕዮ ምሃብ።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ባህላዊ ፀወታታት ክብረ በዓላት ብመልክዕ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ምግላፆም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ኣልባሳትን መሳርሕታት ሙዚቃን ብመልክዕ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ምስራሕ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- እዚ ዝተምሃርዎ ርእሲ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ክንደፍ ዝከኣል ምዃኑ ምግላፅ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 2.4 መሳርሕታት ባህላዊ ሙዚቃ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

## 2.4.1 ኣብ ከባቢኦም ዝፍለጡ መሳርሕታት ባህላዊ ሙዚቃ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ካብ 1-2 ዓይነታት ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ይዝርዝሩ፤
- ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ባህላዊ ፀወታታት ብሓባር ብምፅዋት ማሕበራዊ ርክቦም የንፀባርቑ፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ባህላዊ ፀወታታት ዝፈልጥዎም ተሞክሮኦም ይለዋወጡ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ፖስተራት፣
- ፎቶግራፋት፣
- ከበሮ፣
- ዕንድር ፋፃ፣
- ክራር፣
- ጭራዋጣ፣ ወዘተ፡፡

መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ብኣካል፣ ፎቶግራፋትን ፖስተራትን ክሪኡ ብምግባር ከመይ ከምንጥቀመሎም ምሕታት።
- ተምሃሮ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ካብ ምንታይ ከምዝስርሑ ክገልፁ ምሕታት።

ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝፍለጡ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ድምፅን ኣገባብ ኣጠቓቕማን ብዝምልከት ተምሃሮ ግዘ ወሲዶም ግንዛበ ክረኽቡ ኣቐዲምካ ኩነታት ምምችቻው የድሊ።

ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ክዝርዝሩ ምግባር።
- ሕድ ሕድ መሳርሒ ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝውዕልን መዓዝ ከምእንጥቀመሉን ምሕታት።

ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ ከባቢኦም እንታይ እንታይ ዓይነት ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ከምዝርከብ ብመልክዕ ሕቶ ምርግጋፅ።
- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ኣየናይ ካብ ፈትሊ ወይ ካብ መስፈይ ጫማ ጅማት ዝተሰርሐ ከምዝኾነ ብሕቶ ምርግጋፅ።

## 2.4.2 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 2

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ካብ 1-2 ዝበፅሑ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ነዚ ርእሲ ትምህርቲ ዝገልፁ ስእልታት፣ ፎቶግራፋትን ፖስተራትን፣
- መደምሰስ፣ እርሳስ፣ ብሩሽ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕብሪ፣
- ንድፈን ልኽያ ሕብሪን ንምስራሕ ኣድለይቲ ዝኾኑ መሳርሕታት፤

**መነቓቕሒ፦**

- መሳርሕታት ባህላዊ ሙዚቃን ኣብ እዋን ባዓላት ዝዝውተሩ ኣልባሳትን ዝገልፁ ምስልታት ብንድፊ፣ ብሕብሪ ኣዋዲዶም ክሰርሑ ምግባር።

**ሓበሬታ ንመምህር፦**

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝፍለጡ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ፍልልዮም ተረዲኦም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ምቕራብ ንክኽእሉ ኩነታት ምምችቻው የድሊ።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፦**

- ኣብ ከባቢኦም ዝዝውተሩ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ክዝርዝሩ ሕቶ ምቕራብ።
- መዓዝ፣ ኣበይን ብኸመይን ከምዝፅወቱ ክገልፁ ሕቶ ምቕራብ።
- ኣገባብ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ምሕታት፡፡
- ተምሃሮ ካብዝሃብዎ መልሲ ብምብጋስ ቅድም ኢሎም ዝተማሃርዎ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ኣጠናኺርካ ምግላፅ፡፡
- ቅድሚ ሕዚ ምስልታት ንድፊን ልኽያ ሕብርን ዘይተሰርሐሎም ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ፣ ምስልታት ንድፊን ልኽያ ሕብርን ተጠቒሞም ክሰርሑ ዕዮ ጉጅለ ምሃብ።
- ዝተመርፁ ንድፊን ልኽያ ሕብርን ብመርኣያ ክቕመጡ ምግባር፡፡

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ኣብ ከባቢኦም ዝዝውተሩ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ምዝርዛር ምኽኣሎም ብሕቶ መልክዕ ምርግጋፅ።
- እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ምግላፅ ምኽኣሎም ብሕቶ መልዕ ምርግጋፅ።
- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምግላፅ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 2.5 እንታይነትን ረብሓን ባህላዊ ሓድግታት

**ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2**

## 2.5.1 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ረብሓ ባህላዊ ሓድግታት ይገልፁ፤
- ብመዝሙር ተሰኒዩ ዝግበር ምንቅስቓስ (ተልሂትን ጓይላን) ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ምንቅስቓስ ኣካላትን ውቅዒት መሳርሕታት ሙዚቃን ኣዋዲዶም መዝሙር ሰሪሖም የቕርቡ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ቴፕ ሪከርደር፣ ሲዲ፣ ፍላሽ፣
- ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣
- እርሳስ፣ መደምሰስ፣ ብሩሽ፣ ወዘተ።

## መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ብሓባር ዝፈልጥዎም መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

- ተምሃሮ ትርጉምን እንታይነትን መዝሙር ብዝግባእ ተረዲኦም ባህላዊ ሓድግታት ከባቢኦም ክፈልዩ፣ ክፈልጡን ክሕብሕቡን ኢሉ'ውን ብንድፍን ልኽያ ሕብርን፣ ብምንቅስቓስ ክገልፁ ብምግባር ምትብባዕ ኣገዳሲ ኾይኑ ተምሃሮ ድማ በዚ ኣንፈት ተረዲኦም ክነጥፉ ምግባር እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ብዛዕባ መዝሙር ዘለዎም ግንዛበ ክዝርዝሩ ምሕታት።
- ተምሃሮ መዝሙር ባህላዊ ሓድግታት ብናይ ባዕሎም ተሞክሮ ክዝምሩ ዕድል ምሃብ።
- ምንቅስቓሳት መዝሙር ብዝምልከት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምስ ምክንኻን ባህላዊ ሓድግታት ዝተተሓሓዙ መዝሙራት ይዝምሩ።

| | |
|---|---|
| **መዝሙር፦ ባህልና**<br>ሓድጊ ወለዲ መኸሩዒት ባህልና<br>ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ዕዴና<br>ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኹላትና(2)<br>ያታዊ ዝፀንሐ ድልዱል እዩ ሓድነትና<br>መፍለይና እዮም ባህላዊ ኣልባሳትና<br>ክንክን ሓድግታት ከፅንየ ወለዶና<br>ይግባእ ባህልና ክነልምየ ክነዕብዮ<br>ሓድጊ ወለድና መኸሩዒ ባህልና<br>ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ዕዴና<br>ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኹላትና(2) | ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ሃገራዊ ልምዓት<br>እጃሙ ልዑል'ዩ ከም ባህላዊ ስርዓት<br>ብሓድነት ምስራሕ ኣብ ማሕበራዊ ናብራና<br>ኣጋይሽ ምቕባል መኩርዒ ባህልና።<br>ሓድጊ ወለድና መኹርዒ ባህልና<br>ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ዕዴና<br>ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኹላትና(2)<br>ዕላል ኹላትና እያ ዓምቢባ ክትፈሪ<br>ባህልና ክትሕብሕብ ናይ ኹላትና ኽብሪ<br>ዓቢና ምሳኺ ንቕድሚት ሰድሪ<br>ኣለና ምሳኺ ንቕድሚት ሰድሪ፡፡ |

ፊለማ እቲ ግጥሚ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፀሓፈሎም። ብድሕሪኡ ክልተ ወይ ሰለስተ ዝኾኑ ተምሃሮ በብውልቀ እናተስኡ ንኹሉ ከምዝስማዕ ዓው ኢሎም ከንብብዎ ይግበሩ።

- ኣብቲ ግጥሚ ዘይተረድኦም ወይ ድማ ግልፂ ዘይኮነሎም ሓሳብ፣ ቃላት እንተልዮም ክሓቱ ዕድል ይሃብዎም። ዝቐረብ ሕቶ መሰረት ብምግባር ገለፃ ይግበሩሎም።
- እቲ ግጥሚ ብቃሎም ኣፅኒዖም ምስወድኡ ካብ ሲዲ፣ ፍለሽ እናዳመፁ እቲ ዜማ ክለማመዱ ምግባር።
- ኣብ መወዳእታ ብሓባር ኮይኖም ብመሳርሒ እናተሰነዩ ክዝምሩ ይግበሩ። ተምሃሮ እዚ

ብመዝሙር ዝተውሃቦም ትምህርቲ ክንደየናይ ከምዝጨበጡ ንምፍላጥ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት የቕርብሎም።

- ባህሊ እንታይ ማለት እዩ? ብምንታይ ክግለፅ ይኽእል?
- ጠቐምትን ጎዳእትን ባህልታት ጥቐሱ?
- ብምህዞ ክነማዕብሎም ካብ ዝግቡኡ ስራሕቲ ሰለስተ ኣብነት ጥቐሱ?

**ኣገባብ ገምጋም፦**

- እንታይነትን ረብሓን ባህላዊ ሓድግታት ብመዝሙር ምግላፅን ምርዳእን ምኽእሎም ብተግባር ብምድማፅ ምርግጋፅ።
- ብመልክዕ መዝሙር ክገልፁ እንከለዉ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተሰነየ ምዃኑ ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ባህላዊ ሓድግታት ብንድፍን ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

ባህሊ ዕምቆትን ስፍሓትን ዘለዎ ኣምር እዩ። ዕምቆትን ስፍሓቱን ብዉሑድ ቃላት ወይ ሙሉእ ሓሳብ ምግላፅ የፀግም እዩ። ባህሊ ብሄርን ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ሓዲኦም ካብ ገሊኦም ዝፍለይሉ ማሕበረ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ምምሕዳራዊ፣ ስነ ምግባራዊ፣ ሃይማኖታዊን ስነ ልቦናውን ኩነታትን፣ ወዘተ ከም ዝኾነ ይፍለጥ።

እቲ ሓደ ቁልፊ መግለፂ ህዝቢ ትግራይ ባህሊ እዩ። ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ሓድግታት ብትሕዝቶ፣ ብዓይነትን ብበዝሕን እንትረአ ብርክት ዝበሉ ኮይኖም እዚኦም ድማ ካብ መሰረታዊ ደረጃ ትምህርቲ ጀሚሩ ክፈልጥዎም ብመዳይ ትምህርቲ ድማ ብመልክዕ ሙዚቃ፣ ስነጥበብን ባህላዊ ስፖርትን ዝቐርብሎም ትሕዝቶ ፍልጠትን ግንዛበን ሒዞም ባህሎም ክሕብሕቡን ንቐፃሊ ብዕምቆት ክመሃርዎምን ምስራሕ ወሳኒ እዩ።

## መጠቓለሊ ሕቶታት፡-

1. ባህሊ እንታይ እዩ?
2. ሓድጊ እንታይ እዩ?
3. ረብሓ ሓድጊ እንታይ እዩ?
4. እንታይ እንታይ ባህላዊ ፀወታታት ትፈልጡ?
5. ዝተፈላለዩ ፀወታታት ብሕብረት ምፅዋት ዘለዎ ረብሓ እንታይ እዩ?
6. ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ እንታይ እንታይ ትፈልጡ?
7. ንድፊ እንታይ እዩ? ልኽዕ ሕብሪ ኸ?
8. ከይዲ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽዕ ሕብርን ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ጥንቃቐን ድሕንነትን

**ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 14**

## መእተዊ፡-

ጥንቃቐን ድሕንነትን ማለት ሕብረተሰብ ከባቢኡ ብምክንኻን ካብ ዝተፈላለዩ ተላገብቲ /ተመሓላለፍቲ/ ሕማማት፣ ካብ ሓደጋ ትራፊክ ወዘተ ዓርሱ ንምሕላው ወይ ንምክልኻል ጥዕንኡን ድሕንነቱን ሕሉው ንክኸውን ዝገብሮ ተግባር እዩ።

ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ጥንቃቐን ድሕንነትን እንተወሲድና ድማ ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመኦምን ደረጃ ክፍሎምን መምህሪ ክፍሎምን ከባቢኦምን ንምዕራይ ዝተፈላለዩ ተኽልታት፣ ዕምበባታት፣ ፍዮሪታት ምትካል፣ ማይ እናስተኻን እናኾስኮስካን ብደምቢ ምክንኻን፣ ዝተተኸሉ ተኽልታት ዘይምብልሻው ፣ ዘይምርጋፅን ምቑራን፣ ብሓፈሻ ፅሬት መምህሪ ክፍልን ከባቢኡ ብፅሬት ምሓዝ፣ ብንፋስ ኣቢሉ ብዝለዓል ደሮና ከምኡ'ዉን ብኻልኦት ምኽንያታት ካብ ዝመፁ ተላገብቲ ሕማማት ኣብነት ሕማም ዓይንን፣ ኣዝዩ ቀዛፊ ካብ ዝኾነ ሓደጋ ትራፊ ንምድሓን /ንምክልኻል/ ዝሕግዙ ብመዝሙር፣ ብደርፊ፣ ብስፖርታዊ ምንቅስቓስ፣ ብንድፊ /ስእሊ/ ወዘተ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ግንዛበ መዕበዩ ትምህርቲ ብምውዳድ ተምሃሮ ዓርሶም ብምክልኻል ጥዕነኦምን ድሕንነቶምን ሕሉው ንምግባር እዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ትሕቲ እዚ ምዕራፍ ቀፅሪ ገዛን ከባቢኡን ብተኽልታትን ዕንበባታትን ምፅባቕ፣ ምቁራፅ መንገድን ውሑጅን ከምኡ'ዉን ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዝብሉ ትሕዝቶታት ተኻቲቶም ኣለዉ።

ተምሃሮ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ትሕዝቶታት ምስተምሃሩ ብደረጅኦም ከምፅእዎ ዝግባእ ናይ ባህሪ ለውጢ ብምምፃእ ንባዕሎም ግቡእ ጥንቃቐን ድሕንነትን ብምግባር ንኻልኦት መርኣያ ይኾኑ።

## ካብዚ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት፡-

### ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፡-

- ቀፅርን ከባቢ ገዛን ከምኡ'ዉን መምህሪ ክፍልን ከባቢኡን ብፅሬት ምሓዝን ምምልኻዕን ረብሓኡ እንታይ ከምዝኾነ ይርድኡ፤
- ኣብ እዋን ምንቅስቓስ መንገዲ /ዕርጊያ/ ምቁራፅ፣ ኣጠቓቕማ ቢንቶ /ድልድል/፣ ኣብ ምቁራፅ ዉሑጅ ወዘተ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ብመዝሙር፣ ከምኡ'ዉን ብዝተፈላለዩ ፀወታታት ኣቢሎም ይግንዘቡ፤
- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ.. ኤድስ ኣድልዎን ምግላልን ምግባር ዘሕድሮ ፅልዋ ተገንዚቦም ግቡእ ክንክንን ሓገዝን ይገብሩ፤
- ብናይ ባዕሎም ግንዛበ ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን ብንድፍን ልኽዕ ሕብርን ዝተፈላለዩ ምስልታት ብምስራሕ ክእለቶም የዕብዩ፤

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ትምህርታዊ ጉዕዞ /ዑደት/
- ገለፃ

- ዕዮ ጉጅለ
- ምይይጥ
- ዕዮ ክፍሊ
- ዕዮ ገዛ፣ ወዘተ፡፡

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ምስቲ ርእሲ ርክብ ዘለዎም ፖስተራት፣ ስእልታት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልምታት፣
- ንንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ መሳርሒታት /ናውትታት/፣
- ከበሮ፣ በትሪ፣ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ፣
- ሲዲን፣ ፍሌሽን ቴፕ ሪከርደርን፣ ወዘተ፡፡

# 3.1 ቀፅሪ ገዛን ከባብን ብተኽልታት ምምልኻዕ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

## 3.1.1 ቀፅሪ ገዛን ከባብን ብተኽልታት ምግያፅ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ቀፅሪ ገዛን ከባብን ንምምዕራግ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ መንገድታት ወይ ሜላታት ይዝርዝሩ፤
- ቀፅሪ ገዛን ከባብን ብተኽልታትን ዕንበባታትን ምምዕራግ ዘለዎ ረብሓ ይዝርዝሩ፤
- ዝማዕረገ ቀፅር ገዛን ከባብን  የድንቑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ፖስተር፣ ስእሊ፣ ፎቶግራፍ፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ብዛዕባ ተኽልታትን ዕንበባታትን ዝምልከት ዝፈልጥዎ መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ፣
- ቆልዑ ውሽጢ ገዛን ቀፅሪ ገዛን እንተፅርዩ፣ ፈልስታት እንትተኽሉ፣ ማይ እንተስትዩን እንትኩስኩሱን ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ፊልሚ ወዘተ ክሪኡ ምግባር፤

### ሓበሬታ፡-

- ወድሰብ ምስ ተፈጥሮ ማለት ተኽልታት፣ እንስሳት፣ ጎቦታት፣ ወዘተ ዝጠበቐን ሰፊሕን ርክብ ኣለዎ። ስለዝኾነ ገዛን ቀፅሪ ገዛ ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕንበባታትን ምምዕራግ /ምፅባቕ/ ህፃናት ተምሃሮ ብዙሕ ትምህርቲ ክጭብጥሉ ዝኽእሉ ትሕዝቶ እዩ። ስለዚ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዘለው ተምሃሮ ምስ ነበርቲ ከባቢኦም፣ መሓዙቶም፣ ምስ ከባቢ ሕብረተሰብ ብምኻን  ቀፅሪ ገዝኦምን ከባቢኦምን ብዝተፈላለዩ ደስ ዝብሉን ስሓብትን ተኽልታትን ዕንበባታት ከመላኽዑ፣ ማይ ብምስታይን ብምኹስኳስን ክከናኸኑ ምትብባዕ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ካብ ዘለዎም ሕሉፍ ተሞኩሮ ተላዒሎም ብዛዕባ ረብሓ ተኽልታት ከምኡ'ዉን ምክንኻን ተኽልታት ክዛረቡ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል ብጉጅለታት ብምውዳብ ብዛዕባ ረብሓን ምክንኻንን ተኽልታት ክመያየጡ ምግባር፣ ተመያይጦም ዝተሰማምዑሎም ነጥብታት ድማ ብመራሕቲ ጉጅለ ኣቢሉ ናብ ክፍሊ ክቐርብ ብምግባር ሓበራዊ ምይይጥ ምክያድ።
- ተምሃሮ ዝሃብዎ መልሲ መበገሲ ብምግባር ተኽልታት፣ ዓበይቲ ኣእዋም፣ ዕንበባታት፣ ሳዕርን ብምባል ነናይ ባዕሎም መፀውዒ ስም ከም ዘለዎም መምህር ኣብነታት ብምጥቃስ የጠናኽርሎም። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ስም ዝፈልጡዎም ተኽልታት፣ ኣእዋም፣ ዕንበባታት፣ ሳዕርን ክፅውዑ/ክፀርሑ/ ምትብባዕ።
- ካብ ቀፅሪ ገዝኦምን ካብ ገዝኦም ወፃኢ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተኽልታትን ዕንበባታትን ከመይ ከምዝጥቀሙሎምን ንምንታይ ከምዝጥቀምሎም ክዛረቡ ምትብባዕ።
- ብድሕሪኡ ቀፅርን ገዛኻ ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕንበባታትን ምግያፅ እቲ ከባቢ ፅሩይን ስሓባይን ስለዝኸውን ዓይኒ ፅቡቕ ይርኢ፣ ፅሩይ ኣየር ትትንፍስ፣ ብሓፈሻ እቲ ሕብረተሰብ ጥዕንኡ ተሓልዩ ሕጉስ ኮይኑ ክነብር ከምዝኽእል መምህር የረድእዎም።
- ኣብ መወዳእታ ኣብ ቀፅሪ መንበሪ ገዝኦም ይኹን ካብ ቀፅሪ ወፃኢ ዝርከቡ ተኽልታት ወይ ዕንበባታት ደስ ዝበሎም መሪፃም ስኢሎም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃቡዎም። ስኢሎም ምስ መፁ ድማ በብተራ እናወፁ ንመማህርቶም ክርእዩ ምግባር፡፡ ዝሐሹ ዝብልዎም ስእልታት ተምሃሮ ባዕልሎም ክመርፁ ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ መንበሪ ገዛኹም እንታይ እንታይ ተኽልታትን ዕንበባታትን ኣለዉ? ካብ ቀፅሪ መንበሪ ገዛኹም ወፃኢ ኸ እንታይ ዓይነት ተኽልታትን ዕንበባታትን ኣለዉ? መን እዩ ተኺሉዎም? መዓዝ ተተኺሎም? ንስኻትኩም ከ ፈልሲ ተኺልኩም ዶ ትፈልጡ? ዝተኸልኩምዎም ፈልስታት ከመይ ትከናኸንዎም? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ዝተሰመየም ወይ ዝሓደሮም ስሚዒት ምግምጋም።
- ብዛዕባ ከባቢኻ ብተኽልታትን ዕንበባታትን ምምዕራግን ምክንኻን ተኽልታት/ፈልስታት/ ዝጥምት መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 3.1.2 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ብምንባብን ብምድማፅ ፍረ ሓሳብ እቲ መዝሙር ይርድኡ፤
- ቀፅርን መንበሪ ገዛን ከባብን ብተኽልታትን ዕንበባታትን ምምልኻዕ /ምግያፅ/ ዝጥምት መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ይዝምሩ፤
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ተረዲኦም የድንቑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪቲምስቲክ/፣ ፀናፅል፣ ማራኻሽ፣ ከባቢኻ ብተኽልታትን ዕንበባታትን ምምልኻዕ ዝጥምት መዝሙር ዝተቐረፆ ሲዲ ወይ ፍሌሽ ከምኡ'ዉን ቴፕ ሪከርደር /ቴፕ/ እንተተረኺቡ ድማ ኪ-ቦርድ ወይ ኦርጋን ወዘተ..፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ቅድሚ ሐዚ ዝፈልጡዎ ደስ ዝበሎም መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ።
- ግጥሚ እቲ መዝሙር ደጋጊሞም ከንብብዎን ከፅንዕዎን ምትብባዕ።
- እዚ መዝሙር እንታይ መልእኽቲ ከምዘመሓላልፍ ክምልሱ ምሕታት።

## ሓበሬታ፡-

- መዝሙር ቅድሚ ምስትምሃር ሓፈሻዊ ሜላ ኣመሃህራ መዝሙር ምፍላጥ ይግባእ። ዝሓሸ ሜላ ኣመሃህራ መዝሙር ፈለማ መስመር ብመስመር ምስትምሃር ማለት ሕድ ሕድ መስመር/ተለላ/ ክዝምሩ ምግባር ድሓር ድማ ብምውዳድ ክዝምሩ ምግባር እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ተምሃሮ ቅድሚ ሐዚ ዝፈልጡዎ ደስ ዝበሎም መዝሙር መሪፆም ክዝምሩ ምትብባዕ።
- እቲ ዝተዳለወ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ምሕባር። ግጥሚ እዚ መዝሙር ብቃሎም ብደንቢ ክሳብ ዝሕዝዎ ደጋጊሞም ብምንባብ ክፅንዕዎ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል ሜላ ኣመሃህራ ሰሪሕኻ ምርኣይ ብምጥቃም ዜማ እቲ መዝሙር ኣፀቢቖም ክሳብ ዝመልኩዎ ደጋጊሞም ክዝምርዎ/ከዚሙ/ ምትብባዕ።
- ብድሕሪኡ ሜላ ኣመሃህራ መስመር ብመስመር ተጠቒምካ ብምስትምሃር ነቲ መዝሙር ብዝግባእ ክመልኩዎን ክዝምርዎን ምግባር።
- ኣስዒብካ እቲ ብካሴት ዝተቐረፀ መዝሙር ቴፕ ከፊትካ ዕን ኢሎም ከዳምፁ ምዝራብ። ቀፂሎም ድማ ምስቲ ዝተኸፈተ ቴፕ ሓቢሮም ክዝምሩ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ ብመልክዕ ውድድር ክዝምሩ ምትብባዕ። ካብ መንጎ ኣባላት ጉጅለ ነቲ መዝሙር ብዝግባእ ማለት በቲ ዝድለ ኣገባብ ዝዘመሩ ወፂኦም ንኣባላት ጉጅለኦም ክዝምሩሎም ምግባር። እቶም ዝተረፉ ኣባላት ጉጅለ ድማ ሓቢሮም ክዝምሩ ምትብባዕ።
- ብኸበሮ፣ ብበትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/ እናተሰነዩ ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ክዝምሩ ምትብባዕ።

### መዝሙር፡- ክተክል እየ ተኽሊ

ተኽሊ ህይወት ምዃኑ ተረዲአ ካብ መምህረይ
ክተክልየ ተኽሊ ኣብ ቀፅሪ ገዛይ
ክፅብቐለይ ክኾነለይ ሓምለዋይ
ማይ ከስትየ እየ ክኩስኩስ ብውልቀይ፡፡/2/
　　ክከናኽኖ እየ ክሳብ ዝዓብየለይ
　　ብቆፃል ብብጫ ብቀይሕ ዕንበባ ከጋይፆ እየ ገዛይ
　　ባህ ክብሎም ኣቦይ ኣደይ ኩሎም ስድራ ቤተይ

ክምሩቁኒ ኢሎም የዕቢኻ ዝወደይ፡፡ /2ግዘ/
በሉ ስምዑ ደቂ ክፍለይ ኩሉኹም መሓዙተይ
ኣብ ቀፅሪ ገዛኹም ተኽሊ ትኽሉ ከምዚ ከማይ
ኣስተዩዎ ማይ ኮስኩስዎ ከምዚ ከማይ
ድማ ከባቢኹም ክኸውን ሓምለዋይ፡፡ /2ግዘ/



ስእሊ3.1 ብተኽልታትን ዕምበባታትን ዝማዕረገ ቀፅሪ

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- እቲ መዝሙር ብትኽክል ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ብመሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ተሰንዮም ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕንበባታትን ዘግየፀ ዝማዕረገ መንበሪ ገዛ ወይ ድማ መዘናግዒ ቦታ ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ ክሪኡ ብምግባር ዝተሰመየም ስሚዒት ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 3.1.3 ንድፌን ልኸያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ፡-

- እንታይነት ልኸያ ሕብሪ ይገልፁ፡፡
- ዕሬት ከባቢ፣ ገዛን ቀፅርን ብተኽልታትን ዕምበባታትን ምምልኻዕ ዝጥምት ሓደ ወይ ክልተ ብንድፊ ልኸያ ሕብርን ይሰርሑ፡፡
- ብመማህርቶም ዝተሰርሑ ከምኡ'ዉን ባዕሎም ዝሰርሕዎም ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ዝተሰርሑ ምስልታት የድንቑ፡፡

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ንስራሕቲ ንድፊ ዘድልዩ እርሳስ፣ መደምሰሲ፣ ወረቐት፣ ቀለም /ሕብሪ/፡፡
- ብክኢላ ዝተሰርሑ ፖስተራት፣ ምስልታት፡፡
- ብኻልኦት ተምሃሮ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ንድፍን ልኸያ ሕብርን፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝተሰርሑ ኣብ ዕሬት ከባቢ ዝጥምቱ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት ክሪኡ ብምግባር ዝተሰመየም ክዛረቡ ምትብባዕ።
- ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ ግዘ ዝዘመርዎ መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ።

ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ንድፍን ልኽያ ሕብርን ንምስራሕ ሓደ ቅርፂ ዘለዎ ነገር ወይ ኣቕሓ የድሊ።
  ንኣብነት ሓደ ቅርፂ ዘለዎ ኣቕሓ ኣብ ወረቐት ምቕማጥ ብምቕፃል ዙርይኡ ብልኽያ ሕብሪ ብምልኻይ ብንድፊ ቅርፁ ምውፃእ።
- ንድፍን ልኽያ ሕብርን እንጥቀመሎም መሳርሕታት /ነገራት/ ብጥንቃቐ ምሓዝ ይግባእ።
- ንንድፍን ልኽያ ሕብርን እንጥቀመሎም ነገራት ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝተምሃርዎ ብምዝካር እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ምሕታት።
- ፈለማ ብዛዕባ ደስ ዝበሎም ነገር ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ዕድል ምሃብ። ዝሰርሕዎም ንድፍታት ብዛዕባ እንታይ ከምዝኾኑ ንመማህርቶም ከብርሁ /ክገልፁ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል ብዕቡኽ ኩነታት ዝተትሓዙ ተኽልታት ከባቢ ዘርኢ ብንድፍን ልኽያ ሕብር ክሰርሑ ምግባር።
- ብድሕሪኡ ድማ ዝባደመ ማለት ዝተቖረፁ ወይ ድማ ባርዕ ሓዊ ዝኣተዎም ተኽልታት ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምትብባዕ። ተምሃሮ ዝሰርሕዎ ምስሊ በብተራ እናወፁ መማህርቶም ከርእዩን ብኽመይ ከምዝሰርሕዎ ከብርሁን ምትብባዕ። ዕቡቓት ዝብልዎም ስራሕቲ ንድፍን ልክያ ሕብርን ተምሃሮ ባዕልቶም ክመርፁ ዕድል ምሃብ።
- ኣብ መንጎ እቶም ብዕቡኽ ኩነታት ዝተትሓዙ ተኽልታት /ሕዛእትን/ እቶም ዝባደሙ ወይ ባርዕ ሓዊ ዝኣተዎም ተኽልታት ዘሎ ኣፈላላዩ ክዛረቡን ክወዳድሩን ምትብባዕ።
- ተኽልታት ምጭፍጫፍ ኣብ ልምዓት ሃገር ዘሕድሮ ዕልዋ ብኣቕሞም ክዛረቡን ክዝርዝሩን ምትብባዕ። ብድሕሪኡ ድማ መምህር ባዕሎም ተኽልታት ምጭፍጫፍ፣ ብሓዊ ምብራዕ ወዘተ ኣብ ልምዓት ሃገር ዘምፅኦ ዕልዋ ብዝርድኦም ኣገባብ የምህርዎም።
- ብኽኢላ ዝተሰርሐ ድሕንነቱ ዝተሓለወ ከምኡ'ዉን ድሕንነቱ ዘይተሓለወ ማለት ዝተጨፍጨፈ ወይ ባርዕ ሓዊ ዘብረሶ ኣድዋር ዘርኢ ፖስተር ወይ ድማ ፎቶግራፍ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ብውነ ከስተውዕልዎን ኣብ ክልቲኡ ዘሎ ኣፈላላይ ከወዳደሩ ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ ኣድዋር /ሕዛእቲ/ ምስ ህይወት ወዲሰብ ዝተኣሳሰረ ምኻኑ ወዲሰብ ብዘይተኽልታት ክነብር ከም ዘይኽእል ወዘተ መምህር የረድእዎም።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ቀፅሪ መንበሪ ገዛ ማለት መረባን ከባቢኡን ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕንበባታትን ምግያዕ ዘለዎ ረብሓ ክዛረቡ ምሕታት።
- ብዛዕባ ተኽልታት ዘለዎም ሕሉፍ ፍልጠት ተሞኩሮ ብምብጋስ መዝሙራት ክዝምሩ ብምግባር ምሕታት።

- ቀፅሪ ገዝኦም ከባቢኦምን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልክያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ብምግባር ብትኽክል ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ ነገራት /ማቴሪያላት/ ክዝርዝሩ ምሕታት።

# 3.2 ምቁራፅ ፅርግያን ውሕጅን ኣጠቓቕማ ድልድልን

**ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 6**

## 3.2.1. ምቁራፅ መንገድን ውሕጅን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ ፦

- ኣብ ምቁራፅ መንገዲ /ፅርጊያ/ ከምኡ'ዉን ኣጠቓቕማ ድልድል ክግበሩ ካብ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ካብ 2-3 ይዝርዝሩ፤
- ሕጊ ትራፊክ ተኸቲሎም መንገዲ የቋርፁ፤
- ብዛዕባ ድሕንነት መንገድን ሕጊ ትራፊክን ዝጥምት መዝሙር ብዝግባእ ይዝምሩ፤
- ምቁራፅ መንገዲን /ፅርጊያ/ ሕጊ ትራፊክን ዝጥምቱ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ይፃወቱ፤
- ትኽክለኛ ምቁራፅ መንገድን ኣጠቃቕማ ቢንቶን ዘርእዩ ካብ 2-3 በዝሒ ስእልታት ይስእሉ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦-

- ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣
- ንንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ ነገራት፣
- ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣ ፀናፅል ማለት መሳርሕታት ውቕዒት ሙዚቃ፣ ወዘተ

### መነቓቕሒ፦-

- ፊለማ ኣብ ሕሉፍ ክፍልታት ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን ማለት ብዛዕባ ምቁራፅ መንገዲ፣ ምሽጋር ውሑጅ፣ መብራህቲ ትራፊክ፣ ኤሌክትሪክ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ዉዑይ ማይ ፣ ወዘተ ዝተምሃርዎ ዘኪሮም ሓበራዊ ምይይጥ ክካይዱ ዕድል ይሃብዎም።
- ብምቕፃል ኣብ ምቁራፅ መንገዲ፣ /ኣብ መብራህቲ ትራፊክ/፣ ኣብ ምሽጋር ዉሑጅ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ ዚብራ ወዘተ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ከምኡ'ዉን ግቡእ ጥንቃቐ ካብ ዘይምግባር ዝበፅሑ ሓደጋታት ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ ወይ ድማ ፊልም ክሪኡን ብዝግባእ ከስተውዕሉ ምዝራብ። እቲ ሓደጋ ጉድኣት ንምንታይ ከምዝበፅሐ ድማ ክመያየጥሉ ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፦-

- መብዛሕትኡ ግዘ ሓደጋ ትራፊክ ዝፍጠር ትኽክለኛ ኣንፈት ሒዝካ ካብ ዘይምኻድ፣ ኣብ ምቁራፅ መንገዲ ንመቋረፂ ተባሂሉ ዝተሓንፀፀ ዚብራ ዘይምጥቃም ብሓፈሻ ንዓርስኻ ግቡእ ጥንቃቐ ካብ ዘይምግባር እዩ።
- ብፍላይ ኣብ እዋን ክረምቲ ፅርጊያታት፣ ድልድላት ብዉሑጅ ይመልኡ፣ ዓምዲ ኤሌክትሪክ

/ፓሎ/ ብንፋስ ይወድቕ፣ ኣብ ገጠር ሩባታት መንገዲ ውሑጃት ብውሑጅ ይመልኡ። ኣብዚ ዕድመ ደረጃ እዙይ ዘለዉ ቆልዑ ድማ ናይ ምሕሳብን ምስትውዓልን ደረጅኦም ትሑት እዩ። ብተወሳኺ'ዉን ሽኩላት /ህፁፃት/ ኩሉ ነገር ኣቕሊሎም እዮም ዝሪኡዎ። ስለዚ ተምሃሮ ኣብ ምቁራፅ መንገዲ ፅርጊያ፣ ኣብ ምስጋር ድልድል፣ ዉሑጅ፣ መብራህቲ ትራፊክ ወዘተ ግቡእ ጥንቃቐ ንኽገብሩ ግደ መምህራን ኣዝዩ ልዑል እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ካብ ዝተምሃርዎ ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምት ማለት ምቁራፅ ፅርጊያ፣ ዉሑጅ ምሽጋር፣ ካብ ኤሌክትሪክ፣ ካብ ባርዕ ሓዊ፣ ካብ ዉዑይ ማይ ወዘተ ምጥንቃቕ ዝጥምት መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ።
- መንገዲ /ፅርጊያ/ ብኸመይ ኣገባብ ምቁራፅ ከምዝከኣል፣ ዉሑጅ ኣብ ምሽጋር ክግበሩ ዝግብኡ ጥንቃቐታት፣ ወዘተ ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት ወይ ድማ ፊልሚ ክሪኡ ምግባር።
- ብምቕፃል ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነት /ምቁራፅ መንገዲ፣ ምሽጋር ዉሑጅ፣ ኤሌክትሪክ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ዉዑይ ማይ ዝጥምቱ ሓፀርቲ ግጥምታት ገጢሞም ንኸመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ በብተራ እናወፁ ንመማህርቶም ከቕርቡ ምትብባዕ። ኣብቶም ግጥምታት ዘለዎም ሓሳብ /ሪኢቶ/ ከዕርፉ ምትብባዕ።
- ዝሐሹ /ፅቡቓት/ ዝብልዎም ግጥምታት ድማ ባዕልቶም ክመርፁ ምግባር። ብድሕሪኡ መምህር ኣብቶም ብተምሃሮ ተገጢሞም ዝመፁ ግጥምታት ሓሳብን ሪኢቶን የዕርፉ። ዝሐሹ ዝብልዎም ግጥምታት ብምምራፅ ድማ ምስ ተምሃሮ ብሓባር ዜማ ብምውፃእ ክዝምሩ ምትብባዕ። እቲ ግጥሚ ደጋጊሞም ምስ ኣፅንዕዎ ዜማ እውን ደጋጊሞም ከፅንዕዎ ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ መምህር መጠቓለሊ ሓሳብ ይሃቡ።
  ንኣብነት፦ ኣብ ምቁራፅ ፅርጊያ መብራህቲ /ትራፊክ/ ቀይሕ መብራህቲ እንትበርህ ጥራሕ ከቋርፁ ከም ዝግባእ፣ ካብ ሓደ ኣንፈት ናብ ካሊእ ኣንፈት ክሻገሩ እንትደልዩ ንመቋረፂ ተባሂሉ ብዝተዳለወ ብፃዕዳን ፀሊምን ዝተሓንፀፀ ዚብራ የማን ፀጋምን ጠሚቶም ከቋርፁ ከምዝግባእ፣
- ኩሉ ግዘ ብወሰን መንገዲ እንትኳዓዙ ፀጋማይ ኣንፈት ሒዞም ክኳዓዙ ከምዘለዎም፣
- መብራህቲ ትራፊክ ሰባትን ተሽከርከርትን ብኣግባቡ በብተራ ክኳዓዙን ከቋርፁን ዝሕግዙ ምልክታት ምኳኖም። ሕብሮም ድማ ቆፃል፣ ብጫ፣ ቀይሕ ከምዝኾነ፤ በዚ መሰረት ብጫ መብራህቲ መጠንቀቕታ ኮይኑ ንምኻድ ወይ ድማ ደው /ጠጠው/ ንምባል ናይ ቅድመ ምድላው ምልክት ምኳኑ፣
- ቆፃል መብራህቲ ተሽከርከርቲ ክኳዓዙ ዝፈቅድ ምልክት እዩ። ኣብዚ እዋን ሰብ ከቋርፅ ከምዘይግባእ የመላኽት።
- ቀይሕ መብራህቲ ድማ ተሽከርከርቲ ደው ክብላ እግረኛ ማለት ሰባት በቲ መቋረፂ ቦታ ከቋርፁ /ክሳገሩ/ ዝፈቅድ ምልክት ምኳኑ ወዘተ ተምሃሮ ብዕደመኦም ብዝግባእ ክርድኡ ምግባር።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ኣብ ምቁራፅ ፅርጊያ ከምኡ'ዉን ዉሑጅ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ክዝርዝሩ ምሕታት፤
- ብወሰን ፅርጊያ እንትኳዓዙ ኣየናይ ኣንፈት ተኸቲሎም ከምዝኳዓዙ ክዛረቡ ምሕታት፤
- ተግባር ሕድ ሕድ መብራህቲ ትራፊክ ክዛረቡ ምሕታት፤
- ኣብ ገጠር ሩባ ወይ መንገዲ ዉሑጅ እንተመሊኡ እንታይ ከምዝገብሩ ክዛረቡ ምሕታት፤

- ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ፤

## 3.2.2 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን መብራህቲ ትራፊክ ዝጥምት መዝሙር ግጥምን ዜማን የውፅኡ ምስ ኣካላዊን ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ድማ ይዝምሩ፤
- ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ተረዲኦም ተግባራዊ ናይ ምግባር ዝንባለን ስሚዒትን የሕድሩ፤
- ኣብ ምቁራፅ መንገዲ /ፅርጊያ/ ክገብሩዎም ዝግብኡ ጥንቃቐታት ይዝርዝሩ፤

### መነቓቕሒ፡-

- ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነት ዝፈልጡዎ መዝሙር ክዝምሩ ወይ ድማ ደርፊ ክደርፉ ዕድል ምሃብ።
- ተምሃሮ ተግባራት መብራህቲ ትራፊክ ክዝርዝሩ ድሕሪ ምግባር ተወሳኺ መብርሂ ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- መዝሙር ቃላትን ድምፅን ብምውዳድ ብልዑል፣ ማእኸላይን ትሑትን ድምፂ ላዛ ዘለዎ ዜማ ምውፃእ ሕፅር ብዝበለ መንገዲ ዝድለ መልእኽቲ ቁምነገር ናይ ምሕላፍ ብቕዓት ኣለዎ። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ጥንቃቐን ድሕንነትን፣ ማሕበራዊ ጉዳያት፣ ፅሬት ከባቢ፣ ምትካልን ምክንኻንን ተኽልታት ወዘተ ዝጥምቱ መዝሙራት ክዝምሩ ብምትብባዕ ተምሃሮ ክጭብጡዎም ዝተደለዩ ቁም ነገራት ክጭብጡ ይግበሩ/ራ/።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ርእሲ ቀፂሉ ዘሎ መዝሙር ምፍላጥ፤
- ብምቕፃል ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ገልቢጦም ደጋጊሞም ከንብብዎን ከፅንዕዎን ምትብባዕ። ግጥሚ እቲ መዝሙር መስመር ብመስመር ብምፅናዕ ኣብ ኣእምሮኦም ክስፍርዎ ምግባር፤
- ነቲ ግጥሚ መምህርን ተምሃሮን ብሓባር ዜማ ብምውፃእ ብሓባር ክዝምሩዎ ምትብባዕ። ካብ መንጎ ተምሃሮ ነቲ መዝሙር ብዝሓሸ ኣገባብን ብጥዑም ላዛን ዝዘመሩ ቆልዑ ናብ ቅድሚት ወፂኦም ክዝምሩ ምግባር እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ ድማ ሓቢሮም ክዝምሩ ምትብባዕ፤
- ብድሕሪኡ ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ እናተቐባበሉ ብመልክዕ ውድድር ክዝምሩ ምትብባዕ፤

### መዝሙር፤- ጥንቁቕ ተምሃራይ

ንፋዕ ተምሃራይ ኩሉ ግዘ ጥንቁቕ እዩ
ኣብ ፅርጊያ እንትጓዓዝ ፀጋም ሒዙ እዩ
ዚብራ ዘቋርፅ የማን ፀጋም ሪኡ እዩ
ሕጊ መብራህቲ ትራፊክ ይፈልጥ ነይሩ/2/።

ብጫ ተጠንቀቕ ነይሩ
ቀይሕ መኻይን ዶውበላ ኣጋር ተሻገሩ
ቆፃል መኻይን ብረራ ኣጋር ደውበሉ
ገጠር ንምኻድ ሩባ እንተሻገሩ
ውሕጅ መሊኡ ደው በሉ
ተፀበዩ ትዕግስቲ ግበሩ
ውሑጅ ምስ ዛረየ ተሳጊሩ
ኣተወ ገዝኡ ብሰላም ብእግሩ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ ምቁራፅ መንገዲ ፅርጊያ፣ ኣብ ምሽጋር ድልድል ከምኡ'ዉን ዉሑጅ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ክዝርዝሩ ምሕታት።
- እቲ መዝሙር ብመሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ እናሰነዩ ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምልክታት ትራፊክ ብስእሊ ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ብምሃብ ስኢሎም ምስ መፁ እንታይነት እቶም ምልክታት ክገልፁ ምሕታት።

## 3.2.3 ፀወታ፣ /ቆፃል፣ ቀይሕ፣ ብጫ/

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፦

- ብዛዕባ መብራህቲ ትራፊክ ዝበለፀ ግንዛበ ይጭብጡ፤
- በቲ ፀወታ ኣቢሎም ማሕበራዊ ርክቦም የማዕብሉ፤
- ኣብቲ ፀወታ ብንቕሓትን ንጥፈትን ሕጉሳት ይሳተፉ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ብጫ፣ ቆፃል፣ ቀይሕ ካርድታት /ፍለሽ ካርድ/ ካልኦት ነቲ ፀዋታ ዘድልዩ ነገራት፣ ንምፅዋት ዝጥዕም ምችው ሜዳ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- እንታይ ዓይነት ፀወታ ከምዘሕጉሶም ክዛረቡ ምግባር።
- ደስ ዝበሎም ፀወታ መሪፆም ክፃወቱ ዕድል ምሃብ።

## ሓበሬታ ንምምህር፡-

- ኣብዚ ዕድመ ደረጃ እዙይ ዝርከቡ ቆልዑ ፀወታ ፈተውቲ እዮም።
- ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ካብ ዝመሃሩ ኣብ ደገ ወፂኦም ክፃወቱን ተግባራዊ ንጥፈታት ክሰርሑን ይደልዩ።
- ፀወታ ኣካልን ኣእምሮን ንምምዕባል ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ስለዚ መምህር ብዝተፈላለዩ ፀወታታት ኣቢሎም እቲ ዝድለ ክእለትን ፍልጠትን ክጭብጡ ይግበሩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ምግባር። ብምቕፃል ኣብቲ ሜዳ ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ዓብዪ ክቢ ምድላው /ምስራሕ/። ተምሃሮ ድማ ኣብ ዙርያ እቲ ክቢ ደው ይብሉ። ብድሕሪኡ መምህር ከይዲ እቲ ፀወታ ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን የረድእዎም።

ከይዲ ፀወታ፦ መምህር ቆፃል ካርድ ሓፍ ኣቢሎም እንተርእዩዎም ተምሃሮ ኣብ ዙሪያ እቲ ክቢ ካብ የማን ናብ ፀጋም ብሓውሲ ጉያ ይንቀሳቐሱ /ይጎዩ/፡፡

- መምህር ቀይሕ ካርድ እንተርእዩዎም ኣብ ዘለውዎ ቀጥ ይብሉ /ደው ይብሉ/ ደው ዘይበሉ ቆልዑ ድማ ሕጊ ትራፊክ ጥሒስኩም ተባሂሎም ናብ ማእኸል ኣትዮም ኮፍ ይብሉ።
- መምህር ብጫ ካርድ እንተርእዩ ድማ ኣብ ዘለውዎ ብሓውሲ ጉያ ይንቀሳቐሱ።
- መሊሶም መምህር ቆፃል ካርድ የርእዩዎም። ተምሃሮ ድማ ከምቲ ናይ ፈለማ ካብ የማን ናብ ፀጋም ብሓውሲ ጉያ ይንቀሳቐሱ።
- ቀፂሎም እቲ ፃውቲ ደጊሞም ሰሪሖም ብምርኣይ ደው ይብሉ። ፀወታ ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ካብ 5-10 ደቓይቕ ይቕፅል። ክሳብ መወዳእታ ካብ ፀወታ ወፃኢ ዘይኮኑ ቆልዑ ስዓርቲ /ተዓወቲ/ ይኾኑ ማለት እዩ። እዚ ፀወታ እዙይ ደጋጊሞም ክፃወትዎ ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ካብቲ ፀወታ ብዛዕባ መብራህቲ ትራፊክ ግንዛበ ምርካቦም ብሕቶን መልስን ምርግጋፅ።
- ኣብቲ ፀወታ ብንቕሓትን ንጥፈትን ሕጉሳት ኮይኖም ብምስታፎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 3.2.4 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ፡-

- ግቡእ ኣጠቓቕማ መንገዲ ዘርእዩ ካብ 1-2 ዝኾኑ ምስልታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ብባዕልቶም ይኹን ብኻልኦት መማህርቶም ዝተሰርሑ ስእልታት የድንቑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- እርሳስ፣ ቀለም /ሕብሪ/፣ ወረቐት፣ ዝተፈላለዩ ናውቲ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ዕርጊያ ዘቋርፅ መኪና ዘርኢ ስእሊ ክሪኡ ብምግባር ብዛዕባ እቲ ስእሊ ዝተገንዘብዎ ክዛረቡ ምትብባዕ።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ንንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ ነገራት እርሳስ፣ ቀለም፣ መደምሰስ፣ ወረቐት፣ ወዘተ ኣቐዲምካ ምድላው።
- እቲ ብተምሃሮ ዝስራሕ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብመንፅር ዕድመን ደረጃ ክፍልን ዝረአ ኮይኑ ብዝተኸኣለ መጠን ሓሳብ ዘንፀባርቕን ስሓባይን ክኸውን ይግባእ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ብቐዳምነት ነቲ ስራሕ ዘድልዩ ነገራት /ማተሪያላት/ ምድላው።
- ብምቕፃል ምስ ኣጠቓቕማ መንገዲ ዝተኣሳሰሩ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምትብባዕ። ዝሰርሕዎም ምስልታት በብተራ ንመማህርቶም ከርእዩ፣ ዝሰርሕዎ ምስሊ እንታይ ከምዝኾነ ከብርሁ ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ ድማ ሪኢቶ ክህቡ ምግባር። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ባዕልቶም ዝሓሹ ኢሎም ዝመረፅዎም ምስልታት ብምንታይ ምኽንያት ከምዝመረፅዎም ክዛረቡ ምትብባዕ። እቶም ፅቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ድማ ንፉዓት ስኣልቲ ኢልካ ብጣቕዒት ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ዝሓሹ ዝብልዎም ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን መሪፆም ኣብ መንደቕ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ካልእ ክፍልታት ከሪኡዎም /ክጉብንዩዎም/ ምግባር። እዙይ ኣብ መንጎ ተምሃሮ ፅቡቕ ስምዒት ውድድር ክሕድሩ ይሕግዝ እዩ።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ተምሃሮ እንታይነት ዝሰርሕዎ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ፣ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝሰርሕዎ፣ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከም ዝተጠቐሙ ክዛረቡ ምሕታት።

# 3.3 ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 4

## 3.3.1 ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ይገልፁ፤
- እንታይነት ኣድልዎን ምግላልን ተረዲኦም ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ግቡእ ደገፍን ክንክን ይገብሩ፤
- ምግላልን ኣድልዎን ንምውጋድ ዝሕግዙ ካብ 1-2 ዝኾኑ ሜላታት ይዝርዝሩ፤
- ምግላልን ኣድልዎን ዘንፀባርቕ ምስሊ ይስእሉ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ኣብ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘተኮሩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልምታት ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ቅድሚ ሐዚ ዝተዘመረ መዝሙር ወይ ድማ ዝተደረፈ ደርፊ ክዝምሩ ወይ ክደርፉ ምትብባዕ።
- እቲ መዝሙር ወይ ደርፊ ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ክሰርሕዎ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ዝመሓላለፈሎም መንገድታት እቲ ቀንዲ ርክብ ግብረ ስጋ /ጥንቃቐ ዝጎደሎ/ ፣ ምንኽኻእ ዝኾነ ሰብ ዝተጠቐመሎም ከም መላፀ፣ መርፍእ፣ ብሩኽ፣ መመወፅን ካልኦትን ብዘይምጥቃም ካብ ሕማም ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምድሓን ይከኣል፡፡
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ሓቢርካ ብምብላዕን ምስታይን፣ ሓቢርካ ብምስራሕ፣ ሓቢርካ ብምፅዋት ወዘተ ኣይመሓላለፍን።
- ስለዚ እዞም ተሓቢሮም ዘለዉ ነጥብታት ተምሃሮ ብዝግባእ ክጭብጡዎም ይግባእ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ተምሃሮ ኣብ 1ይን 2ይን ክፍሊ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝተምሃሩዎ ብምዝካር ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፈሎም መንገድታት፣ ዘይመሓላለፈሎም መንገድታት፣ ክዝርዝሩ ምትብባዕ። ብሕቶን መልስን ድማ ምይይጥ ምክያድ።
- ብምቕፃል ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምግላልን ኣድልዎን ዘለዎ ሳዕቤን ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶም እንተኺኢሉ እውን በዓል ሙያ ጥዕና ሓቲቶም መልሲ ኣብ ደፍተሮም ፅሒፎም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ በብተራ ንመማህርቶም ከቕርቡ ብምግባር ሓበራዊ ምይይጥ ምክያድ፡፡
- ብድሕሪኡ ኣብ ከባቢ ካብ ዝርከብ ጣብያ ጥዕና ወይ ድማ ሆስፒታል በዓል ሙያ ጥዕና ብምዕዳም ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሎም መንገድታት፣ ዘይመሓላለፈሎም መንገድታት፣ ብኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብዝበለፀ ተጠቃዕቲ ዝኾኑ ክፋል ሕብረተሰብ መን መን ከምዝኾኑ፣ ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምግላልን ኣድልዎን ዘለዎ ሳዕቤን ወዘተ ተምሃሮ ብዝርድኦም ኣገባብ ብዝርዝር ክረድኡዎም ምግባር። ተምሃሮ ዘይተረድኦም ክሓቱ ብምትብባዕ ሓበራዊ ምይይጥ ምክያድ።
- ብምቕፃል ምግላልን ኣድልዎን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ዝሰርሕዎ ምስሊ እናሓዙ በብተራ ብምውፃእ ንመማህርቶም ክርእዩ ምትብባዕ። ካብቶም ዝተሰርሑ ምስልታት ዝሓሹ ዝብልዎም ተምሃሮ ባዕልቶም ክመርፁ ዕድል ምሃብ። ኣብ መወዳእታ መምህር ዝሓሹ ዝብልዎም ምስልታት መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ብውነ ክስተውዕልዎም ሪኢቶ ክህብሎምን ምግባር። እቶም ፅቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ድማ ንፋዓት ስኣልቲ ብምባል ብጣቕዒት ምትብባዕ።
- እምበኣርከስ መምህር በዞም ኣብ ላዕሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ሜላ ኣመሃህራታት ብምጥቃም ከምኡ'ዉን ናይ ባዕሎም ዝሓሸ ዝብልዎ ሜላ ኣመሃህራ ብምጥቃም ተምሃሮ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብደረጃኦም ክጭብጥዎ ዝግባእ ክጭብጡ ይግበሩ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ፣ መተሓላለፊ መንገድታትን መከላኸሊ ሜላታትን ክዝርዝሩ ምሕታት።
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘይመሓላለፈሎም መንገድታት ክዝርዝሩ ምሕታት።

## 3.3.2 ምግላልን ኣድልዎን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ግቡእ ክንክንን ሓገዝን ይገብሩ፤
- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምግላልን ኣድልዎን ዘለዎ ሳዕቤን ዝውገድሉ መንገድታትን ካብ 1-2 ዝኾኑ ይዝርዝሩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልሚ፣
- ምግላልን ኣድልዎን ዝጥምቱ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝተቐድሐ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ ንመምህር፡-

- ምግላልን ኣድልዎን  ዝጥምት መዝሙር ክዝምሩ ወይ ድማ ደርፊ ክደርፉ ዕድል ምሃብ።
- ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ፊልሚ ክሪኡ ብምግባር ብዛዕባ እቲ ዝረኣይዎ ዝተሰመየም ክመያየጡ ምትብባዕ።

### ሓበሬታ፡-

- ምግላልን ኣድልዎን  ኣብ ማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ህይወት ዘሕድሮ ፅልዋ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ ብዕሊ ምርዳእ ይግባእ።
- ካብ መንነ ተምሃሮ ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እንተሊኦም ኣቑዲምካ ምፍላጥ። ብኤች ኣይ ቪ ኤድስ ወለዶም ዝሞትዎም እንተሊኦም'ዉን ኣቑዲምካ ምፍላጥ። ብድሕሪኡ ብመማህርቶም ይኹን ብኻልኦት ምግላልን ኣድልዎን  ከይበፅሖም ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር።
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ሓቢርካ ብምፅዋት፣ ሓቢርካ ብምብላዕን ምስታይን  ሓቢርካ ብምህራስ /ብምድቃስ/ ፣ ብኢድ ሰላም ብምብህሃል፣ ወዘተ ዘይመሓላለፍ ምዃኑ ተምሃሮ ብዝግባእ ክርድኡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፊለማ እንታይነት ምግላልን ምድላውን ዝገልፅ መዝሙር ክዝምሩ ወይ ድማ ደርፊ ክደርፉ ምትብባዕ።
- ካብቲ መዝሙር ወይ ደርፊ እንታይ ከምዝተገንዘቡ /ከም ዝተረድኡ/ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምሕታት ምይይጥ ምክያድ።
- ብምቕፃል ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምግላልን ኣድልዎ ምፍጣርን ኣግባብ ከምዘይኮነ፣ የግዳስ ዘድሊ ሓገዝን ክንክንን ምግባር ከምዝግባእ መምህር የረድእዎም። ንኣብነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተሓበረ ሓቢርካ ብምፅዋት፣ ሓቢርካ ብምድቃስ፣ ሓቢርካ ብምብላዕ፣ ምስታይን ብኢድ ሰላም ብምብህሃልን ዘይመሓለለፍ ምዃኑ።
- ስለዚ ተምሃሮ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ይኹን ኣብ ዘለዎም ትርፊ ግዘ ብፍቕርን ምትሕልላይን ሓቢሮም ክፃወቱ ምትብባዕ ይግባእ። ክትትል ብምግባር ድማ ዝረኣዩ ተርእዮታት እንተሊኦም ምእራምን ምስትኽኻልን።
- ኣብ መወዳእታ ምግላልን ኣድልዎን ዝጥምት ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዝኹንኑ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምግላልን ኣድልዎን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 3.3.3 መዝሙር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

### ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምግላልን ምድላውን ኣብ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ጉዳያት ዘሕድሮ ፅልዋ ይገልፁ፤
- ሳዕቤን ምግላልን ኣድልዎን ብመዝሙር ይገልፁ፤
- ምስ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ብምውዳድ ይዝምሩ፤
- በቲ መዝሙር እናተዘናግዑ እኹል ግንዛበ ይጭብጡ፤

## ዘድልዩ ናወቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዝጥምቱ መዝሙራት ዝተቐድሑ ካሴትን ቴፕን፣
- መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣ ፀናፅል፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝዘመርዎ መዝሙር ዘኪሮም ክዝምሩ ምትብባዕ።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- መዝሙር ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ንምስትምሃር ተመራፂ ሜላ ኣመሃህራ እዩ። ስለዝኾነ ተምሃሮ በቲ መዝሙር እናተዘናግዑ እቲ ዝድለ ቁም ነገር ክጭብጡ ይግበሩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝገልፅ መዝሙር ክዝምሩ ዕድል ምሃብ።
- ብምቕፃል ትሕዝቶ እቲ ሐዚ ዝመሃርዎ መዝሙር ምፍላጥ፡፡
- ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ምግባር።
- ናብ ደፍተሮም ዝገልበጥዎ መዝሙር እናደጋገሙ ብምንባብ ከፅንዕዎን ኣብ ኣእምሮኦም ክሕዝዎን ምትብባዕ።
- ግጥሚ እቲ መዝሙር ብዝግባእ ምስ ኣፅንዕዎ ምስ መምህር ብሓባር ኮይኖም ዜማ ከዚሙ ምትብባዕ። መስመር ብመስመር ብምዝማር እቲ ዜማ ብዝግባእ ከፅንዕዎ ምትብባዕ።
- ብመሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ እናተሰነዩ ክዝምሩ ምትብባዕ።
- እቲ መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ክዝምርዎ ምግባር።
- ተምሃሮ ብጉጅለ ተወዲቦም በብተራ ብመልክዕ ውድድር ክዝምሩ ምትብባዕ። ካብ ሞንጎ ኣባላት ጉጅለ ብዝግባእ ዝዘመሩ ቆልዑ ናብ ቅድሚት ወፂኦም ንመማህርቶም ክዝምሩሎም

ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ እዉን ምስኣቶም ሓቢሮም ክዝምሩ ምዝራብ።

- ብካሴት ዝተቐድሐ ብዛዕባ ምግላልን ምድላውን ዝጥምት መዝሙር ቴፕ ብምኽፋት ዕን ኢሎም ክዳምፁ ምግባር። ብድሕሪኡ ቴፕ ብምዕፃው ተምሃሮ ክዝምሩ ምትብባዕ። ክልተ ሰለስተ ግዘ ምስ ዘመሩ መሊሶም ቴፕ ብምኽፋት ተምሃሮ ምስቲ ቴፕ ሓቢሮም ክዝምሩ ምግባር። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ደጋጊሞም ክዝምሩ ምትብባዕ።

**መዝሙር፡-** በሪ ምዕፃው ይትረፍ

ምግላል ይትረፍ
ኣድልዎ ይትረፍ
ሕሙም ኤድስ ከይስከፍ
በሪ ምዕፃው ይትረፍ፡፡
    ንክናኸን ሕሙማት ኣሕዋትና ኣሓትና
    እንተዘይተጠንቂቕና
    ዕባሕ በፃሓይ እዩ ኣብ ኩላትና
    ኤድስ ኣይጠፍእን ብምግላል ወገናትና
    እናተኸናኸና እናሓብሓብና
    ኣሕዋትና ኣሓትና
    ኤድስ ንመክቶ ሕብረትና ኣጠናኺርና፡፡
ምግላል ይትረፍ
ኣድልዎ ይትረፍ
በሪ ምዕፃው ይትረፍ
ሕሙም ኤድስ ከይስከፍ፡፡/2/

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- እቲ መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ትሕዝቶ እቲ መዝሙር ምድናቖም ብትዕዝብቲ ምርግጋፅ።

## 3.3.4 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 1

## ትፅቢት ዝግበረሎም ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዘርእዩ ካብ 1-2 ዝኾኑ ምስልታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ዝሰርሕዎም ምስልታት ንመማህርቶም የቕርቡ። ከመይ ከም ዝሰርሕዎም ድማ የብርሁ፤
- መማህርቶም ዝሰርሕዎም ምስልታት የድንቑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ዝተፈላለዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት ክሪኡ ብምግባር እንታይነት ምግላልን ኣድልዎን ክግንዘቡ ምግባር።

ሓበሬታ፡-

- ምክልኻል ምግላልን ኣድልዎን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ምግላፅ ይከኣል። ንኣብነት ብመዝሙር፣ ብደርፊ፣ ብድራማ፣ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ወዘተ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዘመልኽቱ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ብውነ ክስተውዕልዎም ምዝራብ። ካብዞም ስእልታት ወይ ፖስተራት እንታይ ተዓዚብኹም? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ተምሃሮ ዝተረደኦም ክዛረቡ ብምትብባዕ ምይይጥ ምክያድ፤
- ምግላልን ኣድልዎን ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት ፎቶግራፋት ሒዞም ክመፁ ምዝራብ፤
- ምግላልን ኣድልዎን ዘርኢ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ዝሰርሕዎ ምስሊ እናሓዙ በብተራ ብምውፃእ ከመይ ከምዝሰርሕዎ ንመማህርቶም ክብራህርሁ ምትብባዕ። ካብቶም ዝቐረቡ ስራሕቲ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ተምሃሮ ሪኢቶ ክዕርፉን ዝሐሹ ዝበልዎም ክመርፁን ምትብባዕ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ዝሐሹ ዝበልዎም ምስልታት መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ኩሎም ተምሃሮ ብውነ ክስተውዕሎም ምዝራብ። እቶም ዕቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ድማ ናብ ቅድሚት ክወፁ ብምግባር ንፉዓት ስኣልቲ ብምባል ብጣቕዒት ክተባብዑ ምግባር። እቶም ዝተረፉ እዉን ከምኣቶም ንፉዓት ስኣልቲ ክኾኑ ምትብባዕ፤

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ምግላልን ኣድልዎን ዘርእዩ ምስልታት ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ብዛዕባ ምግላልን ኣድልዎን ዝተደረሱ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዋዲዶም ምዝማር ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## መጠቓለሊ፡-

### ኣብዚ ምዕራፍ ሰለስተ ዓበይቲ ርእስታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፦

- ቀፅሪ መንበሪ ገዛን ከባቢኡን ምምልኻዕ፤
- ጥንቃቐን ድሕንነትን፤
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስን እንትኾኑ ኣብ ትሕቲኦም ዝተፈላለዩ ንኡስ ርእስታትን ትሕዝቶታትን ዘካተቱ እዮም፡፡ ንሳቶም እውን፡-
  - ምምልኻዕ /ምግያፅ/ ቀፅርን ገዛን ኣብ ዝብል ርእሲ ተምሃሮ ኣብ ቀፅሪ ገዝኦምን ከባብን ዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕንበባታትን ብምትካል ማይ እናስተዩን እናኾስኮሱን ከምኡ እውን ኣድላዪ ክንክን እናገበሩ መንበሪ ገዝኦምን ቀፅሩን ከመላኽዑ /ኪጋይፁ/ ምግባር እዩ።
  - ጥንቃቐን ድሕንነትን ኣብ ዝብል ድማ ተምሃሮ ኣብ ዕርጊያ እንትኳዓዙ ከምኡ'ዉን እንተቋርፁ ወዘተ ዘድሊ ጥንቃቐ ገይሮምን ፀጋማይ ኣንፈቶም ሒዞምን ክኳዓዙ ከምዝግበኦምን ዕርጊያ ከቋርፁ እንትደልዩ ንመቋረፂ ተባሂሉ ብፃዕዳን ፀሊምን ሕንፃፅ ዝተሓንፀፀ /ብዚብራ/ ከቋርፁ ከምዘለዎም፣ ብሓፈሻ ሕጊ ትራፊክ ኣኽቢሮም ክኳዓዙ ከም

ዝግባእ፣ ኣብ ገጠር ድማ ዉሑጅ እንተጋጥሞም እቲ ዉሑጅ ክሳብ ዝጎድል ብትዕግስቲ ተፀቢዮም ምስ ጎደለ/ዛረየ/ ክሳገሩ ከምዝግባእ ወዘተ እዩ።

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ኣብ ዝብል እውን ተምሃሮ እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ፣ ከመይ ከምዝመሓላለፍን ከመይ ከምዘይመሓላለፍን፣ መከላኸሊ ሜላታት ወዘተ ብደረጆኦም ክግንዘቡ። ምግላልን ኣድልዎን ኣብ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ጉዳያት ዘሕድሮ ፅልዋ ብመዝሙር፣ ብደርፊ፣ ብድራማ፣ ብንድፍን ልኽይ ሕብርን ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ወዘተ እኹል ግንዛበ ክጭብጡ እዩ። ስለዚ መምህር ንሕድ ሕድ ርእሲ ወይ ትሕዝቶ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ ብኣግባቡ ኣብ ተግባር ብምውዓል ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመኦምን ደረጃ ክፍሎምን ክጭብጡዎም ዝተደለዩ ቁም ነገራት ክጭብጡ ይግበሩ/ራ/።

## መልመድታት፡-

### ሀ. ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ትኽክል ንዝኾነ “ልክዕ”፣ ሓሶት ዝኾነ ድማ “ጌጋ” ብምባል መልሱ።

----------1 ቀፅሪ ገዛን ከባቢኡን ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ፅንበባታትን ምግያፅ /ምምልኻዕ/ ጠቓሚ እዩ።
----------2 ቀፅሪ ገዛን ከባቢኡን ምግያፅ ብፅንበባታት ጥራሕ እዩ።
----------3 ብመዝሙር ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ንምስትምሃር ኣይከኣልን።
----------4 ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን ብስእሊ ምግላፅ ይከኣል ።
----------5 ብዛዕባ ምቁራፅ ዕርጊያ ወይ ድማ ሕጊ ትራፊክ ዝወሃብ ግንዛበ መዕበዪ ትምህርቲ ብመምህር ጥራሕ እዩ።

### ለ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።

1. ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት ምርኣይ ጥቕሙ እንታይ እዩ?
2. ካብ ዝተምሃርኩምዎም መዝሙራት ግጥሚ መዝሙር ፅሓፉ?
3. ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝተገንዘብኩምዎ ፅሓፉ?

## መልሲ፡-

መልሲ ንሕቶታት ሀ.

1. ሓቂ 2. ጌጋ 3.ጌጋ 4.ሓቂ 5. ጌጋ

መልሲ ንሕቶታት ለ.

1. ተምሃሮ ትሕዝቶ ትምህርቲ ብቐሊሉ ክጭብጡ ይሕግዝ።
2. ግጥሚ መዝሙር ክፅሕፉ ምግባር።
3. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብርክብ ግብረ ስጋ፣ ብምንኽኻእ ደም ወዘተ ይመሓላለፍ፣ ሓቢርካ ብምፅዋት፣ ሓቢርካ ብምብላዕን ምስታይን፣ ሓቢርካ ብምድቃስ፣ ሰላምታ ብምልውዋጥ /ብኢድ ሰላም ብምብህሃል/ ወዘተ ኣይመሓለለፍን ምግላልን ኣድልዎን ኣብ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ጉዳያት ዘሕድሮ ፅልዋ ኣዝዩ ከቢድ እዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ተግባር ክፍልታት ሰውነት

## ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 54

## መእተዊ፡-

- ቀንዲ ዕላማ እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ብዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነቶም /ብኢድ፣ ብእግሪ፣ ብኢድን ብእግርን/ ዝስርሑ ዝተፈላለዩ ተግባራት ብምስራሕ ምውዳድ ኣካልን ኣእምሮን ከማዕብሉ እዩ።
- ኣብዚ ደረጃ ዕድመ እዙይ ዝርከቡ ቆልዑ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ካብ ዝመሃሩ ብዝበለፀ ዘሕጉሶም ናብ ሜዳ ወፂኦም ዝተፈላለዩ ፀወታታት ምፅዋት፣ ኣብ ተግባር ዘድሃቡ ንጥፈታት ምስራሕ እዩ ።
- ብፀወታታትን ተግባራዊ ንጥፈታትን ድማ ብዙሓት ትሕዝቶታት ምስትምሃር ይከኣል። ተምሃሮ ብንጥፈትን ንቕሓትን ስለዝሳተፉ እቲ ክጭበጥ ዝተደለየ ቁምነገር ብቐሊሉ ይጭብጥዎ። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ምስ ዕድመን ዓቕምን ተምሃሮ ዝኸዱ ዝተፈላለዩ ፀወታታት እናመሃዙን እናመረፁን ክፃወቱ ብምግባር ክጭበጡ ዝተደለዩ ክእለታትን ብቕዓት ኣካልን ክጭብጡ ይግበሩ።
- ዝተፈላለዩ ፀወታታት ማለት ብኢድ፣ ብእግሪ፣ ብኢድን እግርን ዝስርሑ ተግባራዊ ንጥፈታት ብጥንቃቐን ብምስትውዓልን እንተዘይተሰሪሖም ኣብ ተምሃሮ ጉድኣት ከብፅሑ ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ፀወታታት እንትፃወቱ ይኹን ተግባራዊ ንጥፈታት እንትሰርሑ ክትትልን ሓገዝን መምህር ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ።

## ካብዚ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

### ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፡-

- ተግባር ክፍልታት ሰውነቶም ይፈልጡ፣
- መሰረታዊ ክእለት ምንቅስቓስ የማዕብሉ፣
- ምውዳድ ኢድን እግርን፣ ኢድን ዓይንን፣ እግርን ዓይንን ማለት ምውዳድ ጭዋዳታትን ኣእምሮን የማዕብሉ፣
- ረብሓ ምንቅስቓስ ተገንዚቦም ብድልየቶም ዝተፈላለዩ ፀወታታት ይፃወቱ፣
- ረብሓ ክፍልታት ሰውነት ተረዲኦም ንኽፍልታት ሰውነቶም ግቡእ ጥንቃቐ ይገብሩ፣

### ኣገባብ ኣማሃህራ፡-

- ገለፃ፣ ዕዮ ጉጅለ፣ ምይይጥ፣ ዕዮ ክፍሊ፣ ዕዮ ገዛ፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ወዘተ፡፡

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ተግባር ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሰውነት ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልምታት፣ ወዘተ፡፡
- ዝተፈላለዩ ፀወታታት ቆልዑ ዘርእዩ ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፊልምታት፣

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥና ኣናእሽተይ ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ኩዕሶ ላስቲክ፤
- ንስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ ነገራት /ማተሪያላት/፤
- ንስራሕቲ ኮላ ዘድልዩ ነገራት /ናውትታት/፤
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ/ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣ ፀናፅል ወዘተ፤
- ዝተፈላለዩ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝተቐድሐ ሲዲን ቴፕን፤

# 4.1 ብኢድ ዝትግበሩ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 12

## 4.1.1 ብኢድ ዝስርሑ ዝተፈላለዩ ፀወታታት

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ብኢድ ዝትግበሩ ካብ 2-3 ዝኾኑ ፀወታታት ይፃወቱ፤
- ረብሓ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ይገልፁ፤
- ኣብ ፀወታ ብንጥፈትን ንቕሓትን ይሳተፉ፤
- በቲ ፀወታ ሕጉሳት ይኾኑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ፀፀር፣ ባሊቃ፣ መንዲል፣ ቁርፅራፅ ኣጭርቕቲ፡፡
- ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ሲዲንን ቴፕን፤ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ብኢድ ዝስርሑ ፀወታታት መሪፆም ክፃወቱ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኢድ ብዙሕ ተግባራት ዝፍፅም ክፍሊ ኣካል እዩ። ንኣብነት ምግቢ እንምገበሉ፣ ማይ እንሰትየሉ፣ ገፅና፣ እግርና፣ ሰውነትና ንምሕፃብ የገልግለና፣ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ንፃወተሉ፣ ብኢድና ክዳን ንሓፅብ፣ ንኹዕት፣ ንዓፅድ ብሓፈሻ ተግባር ኢድ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ስለዚ ተምሃሮ እዚ ኩሉ ተረዲኦም ንኣእዳዎም ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ መምህር የረድእዎም።


### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ብኢድኩም እንታይ እንታይ ተግባራት ትፍፅሙ? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ብኢዶም ክሰርሑዎም ዝኽእሉ ተግባራት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ።
- ብምቕፃል ድማ ብኣእዳዎም ክፃወትዎም ዝኽእሉ ፀወታታት ክዝርዝሩ ምግባር። ንኣብነት ዲቦ /ዳባጮ/፣ ኣስታሊለ፣ ገበጣ፣ ብዪ፣ ኣህለል፣ ቅብብል ኩዕሶ ወዘተ ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ተምሃሮ ካብ ዝፀርሑዎም ወፃኢ መምህር ዝፈልጡዎም እንተሊኦም ድማ ምውሳኽ ይኽእሉ እዮም።

- ብድሕሪኡ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብመንፅር ዕድመን ኣካሎምን በብፅምዲ፣ በብሰለስተ ማለት እቲ ፀወታ ብዝጠልቦ በዝሒ ተምሃሮ ብምዕማድ ክፃወቱ ይግበሩ።
- ተምሃሮ በብዝተመደብዎ እንትፃወቱ መምህር እናተዘዋወሩ የተባብዕዎም። እዞም ፀወታታት ብመልክዕ ውድድር ክፃወትዎም ምግባር።
- ንቐፃላሊ ክፍለ ግዘ ነናይ ባዕሎም ዓቕሚ ዝምጥን ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ኩዕሶ ላስቲክ ወይ ድማ ተመሳሳሊ ነገር ኣዳልዮም ሒዞም ንኽመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ማለት ኣዳልዮም ምስ መፁ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ዘምፅእዎ ኩዕሶ ብውልቀ ንላዕሊ እናደርበዩ ክቖልብዎ ምግባር። ብምቕፃል ድማ በብፅምዲ ብምውዳድ ግንባር ንግንባር ደው ብምባል ኩዕሶ ብኢዶም ክቀባበሉ ምዝራብ። ብድሕሪኡ ድማ ከም ኣድላይነቱ በብሰለስተ፣ በብኣርባዕተ ከምኡ'ዉን ብጉጅለ ብምኳን ክፃወቱ ምግባር። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ኣድላዪ ሓገዝን ክትትልን እናገበሩ የተባብዕዎም።



ሀ. ብውልቀ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ



ለ. ብሓባር ብምኳን ኩዕሶ ምቅብባል

ስእሊ 4.1 ኩዕሶ ምቑላብን ምቅብባልን

- እዚ ፀወታ እዙይ እዉን ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ክፃወትዎ ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብሕቶን መልስን ተግባራት ኢድ ምዝርዛር ምኽኣሎም ምርግጋፅ፤
- ብኢድ ዝትግበሩ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ምዕዋት ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፤
- ብመዝሙር እናተሰነዩ ብኢዶም ዝተፈላለዩ ተግባራት ምስራሕ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፤

## 4.1.2 ብኣእዳው ብምጥቃዕን ኣፃብዕቲ ብምግጫውን ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምፍጣር

**ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3**

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ምስ ዝሰምዕዎ ውቕዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ግዘ ሓሊዮም የጣቕዑ፤
- ምስ ዝሰምዕዎ ሙዚቃ ኣዋዲዶም እናጣቕዑ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ይሰርሑ፤
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምንቅስቓስ ይገልፁ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ /ከበሮ፣ በትሪ ረምታ/ሪትምስቲክ/፣ ፀናፅል፣ ማራካሽ፣ ፍሽካ፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ብጣቕዒትን ብምግጫው ኣፃብዕትን ክንቀሳቐሱን ክለሃዩን ዕድል ምሃብ።
- እናጣቕዑን መዝሙር እናዘመሩን ክንቀሳቐሱ ምግባር።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ብጣቕዒት እናዓጀብካን መዝሙር እናዘመርካን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስራሕን ምልሃይን ተምሃሮ ምስ ዝሰምዕዎ ድምፅን ውቅዒት ሙዚቃን ኣዋዲዶም ናይ ምንቅስቓስ ክእለት ከማዕብሉ ይሕግዞም።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- እናጣቕዑን ኣፃብዕቶም እናጋጨዉን ምስቲ ድምፂ ብምውዳድ ክለሃዩን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክሰርሑን ዕድል ምሃብ።
- ሙዚቃ ከዳምፁ ብምግባር ምስቲ ዝሰምዕዎ ሙዚቃ ብምውዳድ እናጣቕዑን ብኣፃብዕቶም ድምፂ እናስምዑን ክለሃዩን፣ ክስዕስዑን ክንቀሳቐሱን ምትብባዕ።
- ኣፃብዕቲ ብምግጫው ወይ ብጣቕዒት ዝሰርሑ ስራሕቲ ዘመልክቱ መሪፀኦም ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡
- ብኣእዳዎም እናጣቕዑ ከምኡ'ዉን ብኣእጋሮም መሬት እናወቕዑ ምስቲ ዝፍጠር ድምፂ ብምውዳድ ትርጉም ዘለዎ ረምታዊ ምንቅስቓስ ክሰርሑ ምትብባዕ።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብኣእዳው ዝፅወቱ ፀወታታት ክዝርዝሩ ምሕታት፡፡
- ብኣእዳዎም እናጣቕዑ መዝሙር እናዘመሩን ምስቲ ጣቕዒትን መዝሙር ብምውዳድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምንቅስቓስ ዘመላኽት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.1.3 ኮላ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ምስ ምንቅስቓስ /ተግባር/ ክፍልታት ሰውነት ዝተተሓሓዙ ስራሕቲ ኮላ ይሰርሑ፤
- ኣሰራርሓ ኮላ ይገልፁ፤
- ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኮላ ይሰርሑ፤
- ንስራሕቲ ኮላ ዘገልግሉ ነገራት ናውቲ ይፈልዩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ኮላ /ቪናቪል/፣ ካተር፣ መቐስ፣ ኣረጊት መፅሄት፣ ጋዜጣ፣ ንመጠቀዒ ዘገልግል ረጕድ ወረቐት፣ ብሩሽ /መልከይ ኮላ/ ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ንመጣበቒ ዘገልግሉ ነገራት

  ንኣብነት፣ እንዳዲዕ፣ ቅንጭብ፣ ፀባ ቆልቋል፣ ወዘተ

### መነቓቕሒ፡-

- ብዛዕባ ስራሕቲ ኮላ ዝፈልጡዎ ክዛረቡ ምሕታት፣

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ስራሕቲ ኮላ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ወረቓቕቲ ብመቐስ ወይ ብመቑረፂ እናቖራረፅካ ኮላ ወይ ካሊእ መጣበቒ ነገር እናለኸየ ናብ ረጕድ ወረቐት ብምጥቃዕ ዝስራሕ ምስሊ እዩ። ኮላ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እኸሊ፣ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ደቀቕቲ ፀፀራት ወዘተ ብመጣበቒ ኣብ ረጕድ ወረቐት ብምጥቃዕ እውን ይስራሕ እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ብዛዕባ ስራሕቲ ኮላ ዝፈልጡዎ እንተልዩ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ። ብምቕፃል ብኮላ ዝተሰርሐ ነገር /ኣቕሓ/ ክሪኡ ብምግባር ብምንታይ ከም ዝተሰርሐ፣ እንታይ ዓይነት ሕብርታት ከምዘለውዎ /ሓደ ዓይነት ሕብሪ ድዩ ወይስ ዝተፈላለዩ ሕብርታት ኣለውዎ/፣ ቅርፂ እቲ ኣቕሓ እንታይ ዓይነት እዩ ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት መሰረት ገይሮም ክዛረቡ ምግባር።
- ብድሕሪኡ ኣብ ላዕሊ ሓበሬታ ኣብ ዝብል ተሓቢሩ ከም ዘሎ ስራሕቲ ኮላ እንታይ ከምዝኾነን ብኸመይ ከምዝስራሕን መምህር የረድእዎም።
- ንቐፃሊ ክፍለ ግዘ ስራሕቲ ኮላ ሰሪሖም ሒዞም ንኽመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ዝሰርሕዎ ኮላ እናሓዙ በብተራ እናወፁ ዝሰርሕዎ ነገር እንታይ ከምዝኾነን ብኸመይ ከምዝሰርሕዎን ንመማህርቶም ከብርሁ ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ ናይ ክፍሊ ተምሃሮ ድማ ዝተሰመዖም ክዛረቡን ሪኢቶ ክህቡን ምግባር። ዝሐሹ ዝብልዎም ስራሕቲ ኮላ ድማ ክመርፁ ዕድል ምሃብ።
- ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ዝሐሹ ዝበልዎም መሪፆም ኩሎም ተምሃሮ ክሪኡዎም ኣብ ዝኽእሉ ቦታ ብምቕማጥ ሪኢቶ ክህቡ ምግባር። እቶም ዕቡቕ ዝሰርሑ ቀልፁ ድማ ንፉዓት ኢልካ ብጣቕዒት ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ እውን ኣብ ቀፃሊ ኣመሓይሾም ንኽሰርሑ ምትብባዕ።

- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምውዳብ ብጉጅለ ስራሕቲ ኮላ ንኸሰርሑ ብመልክዕ ፕሮጀክት ብምሃብ ጉጅለታት ሰሪሖም ምስመፁ ድማ ብመራሕቲ ጉጅለ ኣቢሉ ክቐርብ ብምግባር ኣባላት ካልኦት ጉጅለ ርኢቶ ክህብሉ ምግባር። ኣብ መወዳእታ ድማ መምህር ዝሓሸ ዝብልዎም መሪፆም ኣብ ቅድሚት ብምቕማጥ ኩሎም ተምሃሮ ሪኢቶ ክህቡ ይግበሩ፡፡ መምህር እዉን ሪኢቶኦም የዕርፉ። ዕቡቕ ዝሰርሑ ጉጅለታት ድማ ብጣቕዒት ምትብባዕ።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ዝተፈላለዩ ነገራት/ማተሪያላት/ ተጠቒሞም ኮላ ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ተምሃሮ እንትሰርሑ እናዘርካ ምክትታል፣ ወዘተ፡፡

## 4.2 ኢድን እግርን ብምውዳድ ዝስርሑ ምንቅስቓሳት

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 35

### 4.2.1 ውቅዒት ምንጣር /Skipping/

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 7

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ብቐለልቲ መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ ተዓጂቦም ምስቲ ዝሰምዕዎ ውቕዒት ብምውዳድ ይነጥሩ /ይዘሉ/፤
- ኣብ ሞንጎ ውቅዒት ምንጣርን ውቅዒት ካልኦት ምንቅስቓሳትን ዘሎ ሓድነትን ፍልልይን ይፈልዩ፤
- ውቅዒት ምንጣር ዘርኢ ምስሊ ብንድፊ ብናይ ባዕሎም ነፃ ኣተሓሳስባ ይሰርሑ፤
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈትን ብንቕሓትን ይሳተፉ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ገመድ ወይ ተመሳሳሊ ነገር፣
- ቀለልቲ መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ፣
- ውቅዒት ምንጣር ዘርኢ ፖስተር ወይ ፎቶግራፍ፣
- ምስ ውቅዒት ምንጣር ዝኸይድ ሙዚቃ ዝተቐረፆ ሲዲን ቴፕን።

### መነቓቕሒ፡-

- ክንደይ ዓይነት ኣዛላልላ ገመድ ትፈልጡ? እስቲ ብተግባር ኣርእዩ? ዝብሉ ሕቶታት ብምቕራብ ተምሃሮ መልሲ ክህቡን ብተግባር ክርእዩን ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

ምንቅስቓስ ምንጣር ወይ ምዝላል/ Skipping/፣ ብምውዳድ /Coordination/ ኣካልን ኣእምሮን ከምኡ'ዉን ግዘ ምሕላው /Timing/ ንምምዕባል ይጠቅም። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ተምሃሮ ደጋጊሞም ክለማመዱ ክተባብዑ ይግባእ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ዓቕሞም ዝምጥኑ ነናይባዕሎም ገመድ ወይ ተመሳሳሊ ነገር ሒዞም ንኽመፁ ኣቐዲምካ ምዝራብ።
- ዓቕሞም ዝምጥን ገመድ ሒዞም ምስ መፁ ድማ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ብሓባር ሰውነቶም ከወዓዕዩ ማለት ኣካላቶም ከፍታሕትሑ ምግባር።
- ብምቕፃል ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ብዘለዎም ተሞኩሮ ከምድልየቶም ገመድ ክዘሉ ነፃ ምግባር። ተምሃሮ እንትሰርሑ መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቀልዑ የስተውዕሉ።
- ብድሕሪኡ ተምሃሮ ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቀልዑ በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተወ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር። ንፉዓት ብምባል ድማ ብጣቕዒት ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ’ዉን ንዕኦም እናረኣዩ ክሰርሑ ምትብባዕ። ብምቕፃል ድማ መምህር ባዕሎም/ባዕለን/ ብገለፃን ሰሪሕኻ ብምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ምግባር። ንኣብነት ምንቅስቓስ ምንጣር /Skipping/ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተሓቢሩ ዘሎ ምውዳድ ኣካልን ኣእምሮን ማለት ጭዋዳታት ኣእምሮን ንምምዕባል ናይ ግዘ ግንዛበ /Timing/ ንክህልወካ ከምዝሕግዝ፣ ከምኡ’ዉን ምንቅስቓስ ምንጣር ውሽጣውን ደጋውን ክፍሊ ኣካላት ዕለታዊ ተግባሮም በቲ ዝድለ ኣገባብ ንክሰርሑን ጥንካረን ብርተዐን ክህልዎምን ይገብር። ንኣብነት ጭዋዳታት እግርን ኢ.ድን የጠንክር፣ ልብን ሳምባን ዝድለ ጥንካረ ክህልዎም ይገብር።
- ብሓፈሻ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝፃወትዎም ምስ ምንጣር ዝተተሓሓዙ ፀወታታት ክፃወቱ ዕድል ምሃብን ምትብባዕን ኣገዳሲ እዩ።

## 4.2.2 ኩዕሶ እናደርበኻ ምቑላብ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

### ትዕቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቕዑን ይቕልቡ፤
- ምስ ምድርባይን ምቑላብን ዝተተሓሓዙ ፀወታታት ይፃወቱ፤
- ረብሓ ምድርባይን ምቑላብን ይገልፁ፤
- ምድርባይን ምቑላብን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽዖ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ኣናእሽተይ ኩዕሶ ጨርቂ / ኩዕሶ ላስቲክ/ ወይ ድማ ካሊእ ተመሳሳሊ ነገር፤
- ንንድፍን ልኽዖ ሕብርን ዘድልዩ ነገራት/እርሳስ፣ መደምሰስ ሕብሪ፣ ወዘተ፤

### መነቓቕሒ፡-

- ብዘለዎም ተሞኩሮ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻን እናጣቃዕኻን ምቑላብ ክሰርሑ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ ኣብ ምቅብባል ኩዕሶ ካብቶም መሰረታዊ ክእለታት ሓደ እዩ። ብፍላይ ድማ ንፀወታ ኩዕሶ መርበብ፣ ኩዕሶ ስኪዒትን ኩዕሶ ኢ.ድን ወሳናይ እዩ።
- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻን እናጣቓዕኻን ምቑላብ ምውዳድ ኢ.ድን ዓይንን ዝሓትት እዩ። እዚ ምንቅስቓስ ምውዳድ ኢ.ድን ዓይንን ከምኡ’ዉን ካልኦት ክፍሊ ኣካላት ከማዕብሉ ቅልጣፈን


ምትዕፅፃፍን ከመሓይሹ ይሕግዞም።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦


- ፊለማ ብዘለዎም ተሞኩሮ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቕዑን ክቖልቡ ዕድል ምሃብ።
- ብምቕፃል ረብሓ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ ክዛረቡ ምሕታት።
- ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም /ባዕለን/ ብገላፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ዝበለፀ ክግንዘበ ይግበሩ። ንኣብነት ስፍሓት ኣእጋር ማዕረ ማእገር ብምኽፋት ካብ ብርኪ ብመጠኑ ዕፅፍ ምባል። ካብ ኣፍ ልቢ ድማ ቅንዕ ምባል፣ ኩዕሶ ዝሓዙ ኣእዳው እውን ካብ ኩርናዕ ልዕል ምባል። እዙይ መሰረታዊ ደው /ጠጠው/ ኣባህላ ይበሃል። ብምቕፃል ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻን እናጣቓዕኻን ምቑላብ እዩ። ኩዕሶ ንላዕሊ ኣብ እንድርቢየሉ እዋን ዕፅፍ ኢሎም ዝነበሩ ኣብራኽን ኣእዳውን ድማ ይዝርግሑ።
- ብምቕፃል ተምሃሮ ብዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ብውልቀ ክለማመዱ ዕድል ይሃቡዎም። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሓሸ ክእለት /ተሞኩሮ/ ዘለዎም በብተራ ናብ ማእኸል ክኣትው ብምግባር ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቐዕን ንመማህርቶም ክርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ ድማ ንዕየም እናረኣዩ ክሰርሑ ምትብባዕ።
- ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመ በብኽልተ ብምፅማድ ነንባዕልቶም እናተኣራረሙ ብመልክዕ ውድድር ክሰርሑ ምግባር። መምህር እናተዘዋወሩ ኣድላይ ሓገዝን መአረምታን እናገበሩ የተባብዕዎም።
- ኩዕሶ መሬት ከየውድቑ ዓሰርተ ግዘ ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቐዕን ክቖልቡ ምዝራብ። እዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ክሰርሕዎ ይግባእ።
- እዚ ምንቅስቓስ እዙይ በብፅምዲ፣ በብሰለስተ ብምኳን ከምኡ'ዉን ካብ 5-8 ዝኾኑ ተምሃሮ ብሓደ ብምውዳብ ነንዓርሶም እናተኣራረሙ ክሰርሕዎ ምግባር።



*ስእሊ 4.2 ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ ዘኽእል መሰረታዊ ደው ኣባህላ*



ስእሊ4.3 ኩዕሶ ብውልቀ ብኽልተ ኢድ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ



ስእሊ4.4 ብጉጅለ ኩዕሶ ብኽልተ ኢድ ምቅብባል

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- መሰረታዊ ደው ኣባህላ ተጠቒምም ኩዕሶ ንላዕሊ ምድርባይን ምቑላብን ብተግባር ክርእዩ ምሕታት።
- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ ብተግባር ክርእዩ ምሕታት።
- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻ ምቑላብ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.2.3 ዝላ ገመድ

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-

- ረብሓ ዝላ ገመድ ይገልፁ፤
- ብውልቀ፣ ብፅምዲ ከምኡ'ዉን ብጉጅለ ገመድ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ይዘሉ፤

## ዘድልዩ ናውትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ዝተፈላለየ ንውሓት ዘለዎም ገመዳት፣
- ብዝተፈላለዩ ሜላታት ገመድ ምዝላል ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ገመድ ብዝተፈላለየ ኣገባብ /መንገዲ/ ምዝላል ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ ክሪኡ ብምግባር ከምዚ ይ ምዝላል ትኽእሉ ዶ? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ተምሃሮ ክነቓቕሑ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ውሽጣውን ደጋውን ክፍሊ ኣካላት ክንቀሳቐሱ ናይ ምግባር ተኽእሎ ኣለዎ። እዚ ይ ድማ ጭዋዳታት እግርን ኢድን ክጥንከሩ ልብን ሳምባን ድማ ብርቱዕ ክኾውን፣ ማለት ደምን ኦክስጅንን ኣብ ውሽጢ ሰውነትና ብኣግባቡ ክሰርሑን ይሕግዝ፡፡


## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ንዝስዕብ ግጥሚ ዜማ ብምውፃእ ክዝምሩ ምትብባዕ፣

**መዝሙር፦ ንዝለል ንዝልል**

ገመድ ንዝለል
ንንጠር ንንጠር
ኣካልና ክጥንክር
ናብ ትምህርቲ ክንወፍር
ፍልጠት ክንረክብ፡፡

- ብምቕፃል ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብዘለዎም ተሞኩሮ ገመድ ክዘሉ ነፃ ምግባር። ተምሃሮ ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ገመድ እንትዘሉ መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ።
- ብድሕሪኡ ተምሃሮ ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ንመማህርቶም ከርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ ድማ ንዓኣቶም እናረኣዩ ገመድ ክዘሉ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል ገመድ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ምዝላል ዘርኢ ፖስተር ወይ ድማ ፎቶግራፍ ክሪኡ ብምግባር ንዕኡ እናረኣዩ ክዘሉ ምግባር። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ክትትል ብምግብር ኣድላዪ ሓገዝን መኣረምታን ይሃቡ። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመ በብኽልተ ብምፅማድ ነንባዕልም እናተኣራረሙ ገመድ ክዘሉ ዕድል ምሃብ። ሓዚ'ዉን መምህር እናተዘዋወሩ ብምትብባዕ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ። ብኸምዚ ይ ዓይነት በብሰለስተ፣ በብኣርባዕተ ከምኡ'ዉን ብጉጅለ ብምኳን ገመድ ክዘሉ ምግባር። ንኣብነት ሓደ ወይ ሓንቲ ቆልዓ ገመድ እንትዘልል እቶም ዝተረፉ ብጣቕዒት ብመዝሙር ወይ ብደርፊ ይስንዩ /ይዕጅቡ/ እናቐያየሩ ድማ ገመድ ክዘሉ ምትብባዕ።
- ብዝተፈላለየ ኣገባብ ገመድ ክዘሉ ምትብባዕ። ንኣብነት ካብ ቅድሚትን ድሕሪት ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ከምኡ'ዉን ብቅርፂ ኤክስ ክዘሉ ምግባር።



ስእሊ 4.5 ብፅምዲ ገመድ ምዝላል

- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ክሰርሑ ዕዮ ገዛ ምሃብ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ በብተራ እናወፁ ንመማህርቶም ከርእዩ ምግባር። ተምሃሮ ድማ ሪኢቶ ክህቡን ዝሓሹ ዝብልዎም ክመርፁን ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ መምህር ዝሓሹ ዝብልዎም መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ሪኢቶ ክህቡ ምግባር። እቶም ፅቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ንፉዓት ኢልካ ብጣቕዒት ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ እዉን ንቐፃሊ ኣመሓይሾም ክሰርሑ ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ረብሓ ዝላ ገመድ ክገልፁ ምሕታት።
- ብውልቀን ብፅምድን ገመድ ብትኽክል ምዝላሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ብጣቕዒት፣ ብመዝሙር፣ ብሙዚቃ እናተሰነዩ /እናተዓጀቡ/ ምስቲ ዝሰምዑዎ መዝሙር፣ ሙዚቃ፣ ጣቕዒት ብምውዳድ ምዝላሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.2.4 ኣብ ዘለኻዮን ንጎንን ምዛር

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ

- ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ኣብ ዘለውዎ ይዞሩ፤
- ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ንጎኒ ይዞሩ፤
- ረብሓ ምዛር ይገልፁ፤
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ብታሕጓስን ብንቕሓትን ይሳተፉ፤
- ምዟር ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ምዟር ዘርኢዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-


- ምዟር እንታይ ማለት እዩ? እስቲ ብተግባር ኣርእዩ? ዝብሉ ሕቶታት ብምቕራብ ተምሃሮ ብዘለዎም ተሞኩሮ ክዞሩ ዕድል ምሃብ።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ሚዛን ሰውነት ምሕላው ንዝኾነ ይኹን ኣካላዊ ምንቅስቓስ መሰረታዊ ክእለት እዩ። ስለዚ ቆልዑ ካብ ህፃንነቶም ጀሚሮም ቀስ ብቐስ ዘማዕብልዎ ክእለት እዩ።
  ንኣብነት፦ ህፃናት ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 1 ዓመት ኣብ ዘሎ እዋን ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ብምፍሓኽ ይንቀሳቐሱ፣ ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ደው ንምባል ይፍትኑ። ይኹን ኣምበር ብሓደ ግዘ ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ደው ክብሉ ኣይኽእሉን። ስለዚ እናወደቑን እናተልዓሉን ቀስ ብቐስ ኣብ ከይዲ እዮም ሚዛኖም ሓሊዮም ደው ዝብሉ። ኣብዚ ርእሲ እዙይ ጠመተ ክግበረሉ ተደልዩ ዘሎ ቀንዲ ቁምነገር ኣብ ዘለኻዮ ከምኡ'ዉን ንጎኒ ምዛር እዩ። ስለዚ መምህር እዙይ ብምርዳእ ዓቕምን ክእለትን ተምሃሮ ኣብ ግምት ኣእትዮም ሓገዝን ክትትልን እናገበሩ ኣብ ዘለውዎ ከምኡ'ውን ንጎኒ ሚዛን ሰውነቶም ሓሊዮም ክዞሩ ይግበሩ።


## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ብሓባር ሰውነቶም ከወዓዕዩ /ኣካላቶም ከፍታሕትሑ/ ምግባር። ብምቕፃል ናይዚ ዕለት ትምህርቲ ምዛር ምዃኑ ብምሕባር ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ብዘለዎም ተሞኩሮ ኣብ ዘለውዎ ከምኡ'ዉን ንጎኒ ክዞሩ ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ በዝሒ ተምሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ብሰለስተ ወይ ድማ ብኣርባዕተ ጋድም መስርዕ ደው ክብሉ ብምግባር መምህር ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን የረድእዎም። ብተወሳኺ እውን ኣብ ዘለኻዮ ከምኡ'ውን ንጎኒ ምዟር ዘርኢ ስእሊ ወይ ፖስተር ክሪኡ ብምግባር ብዝበለፀ ክርድኦም ይግበሩ። ብምቕፃል ኣእዳዎም ንጎኒ ቀጥ ኣቢሎም ብምዝርጋሕ ሓደ ግዘ ንየማን ሓደ ግዘ ድማ ንፀጋም ኣብ ዘለውዎ ክዞሩ ምግባር። ኣብዚ እዋን መምህር ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ። እቶም ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ናብ ቅድሚት ወፂኦም ንመማህርቶም ክርእዩ ዕድል ምሃብ። እቶም ዝተረፉ ድማ ንዓኣቶም እናረአዩ ኣመሓይሾም ክሰርሑ ምትብባዕ። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ኣድላዪ ሓገዝን መአረምታን ይግበሩ።
- ብድሕሪኡ ብድምፂ ፍሽካ እናተመርሑ ክሰርሑ ምግባር። ንኣብነት መምህር ድምፂ ፍሽካ እንተስምዑ ተምሃሮ ኣእዳዎም ቀጥ ኣቢሎም የማነ ፀጋም ብምዝርጋሕ ንላዕሊ ብምንጣር ንኣንፈት ፀጋም ይዞሩ። መሊሶም መምህር ድምፂ ፍሽካ እንተስምዑ ንላዕሊ ጥር ብምባል ንኣንፈት የማን ይዞሩ። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ብጣቕዒት እውን ክሰርሕዎ ይኽእሉ እዮም።
- ምሉእ ዙር ማለት $360^0$/ዲግሪ/ ምዛር ክሳብ ዝኽእሉ ደጋጊሞም ክለማመድዎ ምትብባዕ። ንኣብነት ፈለማ ኣእዳዎም ቀጥ ኣቢሎም ንጎኒ ብምዝርጋሕ $90^0$/ዲግሪ/ ይዘሩ። ቀፂሎም $180^0$/ዲግሪ/ ይዘሩ። ኣብ መወዳእታ ሙሉእ ዙር $360^0$ /ዲግሪ/ ማለት እዩ። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ደጋጊሞም ብምስራሕ ክመልኩዎ ምግባር።



ስእሊ 4.6 ኣእዳው ናብ የማንን ፀጋምን ብምዝርጋሕ ምዟር

ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ምንቅስቓሳት ምስ መለኸ ድማ ብኢድን ብእግርን ንጎኒ ምዛር /ካርትዊል/ ክለማመዱ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እንትሰርሑ ጥንቃቐ ምግባር ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ መምህር ኣብ ቀረባ ብምኳን ክትትልን ሓገዝን ክገብሩ ይግባእ።



ስእሊ.4.7 ብኢድን ብእግርን ባይታ ብምትንካፍ ንጎኒ ምዛር /ካርትዊል/

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ናብ ጎኒ ምዟር ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፤
- ብኢድን እግርን ናብ ጎኒ ምዛር  ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፤
- ንጎኒ ምዛር  ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ፤

## 4.2.5 ብኽብዲ /ብኣፍልቢ/ ብምድቃስ ኣእዳውን ኣእጋርን ሓፍ ብምባል ሚዛን ምሕላው

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

## ትዕቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ  ርእሲ ትምህርቲ  ምስተምሃሩ

- ብኽብዲ ብምድቃስ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ሓፍ ብምባል ሚዛን ሰውነቶም ይሕልዉ፤
- ቅደም ስዓብ ኣሰራርሓ ይገልፁ፤
- ረብሕኡ ይገልፁ፤
- እቲ ምንቅስቓስ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ካብ ሓሰር፣ ሳዕሪ ፣ጡጥ፣ ወዘተ ዝተሰርሐ ፍርናሽ፣ ስፖንጅ ፍርናሽ፣
- ብኽብዲ /ኣፍልቢ/ ብምድቃስ ኣእዳውን ኣእጋርን ሓፍ ብምባል ሚዛን ሰውነት ምሕላው ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር ወይ ድማ ፎቶግራፍ፣ ወዘተ።

## መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ንኡሽተይ ቁራፅ ጣውላ ወይ ካልእ ንኡሽተይ ነገር  ኣብ ርእሶም ገይሮም  ኣእዳዎም ናብ የማንን ፀጋምን ቀጥ ኣቢሎም ዘርጊሖም ኣብ 10 ሜትር ርሕቐት 20 ግዘ ክመላለሱ ምግባር። ኣብ ርእሶም ዘሎ ንኡሽተይ ቁራፅ ጣውላ ወይ ካልእ ንኡሽተይ ነገር ከይወድቕ ጥንቃቐ ክገብሩ ከምዘለዎም ይሓብሩሎም። ዘውደቐ ቆልዓ ካብ ፀወታ ይወፅእ።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ሚዛን ምሕላው ሓደ ክፋል ጅምናስቲክ ኮይኑ ብዘይመሳርሕን ብመሳርሕን ዝስራሕ ምንቅስቓስ እዩ። ሚዛን ምሕላው ንዝኾነ ይኹን ዓይነት ምንቅስቓስ መሰረት እዩ። ንኣብነት ኣብ እዋን ኮፍ ምባል፣ ኣብ ምስጓም፣ ኣብ ሓውሲ ጉያ፣ ኣብ ጉያ፣ ኩዕሶ ኣብ ምቅብባል ኩዕሶ ብእግሪ ኣብ ምውቃዕ ወዘተ ምንቅስቓስ ሚዛን ምሕላው ካብ ቀሊል ናብ ከቢድ ቀስ ብቐስ ወይ ደረጃ ብደረጃ ክኸይድ ይግባእ። ኣብዚ ርእሲ እዙይ ተደልዩ ዘሎ ተምሃሮ ብኸብዶም ብምድቃስ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ሓፍ ብምባል ሚዛኖም ምሕላው እዩ። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ዓቕሚ ተምሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ኣድላዪ ሓገዝን ክትትልን እናገበሩ የምህርዎም።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ብቐዳምነት ነቲ ትምህርቲ ዘድልዩ ነገራት /ማቴርያላት/ ምድላው።
  ንኣብነት ካብ ሓሰር፣ ሳዕሪ፣ ጡጥ ወይ ተመሳሰልቲ ነገራት ዝተሰርሐ ፍርናሽ። ስፖንጅ ፍርናሽ ወይ ድማ ናይ ጅምናስቲክ ፍርናሽ እንተተረኺቡ ድማ ዝበለፀ እዩ።
- ብድሕሪኡ ቅድሚ ናብቲ ናይቲ ዕለት ትምህርቲ ምእታው ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ብኽልቲኡ እግሪ ዘሊልካ ብኽልቲኡ እግሪ ምዕራፍ ከምኡ'ዉን ብሓደ እግሪ ደው ብምባል ኣእዳው ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ምዝርጋሕ ዝብል ብመልክዕ ድግማ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ እኹል ግዘ ምሃብን ምትብባዕን።
- ብምቕፃል ናይቲ ዕለት ትምህርቲ ኣእዳውን ኣእጋርን ቀጥ ኣቢልካ ዘርጊሕካ ብኸብዲ ብምድቃስ ልዕሊ መዕጥቖ ዘሎ ኣካል ሓፍ ብምባል ሚዛን ምሕላው ምኳኑ ብምሕባር ተምሃሮ ብዘለዎም ተሞኩሮ ክሰርሑ ዕድል ምሃብ። ተምሃሮ እንትሰርሑ መምህር እናተዘዋወሩ ብምርኣይ ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ። ብድሕሪኡ እቶም ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ በብተራ እናወፁ ንመማህርቶም ክርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ እውን ንዓኣቶም እናረኣዩ ክሰርሑ ምትብባዕ።
- ብምቕፃል መምህር ባዕሎም/ለን ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ/ራ። ንኣብነት ኣእዳውን ኣእጋርን ቀጥ ኣቢልካ ብምዝርጋሕ ብኸብዲ ምድቃስ ብድሕሪኡ ቀጥ ኢሎም ዝተዘርግሑ ኣእዳውን ኣእጋርን ሓፍ ብምባል ልዕሊ መዕጥቖ ዘሎ ክፍሊ ኣካል ካብ መሬት ሓፍ ብምባል ሚዛን ሰውነትካ ምሕላው እዩ። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።



*ስእሊ 4.8 ኣእዳውን ኣእጋርን ቀጥ ኣቢልካ ብምዝርጋሕ ብኸብዲ ብምድቃስን ልዕሊ መዕጥቖ ዘሎ ኣካል ሓፍ ብምባል ሚዛን ምሕላው*

- ብድሕሪኡ ብዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን መሰረት ኣመሓይሾም ንኽሰርሑ ዕድል

ምሃብ። ተምሃሮ እንትሰርሑ መምህር ክትትል እናገበሩ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ። ደጋጊሞም ብምስራሕ ክመልኩዎ ድማ የተባብዕዎም። ዕቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ወፂኦም ንመማህርቶም ከርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ'ዉን ንዓኣቶም እናረኣዩ ኣመሓይሾም ክሰርሑ ምትብባዕ።

- እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ኣእዳዎም ንጎኒ ብምዝርጋሕ ከምኡ'ዉን ኣእዳዎም ኣብ ድሕሪት ክሳዶም ብምግባር ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ኣብ መንጎ ዕረፍቲ እናወሰዱ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ኣበይ ከባቢ ከም ዝስምዖም ድማ ምሕታት። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ጭዋዳታት ዓንዲ ሑቕ፣ ኣፍልቢ፣ ከብዲ ኢድን እግርን ንምጥንኻርን ክእለት ምስሕሓብ ንምምሕያሽን ከምዝጠቅም ይሓብርሎም።
- እቲ ምንቅስቓስ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ሰሪሖም ምስ መፁ ድማ በብተራ እናወፁ ንመማህርቶም ከርእዩ ብምግባር ሪኢቶ ክህብሉን ዝሐሹ ዝብልዎም ክመርፁን ዕድል ምሃብ። ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ዝሐሹ ዝብልዎም ምስልታት መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ኩሎም ተምሃሮ ብውነ ከስተውዕልዎም ሪኢቶ ክህቡሎምን ምግባር። እቶም ዕቡቕ ዝሰርሑ ቆልዑ ድማ ብጣቕዒት ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ'ዉን ከምኣቶም ዕቡቕ ንኽሰርሑ ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣእዳውን ኣእጋርን ቀጥ ኣቢልካ ዘርጊሕኻ ብኽብዲ ብምህራስ ኣፍልቢ ሓፍ ብምባል ሚዛን ምሕላው ብትኽክል ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ረብሓ  እዚ ምንቅስቓስ ክገልፁ ምሕታት።
- ሕጉሳት ኮይኖም ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- እዚ ምንቅስቓስ ዘርኢ ምስሊ ብንድፊን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.2.6 ኩዕሶ ምውቃዕን ደው ምባልን

ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ተምሃሮ እዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ  ምስተምሃሩ፡-

- ኩዕሶ ብኢድ ንላዕሊ እናወቕዑ መሊሶም ይቕልቡ፤
- ኩዕሶ ብእግሪ ብትኽክል ይወቕዑን ደው የብሉን፤
- ኣብ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ብንቕሓትን ንጥፈትን ይሳተፉ፤
- ኩዕሶ ምውቃዕን ደው ምባልን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥና ኩዕሶታት ማለት ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ኩዕሶ ላስቲክ፣
- ብገመድ ወይ ብረጕድ ፈትሊ ዝተኣሰረ ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ተመሳሳሊ ነገር፣
- ኩዕሶ ብትኽክል ምውቃዕን ደው ምባልን ዘርኢ ፖስተር ወይ ፎቶግራፍ፣

## መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ካብ 2-3 ደቓይቕ ብሓባር ሰውነቶም ክወዓዕዩ /ኣካላቶም ክፍታትሑ/ ምግባር። ብምቕፃል ዕድመን ፆታን ብምምጥጣን ኣብ ሽዱሽተ ጉጅለ /ጋንታ/ ምምቃል። ኣብ ሓደ ጉጅለ /ጋንታ/ ካብ 6-8 ቆልዑ ክህልዉ ይግባእ።

- ብድሕሪኡ ጉጅለታት በብክልተ ምፅማድ /ምምዳብ/ ንኣብነት ጉጅለ ሓደ ንጉጅለ ክልተ፣ ጉጅለ ሰለስተ ንጉጅለ ኣርባዕተ ከምኡ'ዉን ጉጅለ ሓሙሽተ ንጉጅለ ሽዱሽተን። ዝተፃመዱ ጉጅለታት /ጋንታታት/ ነናይባዕሎም ንእሽተይ መፃወቲ ሜዳን ጎልን ይሰርሑ። ንሕድ ሕድ ፅምዲ ጉጅለ ድማ ሓድሓደ ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ኩዕሶ ላስቲክ ምሃብ። መጀመርታ ኩዕሶ ምቅብባል መን ከም ዝጅምር ዕፃ ምውዳቕ። ንኣብነት ጉጅለ ሓደን ክልተን እንተወሲድና ጉጅለ ክልተ ፀወታ ክጅምር ዕፃ እንተበፂሑዎ ኣባላት ጉጅለ ክልተ ኩዕሶ ብኢድ እናተቐባበሉ ናብ ጎል ክልል ጉጅለ ሓደ ብምቕራብ /ብምፅጋዕ/ ኩዕሶ ደርቢዮም ጎል ንምእታው ይፅዕሩ። ኣባላት ጉጅለ ሓደ ድማ ጎል ከይኣትዎም እናተኸላኸሉ ካብ መጋጥምቶም /ካብ ጉጅለ ክልተ/ ንምምንጣል /ንምሕዳግ/ ይፅዕሩ። እንተመንጢሎም ድማ ንሳቶም'ዉን ብጊደኦም ኩዕሶ ብኢድ እናተቐባበሉ ናብ ጎል ክልል ጉጅለ ክልተ ብምፅጋዕ ኩዕሶ ደርቢዮም ጎል ከእትው ይፅዕሩ። እቶም ዝተረፉ ጉጅለታት ማለት ጉጅለ ሰለስተን ኣርባዕተን፣ ጉጅለ ሓሙሽተን ሽዱሽተን እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይፃወቱ። ብኽምዙይ ዓይነት ንሓሙሽተ ደቓይቕ ዝኣክል ክፃወቱ ዕድል ምሃብ። ብዙሕ ጎል ዘእተወ /ዘቑፀረ/ ጉጅለ /ጋንታ/ ድማ ስዓራይ /ተዓዋታይ/ ይኸውን ማለት እዩ።
- ኣብ ቀፃሊ ክፍለ ግዘ ድማ ኩዕሶ ብእግሪ እናተቐባበሉ ናብ ጎል ክልል ተጋጣሚ ጉጅለ ብምኻድ ኩዕሶ ብእግሪ ብምውቃዕ ጎል ምእታው ክፃወቱ ምግባር። ሐዚ'ዉን ብዙሕ ጎል ዘእተወ ጋንታ ስዓሪ ይኸውን። እዚ ፀወታ እዙይ ብመልክዕ ውድድር ስለዝፃወትዎ ተምሃሮ ብንቕሓትን ንጥፈትን እዮም ዝሳተፉ።


## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ኣብ ፀወታ ኩዕሶ ምውቃዕ ማለት ኩዕሶ ናብቲ ዝድለ ኣንፈት ብዝድለ ቅልጣፈ ኣብ ዝተፈላለየ ርሕቐት ብትኽክል ክትበፅሕ ምግባር እዩ። ኩዕሶ ምቁፅፃርን ደው ምባልን ማለት ድማ ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈትን ርሕቐትን ብዝተፈላለየ ቅልጣፈ ብመሬት ይኹን ብኣየር እንትመፅእ ኩዕሶ ምቁፅፃርን ደው ምባልን እዩ።
- ኩዕሶ ምውቃዕን ምቁፅፃርን ብዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት ንኣብነት ብዝባን እግሪ፣ ብጎኒ እግሪ፣ ብውሽጢ እግሪ፣ ብሸለፍ  ማለት ብምሕኹልቲ፣ ብኣፍልቢ ፣ ብርእሲ፣ ብኢድ ወዘተ ክትግበር ይኽእል እዩ። ኣብ ምውቃዕን ምቁፅፃርን ኩዕሶ ሚዛን ሰውነት ምሕላው መሰረታዊ ጉዳይ እዩ። ኩዕሶ ምውቃዕን ምቁፅፃርን ኣብ ፀወታ ኩዕሶ እግሪ፣ ኩዕሶ መርበብ ፣ ኩዕሶ ኢድ ኩዕሶ ስኪዒት ወዘተ መሰረታዊ ቴክኒካት እዮም።
- ስለዚ ህፃናት ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመኦምን ደረጃ ክፍሎምን ካብ ብሕዚኡ ጀሚሩ እዞም መሰረታዊ ክእለታት እዚኣቶም ክለማመዱዎም ይግባእ። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ዓቕምን ክእለትን ተምሃሮኦም ኣብ ግምት ብምእታው ኣድላዪ ሓገዝን ክትትልን እናገበሩን እናተባብዑን የለማምድዎም።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ንሰለስተ ደቓይቕ ዝኣክል ብሓባር ሰውነቶም ከወዓዕዩ ምግባር። ብምቕፃል ብውልቀ ኩዕሶ ብኢዶም ንላዕሊ እናወኽዑ መሊሶም ክቕልቡ ዕድል ምሃብ። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ። ንሓሙሽተ ደቓይቕ ዝኣክል ምስተለማመዱ ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ /ክእለት/ ዘለዎም ቆልዑ በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ንመማህርቶም ከርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ ድማ ንዓኣቶም ብምርኣይ ክሰርሑ ምትብባዕ።

- ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ። ኩዕሶ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ንምውቃዕ ናይ ባዕሉ መሰረታዊ ደው ኣባህላ ኣለዎ። ንኣብነት ሓዲኡ እግሪ ንቕድሚት ምቕዳም ወይ ድማ ክልቲኡ እግሪ ብማእገር ስፍሓት ልክዕ ንጎኒ ምኽፋት፣ ብርኪ ድማ ብመጠኑ ዕፅፍ ምባል። ኩዕሶ ብፀጋማይ ኢድ ብምሓዝ ናብ ኣየር ንላዕሊ ደርብይ ኣቢልካ የማናይ ኢድ ካብ ድሕሪት ናብ ቕድሚት ብምንቅስቓስ ኣብ ኣየር ዘላ ኩዕሶ ንላዕሊ ምውቃዕ እዩ። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።
- ብምቕፃል ተምሃሮ በብኽልተ ብምፅማድ ብመሰረት ዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ነንባዕልቶም እናተኣራረሙ ክለማመዱ ዕድል ይሃቡዎም። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ዝረኣዩ ጉድለታት  እናኣርሙ የተባብዕዎም።



*ስእሊ 4.9 ኩዕሶ ብኢድ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ምውቃዕን ምቐላብን*

- በብፅምዲ ግንባር ንግንባር ብምኧን ኩዕሶ ብኢድ እናወቕዑ ክለማመዱ ምግባር። ርሕቐት እናወሰኹ ደጋጊሞም ክለማመዱ ምትብባዕ። ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ኩዕሶ ብኢዶም እናወቕዑ ንመማህርቶም ከቐብሉ ምግባር። ንኣብነት ሓደ ቆልዓ ኩዕሶ ሒዙ ናብ ማእኸል ብምእታው ኩዕሶ ብኢድ ብምውቃዕ ፊት ንፊቱ ንዘሎ/ላ/ ተፃዋቲት የቐብል፣ ተቐባላይ ድማ ነታ ኩዕሶ ብኽልተ ኢዱ ብምቐላብ ብሓደ ኢዱ ወቒዑ መሊሱ የቐብሎም። ብኽምዙይ ዓይነት በብተራ ንኹሎም ይበፅሖም። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ።
- ብድሕሪኡ በብፅምዲ ጎኒ ንጎኒ ብምኧን ኩዕሶ ብኢድ እናተቐባበሉ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐሱ ምግባር። ኩዕሶ ብኢድ ንላዕሊ እናወቃዕኻ ምቐላብ ከምኡ'ዉን ኩዕሶ ብኢድ ምቕብባል ብዝግባእ ምስ መለኹ ኩዕሶ ብእግሪ እናወቓዕኻ ምቕብባል ክለማመዱ ምግባር።
- ፈለማ ተምሃሮ በብፅምዲ ብምኧን ኩዕሶ ብእግሪ እናወቕዑ ክቀባበሉ ዕድል ምሃብ። መምህር እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ የስተውዕሉ። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ከቢቦም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑ በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ምውቃዕን ደው ምባልን ንመማህርቶም ክርእዩ ምግባር። ብምቕፃል ኩሎም በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ በቲ ዝረኣይዎ መሰረት ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ እናወቕዑ ከቕብሉ፣ ተወቒዓ ዝመፀቶም ኩዕሶ ድማ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ደው  ክብሉ ምትብባዕ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ።
- ብምቕፃል ተምሃሮ ብመንዕር ዕድመ በብኽልተ ብምፅማድ ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ምውቃዕን ደው /ጠጠው/ ምባልን ክለማመዱ ዕድል ምሃብ። ተምሃሮ እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ ዝረኣዩ ጉድለታት ብምእራም የተባብዕዎም። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።



*ስእሊ 4.10 ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ምውቃዕን ደው ምባልን*

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ብውልቀ ኩዕሶ ብኢድ ንላዕሊ እናወቕዑ መሊሶም ብትኽክል ምቐላብ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- በብፅምዲ ብምዃን ብኢድ ብትኽክል ምቅብባሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- በብፅምዲ ብምዃን ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ብትኽክል ምውቃዕ ከምኡ'ዉን ተወቒዓ ዝመፀት ኩዕሶ ብውሽጢ ጎኒ እግሪ ብትኽክል ደው ምባል ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ምስታፎም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 4.3 ረምታዊ /ሪትምካል/ ምንቅስቓሳት

**ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 7**

## 4.3.1 ብውቕዒት ሙዚቃ ነፃ ምንቅስቓሳት

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

**ተምሃሮ ነዚ ንኡስ ርእሲ ትምህርቲ ምስተምሃሩ፡-**

- ኣፈላላይን ሓድነትን ውቅዒትን /ህርመት/ ረምታን /ሪትም/ ይፈልዩን ይገልፁን፣
- ብመሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ እናተሰነዩ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ይሰርሑ፣
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ይሳተፉ፣
- ምስሊ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፣

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-**

- ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- ነፃ ምንቅስቓሳት ንምስራሕ ዝምችው ሙዚቃ ዝተቐረፆ ሲዲ፣ ፍለሽ፣ ቴፕ፣ ወዘተ፡፡

**መነቓቕሒ፡-**

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ሙዚቃ ከፌትካ ምስቲ ዝሰምዕዎ ዘለዉ ሙዚቃ ብምውዳድ ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ረምታ ተቐያያሪ እንትኾን ውቅዒት ድማ ቀዋሚ ፃኒሒት ግዘ የመላኽት።
- ረምታን ውቅዒትን ሓድነትን ፍልልይን ኣለዎም። ይኹን እምበር ኣብ ሙዚቃ ክልቲኦም ዝተኣሳሰሩን ዘይተነፃፀሉን እዮም።
- ሃገርና ኢትዮጵያ ናይ ዝተፈላለዩ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገር እያ። እዞም ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እዚኣቶም ድማ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ሙዚቃታትን ረምታን ዘለዎም እዮም። ስለዚ መምህር እዙይ ብምግንዛብ ከከም ውቕዒት ባህላዊ ሙዚቃታትን ብሄር ብሄረሰብ የምህርዎም።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ ኣብ ክፍሊ ዝተፈላለዩ ውቅዒታት ክለማመዱ ምግባር። ብምቕፃል ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት/ከበሮ፣ ማራካሽ፣ ፀናፅል፣ በትሪ ረምታ የርእዩዎም።

- ብድሕሪኡ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብመሳርሕታት ውቅዒት እናተዓጀቡ ኣብ ዘለኻዮ ምስጓም፣ ኣብ ዘለኻዮ ሓውሲ ጉያ፣ ጉያ፣ ንላዕሊ ምዝላል ከም ፈረስ ምግላብ ወዘተ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ፣ መምህር ድማ ክትትል እናገበሩ የተባብዕዎም።
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምውዳብ ብውቅዒት ስጉሚ ክንቀሳቐሱ ምግባር። ብምቕፃል ድማ ብውቅዒት ጉያ ክንቀሳቐሱ ምዝራብ።
- ብዘይ ገመድ ምዝላል ገመድ ከርእዩ ምትብባዕ።
- ብውቅዒት ሙዚቃ እናተዓጀቡ ገመድ ክዘሉ ምግባር።
- ብኸበሮ /ታምቡር/ እናተዓጀቡ ኣብ ዘለውዎ ክስጉሙ፣ ብሓውሲ ጉያ ክንቀሳቐሱ፣ እናሰጎሙ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐሱ ምትብባዕ።
- ቴፕ ብምኽፋት ምስቲ ዝሰምዕዎ ሙዚቃ ብምውዳድ ክለሃዩ፣ ክስዕስዑ፣ ክድንሱ ብሓፈሻ ምስቲ ዝሰምዕዎ ሙዚቃ ብምውዳድ ነፃ ምንቅስቓሳት ክሰርሑ ምትብባዕ።
- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ወይ ሽዱሽተ ጉጅለ ብምውዳብ በብጉጅለኦም ባህላዊ ፀወታታት ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክፃወቱ ምትብባዕ። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ የተባብዕዎም። እቲ ፀወታ ብመልክዕ ውድድር ክፃወትዎ ብምግባር ዕቡቕ ዝተፃወቱ ጉጅለታት ብጣቕዒት ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ ምስሊ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር። ንኣብነት ከበሮ፣ ፀናፅል፣ ማራካሽ ወዘተ…

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ምንቅስቓሳት ውቅዒት ብትኽክል ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ባህላዊ ፀወታታት ዝተፈላለዩ ብሄር ብሄረሰባት ብዓቕሞም ምፅዋቶም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምስሊ መሳርሕታት ውቅዒት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

ሓደ ሙሉእ ሰውነት ወይ ድማ ሙሉእ ኣካል ሰብ ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ሰውነት ዝተሃነፀ እዩ። ሕድ ሕድ ክፍሊ ኣካል ድማ ናይ ባዕሉ ተግባር ኣለዎ። ይኹን ኣምበር እቲ ሙሉእ ኣካል ብህይወት ንኽነብር ናይ ኩሎም ጥምረት ወሳናይ እዩ። ንኣብነት ኢድን እግርን ወድሰብ መሰረታዊ ድልየታቱ

ንሽማልእ ዘለዎም ግደ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ኮይኑ ግና ብኻልኦት ክፍልታት ሰውነት እንተዘይተሓጊዞም ተግባር ኢ.ድን እግርን ዕዉት ኣይኸውንን። ኣብ ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን ተግባር ኢ.ድን እግርን ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ። ንኣብነት ኢ.ድ ንምፅሓፍ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ንምስራሕ፣ ንስራሕቲ ኮላዥ፣ ንስራሕቲ ሞዛይክ ወዘተ። እግሪ ድማ ኩዕሶ ንምውቃዕ፣ ኩዕሶ ደው ንምባል ብሓፈሻ መሰረታዊ ክእለታት ፀወታ ኩዕሶ እግሪ ንምምዕባል ወዘተ።

ብሓፈሻ እንትረአ ሕድ ሕድ ክፍሊ ኣካል ናይ ባዕሉ ተግባር እኳ እንተሃለዎ ናይ ኩሎም ክፍሊ ኣካላት ዝተዋደደ ስራሕ ወሳናይ እዩ። ንኣብነት ኩዕሶ ብኢ.ድ ምድርባይን ምቑላብን መሰረታዊ ክእለት ዝተፈላለዩ ፀወታታት ኩዕሶ ንምምዕባል ኣገዳሲ እዩ። ኮይኑ ግና ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን ምውዳድ ኢ.ድ፣ እግሪ፣ ዓይኒ ወሳናይ እዩ።

ምዝላል ገመድ  ሙሉእ ሰውነት ስለ ዘንቀሳቕስ ጥንካረን ብርተዐን ጭዋዳታት ልቢ፣ ሳምባ ብምምሕያሽ ዑደት ደም በቲ ዝድለ መጠንን ቅልጣፈን ናብ መላእ ሰውነት ክባፃሕ ይሕግዝ።

ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን ብኣብዝሓ ኣብ ተግባራዊ ንጥፈታት ዘድሃበ ስለዝኾነ ተምሃሮ ሕጉሳት ኮይኖም ብንቕሓትን ንጥፈትን እዮም ዝሳተፉ። ይኹን እምበር ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን ዝበለፀ ሰሓባይ ንምግባር ቅድመ ምድላው ምግባር ወሳናይ እዩ። ዘድልዩ መሳርሕታትን ማተሪያላትን ኣቐዲምካ ምድላው፣ ንኣብነት ንስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን፣ ንስራሕቲ ኮላ፣ ንስራሕቲ ሞዛይክ ወዘተ ዘድልዩ ማተሪያላት፣ ንረምታዊ ምንቅስቓሳት ዘድልዩ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ፣ ዝተፈላለዩ መዝሙራትን ባህላዊ ደርፍታትን ዝተቐድሑ ካሴትን ቴፕ ሪኮርድን፣ ተምሃሮ ዝፃወትሉ ሜዳ ምችው ምግባር ወዘተ።

## መጠቓለሊ ሕቶታት፡-

### ሀ. ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ትኽክል ንዝኾነ ሓቂ ትኽክል ንዘይኮነ“ጌጋ”  እናበልኩም መልሱ።

______1. ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለዎም ማለት ማንዛ ዝኾኑ ጓልን ወድን ክፍልታት ሰውነቶም ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ፀወታታት ምፅዋት ይኽእሉ እዮም።

______2. ተግባር ክፍልታት ሰውነት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ይበልፅ።

### ለ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።

1. ተግባር ኢ.ድን እግርን ዘርዝሩ?
2. ምስ ኢ.ድን እግርን ዝተኣሳሰሩ ፀወታታት ዘርዝሩ?

ሐ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብተግባር ስርሑ

1. ብመዝሙርን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ብምዕጃብ ፀወታታት ኣቕርቡ።
2. ካብ ክፍልታት ሰውነትኩም ዝመረፅኩምዎ ብንድፊ ሰሪሕኹም ኣርእዩ፡፡

## መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት

ሀ. ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ትኽክል ንዝኾነ ልክዕ ሓሶት ንዝኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ።

1. ሓቂ 2. ጌጋ

ለ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልሱ።

1. ኢድ ንምፅሓፍ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ንምስራሕ ፣ንስራሕቲ ኮላ፣ ንስራሕቲ ሞዛይክ፡ ወዘተ። እግሪ ድማ ኩዕሶ ንምውቃዕ፣ ኩዕሶ ደው ንምባል ብሓፈሻ መሰረታዊ ክእለታት ፀወታ ኩዕሶ እግሪ ንምምዕባል ወዘተ።
2. ምስ ኢድ ዝተኣሳሰሩ ፀወታታት ምጥቓዕ ፣ ከበሮን ጊታርን ምውቃዕ፣ ምድርባይ ምቑላብ፣ ወዘተ፡፡
   - ምስ እግሪ ዝተኣሳሰሩ ፀወታታት ኩዕሶ ምውቃዕ ጠጠው ምባል ምዝላል፣ ወዘተ፡፡

ሐ. ዝስዕቡ ሕቶታት ብተግባር ስርሑ

1. ዘቐረብዎ ፀወታ ብምዕዛብ።
2. ዝሰርሕዎ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብምዕዛብ፡፡

# ውኩሳት ድርሳናት፦


- Charles D. Gaitskell 1975, Harcourt. **Childeren and their Art**. *Methods for the elementary school*. 3rd edition.
- Dauer, Victor P. and Pangrazi, Robert P (1989). **Dynamic Physical Education for Elementary Schhool Children**. New York. Macmillan
- Mayesky, Mary ary L.  (2002). **Creative Activities for Young Children**. New York: Delmar
- Runkle, Aleta and Erikson, M LBoston: Allyn and Bacon. (1966). **Music for Today's Boys and Girls**.
- **ኣዶናይ ገብሩ ረዳኢ.** (2006 **ዓ.ም**) "**ፓሌት**" ***መሰረታዊ ፍልጠት ክልሰ-ሓሳብን ተግባራዊ ንጥፈታትን ስነ-ጥበብ። መቐለ-ትግራይ።***
- **ኣዶናይ ገብሩ ረዳኢ.** (2010 **ዓ.ም**) "ስነ-ጥበብ" ***መሰረታዊ ፍልጠት ክልሰ-ሓሳብን ተግባራዊ ንጥፈታትን ስነ-ጥበብ። መቐለ-ትግራይ።***
- **ሰይፈ ገ/ሂወት ገ/ኪዳን** (2006 **ዓ.ም**) "***ሓጋዚ መፅሓፍ ኤስቴቲክስን ሙዚቃን***" **ካብ 1ይ-8ይ ክፍሊ፡፡**
- **ቢሮ ትምህርቲ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ** (1988 **ዓ.ም**) ***መፅሓፍ ኤስቴቲክስን ኣካል ጥንካረን መምርሒ ንመምህር ሳልሳይ ክፍሊ፣ ኣዲስ ኣበባ-ኢትዩጵያ።***
- ***መኮንን አምዴ*** (1991 **ዓ.ም**) **የስእል ኣቀባብ ዘዴ፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ቤት ሕትመት ዳሸን።**